# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር

## 5ይ ክፍሊ

ISBN 978-99944-2-123-7

ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ


ዋጋ የኢትዮ 34.30

ትምህርቲ ሕብረተሰብ መምርሒ ንመምህር 5ይ ክፍሊ

MOE



ትምህርቲ ሕብረተሰብ




ሚኒስቴር ትምህርቲ
ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ



# ትምህርቲ ሕብረተሰብ

## መምርሒ ንመምህር

## 5ይ ክፍሊ


ጠዳለውቲ

ሞሳ ተድላ ብሩ (M.Sc - ኤም.ኤስ ሲ.)

ፀሃዩ ፍቓዱ ኣስረስ (B.A - ቢ.ኤ.)

ገምጋምቲ

ሮማን ግደይ

ኣለም ሰዕብሓ

ጣዕመ ገብሩ



ሚኒስቴር ትምህርቲ

ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

እዚ መፅሓፍ ንፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ተባሂሉ ብምትሕብባር ፊንድ መንግስታት ፊንላንድ፣ ጣልያን፣ ኔዘርላንድን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ልቓሕ ባንኪ ዓለም ቑፅሪ (IDA Credit No) 4535 — ET ብዝተረኸበ ዝተዋደደ ሓገዝ ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም ተሓቲሙ።

© ብሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣብ 2003 ዓ.ም (2011 ዓ.ም.ፈ) ተሓቲሙ። መሰል ሕትመት ብሕጊ ዝተሓለወ'ዩ። ካብ ሚኒስቴር ትምህርቲ ኣቐዲሙ ብፅሑፍ ዝተውሃበ ፍቓድ እንተዘይሃልዩ ወይድማ ብመሰረት ነጋሪት ጋዜጣ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዋጅ ቑፅሪ 410/2004 መሰረት ዝተውሃበ ሕጋዊ ኣፍልጦ (Copyright and Neighbouring Rights Protection) እንተዘይሃልዩ ካብዚ መፅሓፍ ዝተወሰነ ክፋል ይኹን ወይድማ ብምሉእ ክባዛሕ፣ ክውሰድ፣ ብዝኾነ ዓይነት ክመሓባሰፍ፣ ወይድማ ብኤሌክትሮኒክ መልክዕ ክቅዳሕ፣ ናብ ካሊእ ግልጋሎት ክውዕል ወዘተ ኣይከኣልን።

ኣብ ምድሳውን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ ተምሃሮይ ከምኡ'ውን ነዚ ስዒቡ ተዳልዩን ተሓቲሙን ዘሎ መምርሒ ንመምህር ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣበርክቶ ንዝገበርኩም ውልቀሰባት፣ ጉጅለን ዝተፈላለዩ ትካላትን ብምልእኹም ሚኒስቴር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ዝለዓለ ምስጋና የቕርብ።

ኣእምሮኣዊ ሃፍትን ንብረትን ብሰናይ ፍቓድ ሰብ ዋና ዝተውሃበ'ዩ። ዝኾነ ይኹን በዓልዋና ኣእምሯዊ ሃፍትን ንብረትን'ዚ መፅሓፍ'የ ዝብል ሰብ ብግቡእ እንተዘይተሓቢሩን እንተዘይተጠቒሱን ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፍሉይ መፀውዒ ኣራት ኪሎ ኣብ ዝበሃል ቦታ ንዝርከብ ዋና ቤት ፅሕፈት ሚኒስቴር ትምህርቲ (ቑ.ሳ.መ 1367) ክገልፅ ከምዝግባእ ብኽብሪ ንገልፅ።

**ምድሳው፣ ምስንዳእን ሕትመትን እዚ መፅሓፍ**

ስታር ሓ.ዝ. መከፋፈልቲ መፃሕፍቲ ትምህርቲ

24/4800፣ ጎደና ብሃራት ራም፣ ዳርያጋንጅ

ኒው ደልሂ - 110002፣ ህንዲ

ከምኡ'ውን

ኣስቴር ነጋ ትካል መሐተሚ መፃሕፍቲ

ቑ.ሳ.መ 21073

ኣዲስ ኣበባ፣ ኢትዮጵያ

ምስ ፕሮጀክት ምምሕያሽ ፅርየት ሓፈሻዊ ትምህርቲ (GEQIP) ዝተኣሰረ ውዕሊቑፅሪ

ET—MoE/GEQIP/IDA/ICB/G01/09

ISBN 978-99944-2-123-7

# ትሕዝቶ


**ሓፈሻዊ መእተዊ ........................................................................1**

**ምዕራፍ ሓደ**

**ህዝብታት፲ጠርክቦን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካ .......... 6**

1. መእተዊ ........................................................................6
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ .......................................................6
3. ብኞዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም .................................................7
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዜ ........................................................7
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ ..........................................................7
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ .........................................8
7. ፍልፍል ሓበሬታ ..................................................................8
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር............10
9. ኣግባብ ኣመሃህራ..................................................................12
10. ፍሉይ  መረዳእታ ንመምህር .....................................................23
11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን .........................................................24
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት ...................................................26

## ምዕራፍ ክልተ


### ምድርን ከባቢኣን ........................................ 31

1. መእተዊ .................................................................... 31
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ........................................ 31
3. ብኞዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም ................................ 31
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ .............................................. 32
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ ............................................... 32
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምሀሪ መስተምህሪ .............................. 32
7. ፍልፍል ሓበሬታ ........................................................... 33
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር............. 34
9. ኣገባብ ኣመሃህራ ........................................................... 35
10. ፍሉይ  መረዳእታ ንመምህር .............................................. 38
11. ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን ................................................. 42
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት ..................................... 44

# ምዕራፍ ሰለስተ

**ኣባቢና ......................................................... 46**

1. መእተዊ ........................................................................................46
2. ውፅኢታት እዚ ምዕራፍ ....................................................................46
3. ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ.....................................................................46
4. ቀንዲ ትሕዝቶታት እዚ ምዕራፍን በዝሒ ክፍለ ግዝያትን.....................47
5. መምሃሪ ሓገዛት ..............................................................................47
6. ፍልፍል ሓበሬታ...............................................................................47
7. ሰደቓ ርክባት መምርሒ መምህር፣ን መፅሓፍ ተምሃራይን....................48
8. ኣገባብ ኣመሃህራ .............................................................................49
10. ኣገባብ ገምጋም /ፈተሻ ....................................................................53
11. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መጠቓለሊ ሕቶታት

    ዝተውሃቡ መልስታት .....................................................................54

# ምዕራፍ ኣርባዕተ


**ውራይ ህዝቢ ............................................ 57**

1. መእተዊ ........................................ 57
2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ ........................................ 58
3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም ........................................ 59
4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ ........................................ 59
5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ ........................................ 59
6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ........................................ 60
7. ፍልፍል ሓበሬታ ........................................ 61
8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር ........................................ 62
9. ኣግባብ ኣመሃህራ ........................................ 63
10. ፍሉይ  መረዳእታ ንመምህር ........................................ 72
11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን ........................................ 83
12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት ........................................ 85

***ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ............................................ 87***

# ሓፈሻዊ መእተዊ

ኣብዚ ሕዚ እዋን መንግስቲ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ሃርናን ዓብዪ ቆላሕታ ካብዝሃብዎም መሰረታዊ ነገራት ውሽጢ እቲ ሓደ ብዛዕባ ዘተኣማምን ፅርየት ትምህርቲ ምርግጋፅ'ዩ። ብደረጃ ሃገር ብዙሓት መፅናዕትታትን ዳህሳሳትን ተኻይዶም ንመንግስቲ ቐሪቦም ገፋሕቲ ምይይጥ ተኻይዱሎም'ዩ። ንኣብነት ፀብፃብ ሃገራዊ ዳህሳስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር፣ ፀብፃብ ሓባራዊ ቴክኒካዊ ልኡኽ ሚኒስቴር ትምህርቲ፣ ፀብፃብ ዳህሳስ ድልየት ትምህርቲ ወዘተ ዝመሳሰሉ መፅናዕቲ ብደረጃ ሃገር ተኻይዶም'ዮም። ውፅኢት'ዞም መፅናዕቲ ዝሓበሮ መሰረታዊ ቑምነገር ነቲ ሕዚ ኣብ ስራሕ ዝርከብ ስርዓተ ትምህርቲ ዳግም ክፍተሽን ክመዓራረይን ከምዝግባእ'ዩ። እዚ ዳህሳስን ውፅኢቱን ድማ ንትምሕርቲ ሕብረተሰብ እውን ዝምልከት'ዩ። ስለዚ እቲ ኣብ ስራሕ ውዕሊ ዝነበረ ስርዓተ ትምህርቲ ክመሓየሽን ብሓዱሽ ስርዓተ ትምህርቲ ክትካእን ብዝተወሰነ መሰረት እዚ መፅሓፍ ተምሃራይን መምርሒ ንመምህርን ተዳልዩ ናብ ስራሕ ክውዕል ተገይሩ'ሎ።

ዕላማን ሽቶን ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣድላይ ፍልጠትን ክእለትን ንኹሎም ተምሃሮ ምሃብን ንማሕበረሰብን ሃገርን ዝጠቅም ውሳነ ክህቡ ምኽኣልን ፅቡቕ ስነ ምግባር ክህልዎም ምግባርን እዩ። ስለዚ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ልምድታትን ሞያታትን ዝዳህሰሰ ብምኻኑ ተምሃሮ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ኣብ ከባቢኦም፣ ክልሎም፣ ሃገሮምን ዓለምለኻዊ ማሕበረሰባትን ውፅኢታዊ ዝኾነ ንጡፍ ምንቅስቓስ ክገብሩን ናብ ተግባር ዝሽረፍ ፍልጠት፣ ክእለትን ማሕበራዊ ግንዛበን ከማዕብሉ የኽእሎም'ዩ።

ብመሰረት'ዚ ድማ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ናብ ስራሕ ይውዕል ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ነቲ ዝነበረ ኣመሓይሹ ብሓዱሽ መልክዕ ዝተሰናድአ ስለዝኾነ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት ክረጋግፁ እዮም። ብምኻኑ'ውን እዞም ዝስዕቡ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ንዝተዳለዉ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ሓፈሻዊ ውፅኢታትን ሽቶታት'ዮም።

- ኣብ ሕሉፍ ዓመታት፣ ሕዚ ዘለናዮን ንቕድሚት ዝመፅእን እዋን ዝነበረ፣ ዝርከብን ዝህልውን መነባብሮን ከባብያዊ ኩነታትን ዘለዎም ምትእስሳርን ዝምድናን ይርድኡ።
- ሕብረ ብሄራዊ፣ ዝተፈላለዩ ባህልታትን ስርዓተ ፆታን ዘገናዝበን ሚዛን ዝሓለወን ትምህርቲ የረጋግፁ።
- ኣፈላላይ መነባብሮን ኣሰፋፍራን ህዝብታት ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ሰባትን ማሕበረሰባትን ዘሎ ምድግጋፍን ምትእስሳርን ብዝምልከት ግንዛበኦም የዕብዩ።
- ኣብ ትምህርቲ ምሉእ ዕድመ ህይወትን ዝተምሃርዎ ውሳነ ኣወሃህባን ዝነበሮም ፍልጠትን ክእለትን ናብ ተግባር ክሸረፍ ብዝኽእል መንገዲ የረጋግፁ።
- ውልቀሰባትን ጉጅለ ውዳበታትን ኣብ ስድራ፣ ሕብረተሰብ፣ ወረዳ፣ ክልል፣ ሃገርን ዓለምን ዘለዎም ልዑል ተራ ይርድኡ፣ ይግንዘቡ።
- ሕብረተሰብን ሲቪክ ማሕበረሰባትን ኣብ ዲሞክራቲክ ሕብረተሰብን ስርዓትን ዘለዎም ረብሓን ዋጋን የድንቑ፣ ይንእዱ።

ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ ዕላማታትን ሸቶታትን ንምዕዋትን ኣብ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ዘተኣማምንን ዝበለፀ ዕርየት ዘለዎን ንምግባር እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ፍልጠት ጥራሕ ዘይኮነስ ማሕበራዊ ብቕዓትን ክእለትን ዝተመስረተን ኣብ ክሊ ሓቢርካ ምንባር ዝብል ኣምርን ክልስ ሓሳብን ዝተዋደደ ዕኑዕ መሰረት ዘለዎ'ዩ። ኣብ ትሕቲ'ዚ መሰረታዊ ኣምርን ክልስ ሓሳብን እዚ ንትምህርቲ ሕብረተሰብ ዝምልከት ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ጠመተ ተገይሩሉ ዝተዳለወ'ዩ።

- እቲ ቀዳማይ ክፋል ኣብ "ህዝብን ተፈጥሮኣዊ ከባቢኦምን" ዝብል እንትኸውን እዚ ድማ ዝጥምቶም ርእስታት እንትንርእይ ብዛዕባ ህዝቢ፣ መሬትና፣ ዓለምና፣ ከባቢና፣ ፖለቲካውን ባህላውን ታሪኽ፣ ምትእስሳር ኢኮኖሚያዊ ማሕበረሰብን ብድሆታትን ዝመሳሰሉ ይርከብዎም። እዚኦም ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳብ ምዕራፍ ሰለስተ ይርከቡ።

- እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ “ውራይ ህዝቢ” ዝምልከት ኾይኑ እዚ ድማ ምስ ህዝብን ሕብረተሰብን ዝተኣሳሰሩ ጉዳያት፣ መሰልን ድሕንነትን ህፃናት፣ ኢኮኖሚያዊ ምትእስሳርን ኣጋርነትን ወዘተ ዝጥምቱ ርእስታት ይርከብዎ። እዚኦም ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ኣብዝርከቡ መፅሓፍቲ ሕብረተሰብ ውሽጢ ኣብ ምዕራፍ ኣርባዕተ'ዮም ዝርከቡ።

ካብዚ ብተወሳኺ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ተዳልዮም ዘለዉ መፃሕፍቲ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብዝበለፀ ብዝፀበቐን ንኽተኣሳሰሩን ዝምድና ክህልዎምን፣ ኣሳታፊይን ንጡፍ ክልተኣዊ ዝምድናን ዘለዎም ከምኡ'ውን ተምሃሮ ማእኸል ብዝገበሩ ኣግባብ ኣመሃህራ ዝተሰነዩ፣ ትሕዝቶኦምን ኣብ ንጥፈታት ተምሃሮ ዝፍትኑን ትርጉም ዘለዎምን ንክኾኑ፣ ዓለምለኽ ደረጃ ብቕዓትን ክእለትን ተወዳዳራይ ዝኾነ፣ ምስ ዝቕፅል ክፍሊ ትምህርቲ ምትእስሳርን ዝምድናን ዘለዎምን ሓገዝትን ክኾኑ ወዘተ ንምግበር ክንድዝከኣል ፃዕሪ ተገይሩ'ዩ። ስለዚ ንጥፈታት ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንምምሕያሽ እንትሕሰብ ካብ ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርትን ስልጠናን ሃገርና ውሽጢ ንትፅቢት ዝግበረሎም ውፅኢታትን ክእለታትን ተምሃሮ ካልኣይ ሳይክል ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ እዚ ሕዚ ተዳልዩ ዘሎ ስርዓት ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንታይ ኣበርክቶ ክህልዎ ከምዝኽእል ብምንፃር'ዩ ተጀሚሩ።

እዚ ካብ 5ይ - 8ይ ክፍልታት ንዘለዉ ተምሃሮ ተዳልዩ ዘሎ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንትዳለው ተሓሳቢ ዝተገበሩ ዝስዕቡ ሓሳባት ነይሮም።

- ተምሃሮ ብንጥፈት ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክሳተፉን ንተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ ኣፀቢቖም ዝፈልጡን ብቑዓት፣ ዝሰልጠኑ፣ ዓቕምን ክእለትን፣ ተሞክሮን ልምድታትን ዘለዎም መዳለውቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ምህላዎም ብምርግጋፅ፤
- ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ወሰንቲ መፅሓፍቲ ተምሃሮ ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ብዝኣክል በዝሕን መጠንን ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤
- ኣሳታፊይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር ብእኹል ዓቕምን ብቕዓትን ዝሰልጠኑ መምህራን ክህልዉ'ዮም ዝብል ተሓሳቢ ብምግባር፤

- ኣብ ሓደ ክፍሊ ውሽጢ ኣሳታፉይን ተምሃሮ ማእከል ዝገበረ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ክልተኣውነት ዝምድና ዘተኣሳስር ኣቀራርባ ትምህርቲ ንምትግባር፣ መምህሪ ክፍልን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃርን ብግቡእ ንምምሕዳርን ንምቁፅፃርን ዘኽእል እኹል መጠን በዝሒ ተምሃሮ ክህልዉ'ዮም ዝብል እምነት ብምውሳድ፤
- ንውፅኢታዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዝሕግዙ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ ብዝድለይ መጠንን በዝሕን ኣብዝድለይ እዋንን ኣብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ክቐርብ ይኽእል'ዩ ዝብል ተሓሳቢ ብምውሳድ፤
- መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃር፣ ተምሃሮ'ውን ዝውሃብዎም ዕዮታት ክፍልን ገዛን ብዝግባእ ንጥፈት ክከታተሉ'ዮም ዝብል እምነት ተታሒዙ'ዩ።

ስለዚ መምህር! ነዚ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ብግቡእ ንምስትምሃርን ተምሃሮ'ውን ውፅኢታዊ ክትትልን ንጥፈታትን ንኽካይዱ እኹል ቅድመ ምድላው ክገብሩን ንተምሃሮ'ውን ከተባብዕዎምን ይግባእ። ተምሃሮ ሓሳቦም ንኽገልፁ፣ ዝተምሃርዎ ንኽገልፁ፣ ትዕዝብቶም ከረድኡ፣ ዕዮ ክፍልን ገዛን ብግቡእ ክሰርሑ፣ ንነባዕሎም ክመሃሃሩ፣ ክተሓጋገዙ፣ ክሓቱን እንትሕተቱ'ውን ክምልሱን፣ ኣብ ዕዮ ጉጅለ ብንጥፈት ክሳተፉ፣ ክዋደዱን ክተሓባበሩን፣ ከንብቡን ክፅሕፉን፣ ሓፀርቲ ፅሑፋት ከዳልዉ፣ ኣብ ከባቢኦም ንወለዶምን ካልኦት ሰባት እናሓተቱ ዝተረድእዎ ናብ ክፍሊ ከምፅኡን፣ ክረዳድኡን ክተሓጋገዙን ወዘተ ክሕግዝዎም ይግባእ። ከተባብዕዎም ይግባእ። ምስ ማሕበረሰብ ቤት ትምህርትን ከባብን ክወሃሃዱ ይምዓድዎም። ተምሃሮ ዝድለይ ፍልጠት፣ ክእለትን ብቕዓትን ንኽጥርዩ ተኸታታሊ ገምጋምን ፈተሻን ክካይዱ ይግባእ። ሓቢርካ ምስራሕን ምትሕግጋዝን ንዕዉትነት ከይዲ ምምሃር ምስትሃር ኣዐርዩ ሓጋዚ'ዩ።

እዚ መምርሒ ንመምህር! ትምህርቲ ሕብረተሰብ ንመፅሓፍ ተምሃራይ መሰረት ተገይሩ'ዩ ተዳልዩ። ኣብዚ መምርሒ ንመምህር! ብዛዕባ ትሕዝቶ፣ ውፅኢታት፣ ብቕዓታት፣ ዝተመደበ ክፍለ ግዘ፣ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ፣ ፍልፍል ሓገዝቲ መፅሓፍቲ፣ ምትእስሳር መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን፣ ኣግባብ ኣመሃህራ፣ ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር!፣ ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን፣ ከምኡ'ውን

መልስታት ንመልመድታት መፅሓፍ ተምሃራይ ዝሓዘ'ዩ። ብፍላይ ኣግባብ ኣመሃህራ ፍሉይ ጠመተ ተዋሂብዎ መምህር! ብኸመይ ኣገባብ ክዳለዉ ከምዝግባእን እንታይ ዓይነት ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ከምዘድልዮምን መሰረት ብምግባር ኣብ ውሽጢ ኽፍሊ ክኽተልዎም ዝግብእዎም ብዝርዝር ተሓቢሩ ስለዘሎ ግቡእ ጠመተ ክህብዎ ይግባእ። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ክሊ ተሓቢሮም ዘለዉ ብምልኦም እንተይተደረቱ መምህር!'ውን ኣገደስቲ ዝበልዎም ምህዞታት ተጠቒሞምን እናወሰኹን ንተምሃሮ'ውን እናዋዘዩን እናሳተፉን ክምህርዎም ይግባእ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ መምርሒ ንመምህር! ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ኽፍሊ ስለዘሎ ብዛዕባ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት ብቕዓትን ክእለትን ብዝርዝር ስለዘሎ ቅድሚ ምስትምሃር ምጅማርኩም ነዚኦም ብምልኦም ብግቡእ ብምርኣይን ብምግንዛብን'ዩ ዕለታዊ ወይድማ ሰሙናዊ ትልሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከዳልዉ ዝግባእ'ሞ ሓደራ ግቡእ ጠመተን ክትትልን ክገብሩ ንምሕፀን።

# ምዕራፍ ሓደ
# ህዝብታት፣ መርክቦን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን

## 1. መእተዊ፤

እዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ "ህዝብታት፣ መርክቦን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን" ንኽፈልጡ ዓሊሙ ዝተዳለወ'ዩ።እዞም ተምሃሮ ንመጀመርያ ግዜኦም'ዮም ትምህርቲ ሕብረተሰብ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ንኽመሃሩ በዚ ምዕራፍ'ዚ ዝጅምሩ:: እዙይ ምዕራፍ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ኣብ ኣርእስቲ ዝተገለፀ ብሓፈሻ ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ብፍላይ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዝጠመተ'ዩ:: ትሕዝቶ ትምህርቲ ናይዙይ ምዕራፍ ቀርኒ ኣፍሪካ ኣበይ ከምዝርከብ፣ ታሪኽ ህዝብታትን ኣሰፋፍረኦምን፣ ዝነበሩ ጥንታዊ መንግስታትን ዓበይቲ ሃይማኖታትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ምትእትታው ዘበናውነት ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዕሙቕ ብዝበለ መንገዲ ዝመሃሩሉ እዩ:: በዙይ ኣቢሎም ድማ ክእለቶም፣ ፍልጠቶምን ኣረኣእየኦምን ዘማዕብልሉ'ዩ::

## 2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ፤

*መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብቕዓት ተምሃሮ ምዕቃን የድልይ'ዩ። ስለዚ ነዚ ምዕቃን ብቕዓት ምእንታን ክሕግዝ ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ውፅኢታት'ዚ ትምህርቲ የማዕብሉን ይውንኑን።*

- *ኣንፃራዊ መርክቦ ይገልፁን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይፀርሑን።*
- *ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይፀርሑን መርክቦኦም የመልክቱን ከምኡ'ውን ቀንዲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ ይፈልጡ።*
- *ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ዓወታቶምን ይገልፁ።*
- *ቀንዲ ዓወታት ዘበናውነትን ሓድነትን ይፈልጡ።*

- *ቀንዲ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣስፋፍራራ፣ ባህልን መነባብሮን ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ በረኻትን መታሕነትን ከባብታት ኢትዮጵያ የለልዩ።*

## 3. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም

- *መርክቦ ቀርኒ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ብመንፅር ጎረባብቲ ሃገራትን ዓበይቲ ማያዊ ኣካላትን ይገልፁ።*
- *ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ።*
- *ኣመፃፅኣ ቀንዲ ሃይማኖታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይገልፁ።*
- *ሰዓብቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ብሓባር ምንባሮም ይግንዘቡ።*
- *ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይርድኡ።*
- *ቀንዲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ይፈልዩ።*
- *ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይገልፁ።*
- *ረብሓ ሓድነትን ሕብረትን ኣብ ዓወት ኩናት ዓድዋ የብርሁ።*
- *ፅዕንቶ ዘበናውነት ኣብ ኢትዮጵያ ይገልፁ።*
- *ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ምኽንያታት ኣስፋፍራራ ምስ መነባብሮ የዛምዱ።*
- *ምክንያታት ኣፈላላይ ኣስፋፍራራ ህዝቢ የለልዩ።*
- *ኩነታት መነባብሮን ባህልን ኣብ በረኻቲ በታታትን መታሕትን ኢትዮጵያ የነፃፅሩ።*

## 4. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ

*መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ* 5ይ *ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዘ* 29 እዩ።

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ

**1.1** *መርክቦን ሃገራትን ቀርኒ ኣፍሪካን ርእስ ከተማታተንን*

**1.2** *ታሪኽ ህዝብን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን*

**1.3** *ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን*

**1.4** *ቑልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራራን ባህልን*

## 6. ዝተሓበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ

- ካርታ ኣፍሪካ
- ካርታ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ
- ቀርኒ ብዕራይ ብኣካል ወይድማ ብምስሊ
- ካርታ መስመር መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ
- መፅሐፍ ቅዱስ
- ቅዱስ ቁርዓን
- ካርታ ስዑዲ ዓረብ (ኣመፃፅኣ ሃይማኖት እስልምና ንምርኣይ)
- ፎቶ ግራራፋት
- ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ካርታታትን ስእልታትን ብምልኦም

## 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- Addis Abeba University, <u>የዓድዋ ድል መቶኛ ዓመት ኤግዚቢሽን ካታሎግ (Adwa Victory Centenary Exhibition Catalogue)</u>, February, 1996, Addis Ababa
- Aseffa Batu Bedane, <u>The New Guide to Secondary Schools History: History for Grades 9 to 10</u>; Ancient, Medieval and Modern History, (1999, 2000, 2001), Addis Ababa.
- <u>Encyclopedia Britannica</u>, 1989, Oxford, London, United Kingdom.
- <u>Encyclopedia Americana</u>, 1994, New York, the USA.
- Ethiopian Air Lines, <u>Selamta</u>, Quarterly Publication, London, Kenya.
- George Lichtheim, <u>Europe in the Twentieth Century</u>, 1972, London.
- Girma Alemayehu, Wondu T/Medhin, & Birhanu Lemma, <u>The New Guide to Preparatory Program: History for Grades 11 to 12</u>, World – African – Ethiopian History, (1999), Addis Ababa.
- Irving L.Gordon, <u>Review Text in World History</u>, Department of History and Economics, 1965, 1979, New York.
- Kevin Shillington, <u>History of Africa</u>, Revised 1995, MacMillan.
- Lapiso G. Delebo, <u>የኢትዮጵያ ረጅም የህዝብና የመንግስት ታሪክ</u>፡ 1982 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- <u>Microsoft Encarta Encyclopedia</u>, Corporation, 2009.
- Ministry of Information, <u>Ethiopia: A Cradle of History</u>, April 1989, Addis Ababa

- Molla Tedla Birru, The Battle of Adwa: Aftermath and Its Historical Significance, 2010, USA, UK, Germany, ISBN: 978-3-639-30810-5
- National Atlas of Ethiopia by the Ethiopian Mapping Authority, 1988, Addis Ababa.
- Tadesse Derese and Girma Alemayehu, Ethiopian History: From Early Axumite Period to the Downfall of Emperor Haile Selassie I, 1989, Addis Ababa.
- The Constitution of the Federal Democratic Republic Government of Ethiopia, 1995.
- ትምህርቲ ሕብረተሰብ - መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 5ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 6ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 7ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- ________________- መፅሓፍ ተምሃራይ፣ 8ይ ክፍሊ፣ መምርሒ ስርዓተ ትምህርቲ፣ መፅናዕትን ምርምርን ትግራይ፣ 1997 ዓ.ም. መቐለ
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)፣ ህዳር 2003፣ አዲስ አበባ።
- Abere and Howell Company, Focus on Earth Science, 1987, Merill Publiching Company.
- David G. Armstrong, World Geography, Peoples and Places, 1995, Merill Publishing Company, Colombus, Ohio
- EMPD, Atlas for Secondary Schools of Ethiopia, 1984, EMPD.
- Goh Cheng Leong, Certificate Physical and Human Geography, 1994, Oxford University Press.
- Mesfin Woldeselassie, A New Guide to Preparatory Program Geography, 2007, Aster Nega Printing Press, Addis Ababa Ethiopia
- R.B.Bunnet, Physical Geography in Diagrams, 1978, Longman.
- Thomas.J.Baerward and Celeste Fraser, World Geography, 2000, Prentice Hall, Needleham Massachusetts Upper Saddle River, New Jersey.

## 8. መምርሒ መምህር ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር

| ቑፅሪ ተርታ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍለ ግዘ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ መምህር! | ፍልፍል |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.1 | **መርከቦን ሃገራትን ቀርኒ ኣፍሪካ** | • ኣንፃራዊ መርከቦ ቀርኒ ኣፍሪካ በሐፈሻን ናይ ኢትዮጵያ ብፍላይን ይገልፁ<br>• ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝካተቱ ሃገራራት ስም ይፀርሑ | 4 | | | |
| 1.1.1 | ርእሰ ኸተማታት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ | • ስም ርእሰ ኸተማታት ሃገራራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይፀርሑ፣<br>• ኣብ መንጎ ርእስ ኸተማታት ሃገራራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዘሎ ርሕቀት የዛምዱ፣ | | | | |
| 1.2 | ***ታሪክ ህዝብን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን***<br>• መበቆል ደቂሰብ፣ ቦታታት ኳዕቲ ቅርሲ<br>• ኣመፃፅኣ ክርስትናን እስልምናን ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ | • ቦታታት ኳዕቲ ቅርሲ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የለልዩ።<br>• ቅድም ሰዓብን ረብሓን ብኳዕቲ ዝተረኸቡ ቅርስታት ይፈልጡ።<br>• ኣመፃፅኣ ቀንዲ ሃይማኖታት ናብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የብርሁ።<br>• ንሃይማኖታት ኣድላይነት ተኸእኢልካ ምንባር ሓዱሽ ከምዘይኮነ ይፈልጡ።<br>• እዛ ሃገር ዓዲ ዝተፈላለዩ እምነታት ከምዝኾነት ተቐቢሎም ይገልፁ።<br>• ንጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒኣፍሪካን ኣድናቖት የርእዩ። | *11* | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1.3 | **ጥንታዊ መንግስትታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን** | • ንጥንታዊ መንግስትታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣድናቖት የርእዩ።<br>• ብዛዕባ ጥንትን ደኣማትን፣ ኣኽሱም፣ ዛጉዌ፣ ብሱልጣን ዝምራሕ ግዝኣት ሙስሊም፣ ወላይታ፣ ዳሞት፣ ኢናርያን ካፋን ይፈልጡ። | (11)<br><br>3 | | | |
| 1.3.1 | **ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት**<br>ኣክሱማውያን፣ ዛጉዌ፣ ጎንደር፣ ኮንሶኣውያን፣ ሃረሪን ስርዓት ገዳ (ኦሮሞን ሲዳማን) | • ቀንዲ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ ይፈልዩ። | 3 | | | |
| 1.3.2 | **ሕብረትን ዘበናውነትን** | • ረብሓ ሓድነት ንዓወት ኲናት ዓድዋ የብረሁ።<br>• ፅዕንቶ ዘበናውነት ኣብ ኢትዮጵያ ይገልፁ። | 5 | | | |
| 1.4 | **ቁልፊ ምክንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን**<br>• ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ፣ ነባሪ ኣየር፣ ሃፍትታት ተፈጥሮን መከላኸልን<br>• ኣብ መንጎ ነበርቲ ከተማን ገጠርን፣ ደጉዐቶትን ቆለቶትን ዘሎ ኣፈላላይ መናበሪ | • ቑልፊ ምክንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፈራ የለልዩ።<br>• ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዘለዉ ምኽንያታት ኣሰፋፍራ ምስ መናበሪ የዛምዱ።<br>• መናብርን ባህልን ደጉዐቶትን ቆለቶትን ነበርቲ ከተማን ገጠርን የነፃፅሩ። | 3 | | | |
| **ጠቕላላ ድምር** | | | 29 | | | |

## 9. ኣገባብ ኣመሃህራ

*መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ ምስትምሃር እንትትጅምሩ ፈላማይ ክፍለግዘ ትምህርቲ ምሉእ ዓመት ም'ኳኑ ብምፍላጥ ኣዝዩ ዝነኣድን ሰሓባይን ምድላው ምግባር ከድልይ'ዩ። ነዚ ምዕራፍ ዘድልዩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ'ውን ብግቡእ ክዳለዉን ንተምሃሮ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ዝተምሃርዎ ትምህርቲ ብምዝኽኻር ምይይጥ እናገበሩ ከዋዝይዎም'ዩ ዝምዓድ። እዞም ተምሃሮ ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንትመሃሩ ንፈለማ ግዘ ዝጅምርዎ ብም'ኳኑ ነዚ ምዕራፍ ሓደ ንምስትምሃር እንትጅምሩ ተምሃሮ ብዛዕባ'ዚ ትምህርቲ ንክፈልጡ ምግባር ኣገዳስነት ኣለዎ። ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንታይ ማለት'ዩ? ዝብል ሕቶ እናዋዘዩ ብኣብነት እናደገፉን ተምሃሮ'ውን ክሳተፉን ክምልሱን እናተባብዑ ክጅምርዎ'ዩ ዝምከር። ስለዚ ነዚ ምዕራፍ ዝተዳለወ ኣገባብ ኣመሃህራ ካብዚ ንታሕቲ ብዝርዝርን ብዕሙቐትን ዝተፅሓፈ እንትኸውን መምህር!'ውን ነዚ ብስነ ስርዓት ሪኦምን ተረዲኦምን ብመሰረት ዝተገለፀ ኣግባብ ኣመሃህራ ከምህሩን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዕዉት ክኸውንን ይግበሩ። ስለዚ ንምጅማር ንንኡስ ምዕራፍ 1.1 ኣግባብነት ኣለዎም ተባሂሉ ዝተሓበሩ ኣግባባት ኣመሃህራ ካብዚ ይቕፅል።*

*መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ን'ቕድም ዘምህርዎ ብዛዕባ "መርክቦን ሃገራትን ቀርኒ ኣፍሪካ" ዝብል እንትኸውን ተምሃሮ'ውን ትምህርቲ ሕብረተሰብ እንትመሃሩ ንፈለማ ግዘ ብም'ኳኑ ብርቱዕ ጥንቃቐ ክገብሩን ብፅቡ'ቕ ተዳልዮም ናብ ክፍሊ ክኣትዉን'ዩ ዝግብኦም። ስለዚ ነዚ ንኡስ ርእሲ ምምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ኣብ ከባቢ ሳይንስ ብዘዕባ ኣንፃራዊ መርክቦ ወረደኦምን ክልል ትግራይን ዝተምሃርዎ ንኽዝክሩን ን'ኽመያየጡን ይግበሩ። ብም'ቕፃል ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብም'ቕራብ ዝመስልዎም ሓሳባት ብመልክዕ ኣገባብ ኣመሃራ ሓንጎል ኮርኳሪ* (Brain storming) *ን'ኽ'ቕርቡ ይግበሩ።*

1. ብዛዕዛ ቀርኒ ኣፍሪካ እንታይ ትፈልጡ?
2. ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ክንደይ እዮም? እንመን ከ እዮም?
3. ኢትዮጵያ ኣካል ቀርኒ ኣፍሪካ ድያ ኣይኮነትን?
4. ካብ ርእሰ ከተማታት ሃገራት ኣፍሪካ ንመን ትፈልጡ?

መምህር! ኣብዚ ተምሃሮ ሰፊሕ ምይይጥ ከካይዱ ምስገበርኩም ቀርኒ ብዕራይ ብኣካል ወይድማ ብምስሊ ንተምሃሮ ኣርእይዎም:: ብምቕፃል ነቲ ኣብ መፅሐፍ ተምሃራይ ካርታ 1.1 ዘሎ ስእሊ ኣብ ሰሌዳ ስኢልኩም ቀርኒ ብዕራይ ዝመስል በየናይ ኣንፈት ከምዘሎ ኸገልፁ ግበሩዎም። ቀርኒ ኣፍሪካ ዝበሃል ኣብ ከባቢ ጫፍ ምብራቃዊ ኣፍሪካ ከምዝርከብ ተምሃሮ ኸግንዘቡ ግበሩ። ተምሃሮ ብጉጅለ ካርታ ኣፍሪካ ንኸንብቡን ብፍላይ ድማ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ትኹረት ጌሮም ንኽመያየጡን ይግበሩዎም። ኣፍሪካ ሐውሲ-ደሴት ከምዝኮነትውን በዝግባእ  ይግለፁሎም:: ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምኩም መርክቦ ቀርኒ ኣፍሪካ ብመንፅር ቀይሕ ባሕሪ፣ ወሽመጥ ዓደንን ውቅያኖስ ህንድን ንኽገልፁ ኣመያይጥዎም። ቀፂልኩም ነተን ኣብ መፅሐፍ ተምሃራይ ተዘርዚረን ዘለዋ መዳውብቲ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝኾና ሃገራት ተምሃሮ ብጉጅለ ኾይኖም ኣብ ካርታ ከለልዩወን ግበሩ። ኣብ መዳእታ ድማ ሃገራራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝበሃላ በቅደም ሰዓብ ካብ ሰሜን ንደቡብ ኣንፈት ኤርትራ፣ ኢትዮጵያ፣ ጂቡቲን ሶማልያን ጥራሐ ምዃነን ባዕላቶም ከረጋግፁ ግበሩዎም። ኣንፃራራዊ መርክቦ ቀርኒ ኣፍሪካ ድማ ብመንፅር እዞም ማያዊ ኣካላትን መዳውብቲ ሃገራትን በየናይ ኣንፈት ከምዝርከብ ኩሎም ተምሃሮ ከምዝጨበጥዎ ኣረጋግፁ። ብድሐሪዙይ ተምሃሮ ካርታ ኣፍሪካ ኣብ ደብተሮም ሰኢሎም ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ምስ መዳውብቲ ሃገራትን ማያዊ ኣካላትን ከቐምጡ ግበሩዎም።

መምህር! ኣብ ሐደ ክፍለጊዜ ሓደ ዓይነት ኣገባብ ኣመሃህራ ጥራይ ክትጥቀሙ የብልኩምን። ኣገባባት ኣመሃህራ ምይይጥ፣ ሰሪሐኻ ምርኣይ፣ ዕዮ-ጉጅለ፣ ሕቶን መልስን፣ ገለፃን ካልኣትን ተጠቒምኩም ተምሃሮ ተወሰኺ ግንዛበታትን ንኽማዕብሉ ግበሩዎም። ንኣብነት መርክቦ ኢትዮጵያ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ፣ ብመዳይ ስፍሓታ፣ በዝሒ ህዝባን መዳውብቲ ኩለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ንሳ ጥራይ ከምዝኾነትን ግንዛባ ኽሕድሩ ግበሩዎም። ከምኡውን ካብ ኩለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ኢትዮጵያ ጥራሕ ወደብ ባሕሪ ከምዘይብላ ክርድኡ ግበሩዎም።

መምህር! ተምሃሮ ኣንፃራዊ መርክቦ ቀርኒ ኣፍሪካ ኽገልፁ እንተለዉ በተን ዓበይቲ ኣንፈታት ማለት ሰሜን፣ ደቡብ፣ ምብራቕን ምዕራብን ጥራሕ ዘይኮነስ በቶም ኣናእሽቶ ኣንፈታትውን ትኽክለኛ ኣገላልፃ ኣንፈት ንኽገልፁ ተደጋጋሚ ሕቶታት መልመዲ ንኽምልሱ ይግበሩዎም፣ የበረታትዕዎም።

መምህር! ቀፂልኩም ርእስ ኸተማታት ሃገራት ኣፍሪካ እንመን ከምዝኾና ንኽፈልጡ ሓደ ተምሃራይ ስም ሓንቲ ሃገር ክፀርሕ ብምግባር ብድሕሪኡ እቲ ካልእ ተምሃራይ ርእስ ኸተማኣ ክፀርሐ እናገበርኩም ኩለን ርእሰ ኸተማታት ከነፅሩ ግበሩ። ብምቕፃል ተምሃሮ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ካርታ 1.4 ዘሎ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ዝበረሎም መስመርን ዝዓርፈሉም ኸተማታትን ዘርኢ ካርታ ተጠቒሞም ነተን ርእሰ ኸተማታት ክምልከቱ ግበሩዎም። ብምቕፃል ሕድሕድ ርእሰ ኸተማ ካብ ኣዲስ ኣበባ በየናይ ኣንፈት ከምትርከብ ኣብ ደፍተሮም ከስፍሩ ግበሩዎም። ንኽፍሊ ኸገልፁ'ውን ይሕተትዎም። ንኣብነት ኣዲስ ኣበባ ካብ ኣስመራ፣ ካብ ሞቃዲሾ፣ ካብ ካርቱም፣ ካብ ጅቡቲ በየናይ ኣንፈት ከምእትርከብ ብትኽክል ናይ ምንፃር ክእለት ከማዕብሉ ይግበሩዎም።

ተምሃሮ ካርታ 1.4 ተጠቒሞም እተን ርእስ ኸተማታት ካብ ኣዲስ ኣበባ ብኸንደይ ርሕቐት ከምዝርከባ በጉጅለ ሰሪሐም ይዘግቡ። መምህር! ባዕልኹም በማእኸላይ ግምት ሓንቲ ኣውሮፕላን ኣብ ሰዓት ኣስታት 500 ኪሎ ሜትር ከምእትበርር ሓቡሩሎም። ብድሕሪ'ዚ ካብቲ ጥውይዋይ ዝበዝሐ መንገዲ መኪና ወይድማ ባቡር ብዝተፈለየ መንገዲ ማለት ብቐጥታ መስመር ብምብራር ኣውሮፕላን ወይድማ መጓዓዝያ ኣየር ክሳብ ክንደይ ለውጢ ከምፅእ ከምዝኽእል ክመያየጡ መድረኽ ክፈቱሎም።

መምህር! ቐፂሎም ኣብ ንኡስ ርእሲ 1.2 ዝርከብ ርእሰ ትምህርቲ ምስትምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ፅሑፍ ኣንቢሮምን ኣብኡ ዘለዉ ሕቶታት ድማ ተረዲኦምን ክመፁ ይግበሩ። ተምሃሮ ብዛዕባ መበቆል ዘርኢ ወዲሰብን ኣመፃፅኣ ሃይማኖታት ክርስትናን እስልምናን ብዝምልከት እንታይ ዝኣክል ከምዝፈልጡ ንምፍታሽ ብዝጠቕሙ ሕቶታት ይጀምሩ። ንኣብነት መበቆል ወዲሰብ ኣበይ ከምዝኾነ ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ብሬድዮን ብቴሌቪዥንን ብዛዕባ ኣብ ሃገርናን ኣብ ኬንያን ብኣፅቲ ዝተረኽቡ ኣሰረሂወት ደቂ ሰብ እንትግለፅን እንትንገርን ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ከም መበገሲ ተገይሮም ክውሰዱ ይኽእሉ እዮም። ኣብዘን ሕቶታት ምስ ተመያየጡ ድማ ብጉጅለ ኣብዘን ዝስዕባ ጉዳያት ክመያየጡ ይግበርዎም።

**ጉጅለ ፩** - መበቆል ወዲሰብ ኣበይ እዩ? ኣብቀረባ እዋን ዝተረኽበ መበቆል ወዲሰብ ዝሕብር ኣሰረሂወት እንታይ ዝበሃል`ዩ?

**ጉጅለ ፪** - መበቆል ወዲሰብ ዝሕብሩ ኣሰረሂወት ብኣዕቲ ዝተረኽቡሎም ቦታታት ኣበይን ኣበይን እዮም?

ተምሃሮ ነዘን ክልተ መመያየጢ ሓሳባት ምስ ወለዶም፣ ዓበይቲ ሰባት፣ መምህራንን ካልኦትን ሓቲቶም መልሶም ሒዞም ናብዝተመደብሉ ጉጅለ ክመፁ ይግበሩ። ዝረኸብክምዎ መረዳእታ ኣብ ጉጅለኦም ምስ መሓዙቶም ተምሃሮ ይመያየጡ። ድሕሪ ምምይያጦም ዝበፃሕዎ ሓፈሻዊ ግንዛበ ክግለፁ ይግበሩ። ከምዚ ዓይነት ንተምሃሮ ማእኸል ዝገበረን ዘሳተፈን ኮርኳሒ ኣገባብ ኣመሃህራ ምስተጠቐምኩም ደሓር ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ካርታ መሰረት ገይርኩም ኣብ ኣፍሪካን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ ዝተኻየደሎም ቦታታት ይግለፁሎም። ነዚ ካርታ ብዓብዪ ምስኣልን ከም ሓገዝ መምህሪ ገይርኩም ክትጥቀሙሉ ድማ ግድን እዩ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ኣፍሪካ ኣዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ ካብተኻየደለን ሃገራት ውሽጢ ደቡብ ኣፍሪካ፣ ታንዛኒያ፣ ማእኸላይ ኣፍሪካ፣ ኬንያን ሃገርና ኢትዮጵያን ከምዝርከቡ ሪእኹም ዶ? ብዝብል ሕቶ ተምሃሮ ዝተረድኦም ከምዝኾነን ከምዘይኮነን ክፈልጡ ይግባእ። እንተምህሩ ኣቓልቦ ተምሃሮ እናሰሓቡ ክኸውን ስለዝግባእ ምሉእ ገፆምን ኣካላዊ ምንቅስቓሶምን ናብ ተምሃሮ ይግበሩ። ድሕሪ ከምዚ ዓይነት ኣሳታፋይ ምንቅስቓስ ናብ ዝርዝር ገለፃ ይእተዉ።

መምህር! ናብ ዝርዝር ገለፃ እንትኣትዉ ድማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሕቶታት ማእኸል ገይሮም ምስትምሃር የድልይ። ንኣብነት ተምሃሮ ብኣዕቲ ኣብ ኢትዮጵያ ወይ ኣብ ኬንያ ዝተረኽቡ ኣሰረሂወታት እንታይ ትፈልጡ? እዞም ኣሰረሂወታት ዝተረኽቡሎም ቦታታት እንታይ ይበሃሉ? ፍሉይ ባህርያት እዞም ኣሰረሂወታት እንታይ እዮም? ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ዓፋር ዝተኻየዱ ኣዕትታትን ውፅኢታቶምን ትፈልጡ ዶ? ንምኽኣ ብዛዕባ ኣውስትራሎፒተከስ ኣፋረንሲስን ኣውስትራሎፒተከስ ኣርዲፒተከስ ራሚደስን ዝበሃሉ ሳይንሳዊ መፀውዒ ስማት ሰሚዕኹም ዶ ትፈልጡ? ንምንታይ እዩ ኣፍሪካ መበቆል ዘርኢ ወዲ ሰብ እያ ዝበሃል? ሃገርና ኢትዮጵያ ኸ ንምንታይ እዩ መበቆል ዘርኢ ወዲ ሰብ ትበሃል? ኣዕቲ ኣለሻ ዘርኢ ወዲሰብ መዓዝ ተጀሚሩ? ኣበይ ሃገርን ከባብን ከ እዩ ተኻይዱ? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ከከም ኣድላይነቶም ኣብ ማእኸል ከይዲ ገለፃ እናተጠቐሙ ንተምሃሮ

የረድእዎም። ነዚ ርእሲ መበቆል ወዲሰብ እንተምህሩ ተወሳኺ ስእልታት ንኣብነት ኣመፃፅኣ ዘርኢ ወዲሰብ ዘርእዩ፣ ሉሲ፣ ሰላምን ኣርዲን ንዝመሳሰሉ ይጠቐሙ። ኣብ መወዳእታ ሕድ ሕድ ክፍለግዘ መልመድታትን ብጉጅለ ኾይኖም ዝመያየጡሎምን ሕቶታት ይሃብዎም። ኩልግዘ ድማ በብክፍለግዘ መጠቓለሊ ሓሳብ ይሃቡ። ነዚ ትምህርቲ እዚ ድማ 5 ክፍለ ግዘ ይኣኽሎ እዩ።

መምህር! ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት ክርስትናን እስልምናን እንተምህሩ ድማ ንቕድም ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት ክርስትና የምህሩ። ነዚ ምስ ወድኡ ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት እስልምና የምህሩ። ስለዚ ተምሃሮ ብዛዕባ ኣጀማምራ ሃይማኖት ክርስትና እንታይ ትፈልጡ? ብዛዕባ ኣጀማምራ ሃይማኖት እስልምና ኸ እንታይ ትፈልጡ? ዝብሉ ሕቶታት ከከም ኣድላይነት ኣብ ትሕቲ ነፍስወከፍ ርእሲ እናመደቡ ይሕተትዎም። እዞም ሃይማኖታት ዝተጀመረሎም ከባብታት ኸ ትፈልጡ ዶ? ብኸመይ ከ ናብ ሃገርና ዝመፁ ይመስለኩም? መዓዝ? ንወለዶም ወይ ንካልኦት ዝፈልጡ ሰባት ሓቲቶም ብምምፃእ ኣብ ክፍሊ መብርሂ ክቕርቡ ይግበርዎም። ሕቶታት ንተምሃሮ ምቕራብን ክመያየጡሉ ምትብባዕን ብሓደ መልክዕ ሓጋዚ እዩ። ብካሊእ ወገን ድማ ኮርኳሒ ስለዝኾውን ክክታተሉ የተባብዖም እዩ። ብጉጅለ ኾይኖም ብዛዕባ ክልቲኦም ሃይማኖታት ክመያየጡ ይግበሩ። ብጉጅለ ኾይኖም እንትመያየጡ ነዞም ዝስዕቡ ማእኸል ገይሮም ክመያየጡ ይምርሕዎም።

**ጉጅለ ፩** - ሃይማኖት ክርስትና መዓዝ ተጀሚሩ? ናብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኸ መዓዝ ኣትዩ? ኣመፃፅኣን ምስፍሕፋሕን ሃይማኖት ክርስትና ብዝምልከት ንወለድኹም፣ ዓበይቲ ዓድን መረሕቲ ሃይማኖትን ሕተቱ።

**ጉጅለ ፪** - ሃይማኖት እስልምና መዓዝ ተጀሚሩ? ናብ ሃገርና ኢትዮጵያ ኸ መዓዝ ኣትዩ? ኣመፃፅኣን ምስፍሕፋሕን ሃይማኖት እስልምና ብዝምልከት ንወለድኹም፣ ዓበይቲ ዓድን መረሕቲ ሃይማኖትን ሕተቱ።

**ጉጅለ ፫** - ኣብ ሞንጎ ክልቲኣን ሃይማኖታት (ክርስትናን እስልምናን) ዘለዉ ምምስሳልን ሓድነትን ከምኡ`ውን ኣፈላላይን ተመያየጡ።

**ጉጅለ ፬** - ኢትዮጵያውያን ብዝኾተልዎ ሃይማኖት እንተይተፈላለዩ ብሓባር ምንባር ይኽእሉ`ዮም። ኣፈላላይ ሃይማኖት ሒዝካ ብሓድነትን ሕብረትን እንተይተበታተንካ ብሰላም ምንባር ይከኣል`ዩ። ተመያየጡሉ። ኣብነታት እናልኣኩም ግለፁ።

ጎና ጎኒ እዞም ኮርኳሕትን መመያየጥቲ ሕቶታትን ዕዮታት ጉጅለን ገለፅኦም ይቐፅሉ። ኣብ ከይዲ ገለፅኦም ንቕድም ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት ክርስትና ንተምሃሮ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ የረድእዎም። ኣብ ከይዲ ገለፅኦም ድማ ተምሃሮ ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ዓለምና ይኹን ኣብ ሃገርና ብኸመይ ኣገባብ ከምተጀመረ ተረዲእኹም ዶ? ሃይማኖት ክርስትና እንጋፋሕ ዝነበሩ ማሕለኻታት ከ ፈሊጥኩምዎም ዶ? ብስም እዞም ትሸዓተ ቅዱሳን ዝፅውዑ ኣብያተ ክርስትያን ንወለድኹምን መረሕቲ ሃይማኖት ወይድማ ዓበይቲ ዓዲ ሓቲትኩም ዘርዝርዎም፧ ብዘመነ መንግስቲ ኣኽሱም ሃይማኖት ክርስትና ናብ ሃገርና ብኸመይ ከምዝኣተወ ብዝርዝር ግለፁ፧ ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት እናልሃሉ ሰሓባይ ኣግባብ ገለፃ ይጠቐሙ።

ብዛዕባ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት እስልምና እንተረድኡ ድማ ኣብ ማእኸል ገለፅኦም ንምንታይ`ዩ ኣብ ሃገርናን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካን ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት እስልምና ሰላማዊ ዝነበረ? እዞም ካብ ስዑድ ዓረብ ዝመፁ ቀደሞት ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ኣብ ዘመነ መንግስቲ ኣኽሱም ዝሰፈሩሉ ቦታ እንታይ ይበሃል? ኣበይ ከበቢ'ኸ ይርከብ? ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት እናላዘቡ ንተምሃሮ የቕርቡሎም። ኣመፃፅኣ ክልቲኦም ሃይማኖታት እንትገልፁ ድማ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ክልተ ካርታታት ብዓብዩ ስኢሎም ከም መምህሪ ሓገዝ ክጥቀሙሉ ይግባእ። ነዞም ካርታታት መሰረት ገይሮም ሰዓብቲ ሃይማኖት እስልምና ናብ ቀርኒ ኣፍሪካን ናብ ሃገርናን ብኸመይ ኣገባብ ከምዝኣተዉ የረድእዎም። መምህር! ካርታን ስእልታትን ምጥቀም ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ትምህርቲ ታሪክ የጥዕሞ ጥራሕ ዘይኮነስ ተምሃሮ ብቐሊሉ ክርድኦምን ክሳተፉሉን ይሕግዝ እዩ። ሃይማኖት ክርስትና እንትምህሩ መፅሓፍ ቅዱስ ከምኡ እውን ሃይማኖት እስልምና እንትምህሩ ቁርኣን ናብ ክፍሊ ሒዞም መፂኦም ንተምሃሮ ከሪእዎም ድማ ይግባእ። ኣብ መወዳእታ መልመድታት የስርሕዎም።

ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ ንተምሃሮ እንተምህሩ ክኽተልዎ ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትፅሞቕ ምስ ስእልታትን ካርታን ዝተዛመደ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሽኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣

ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኦ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ይርከብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብዝርከብ ቤተ ንባብ ነዚ ትምህርቲ ዝምልከቱ ካልኦት መፃሕፍቲ ወይድማ ኢንካርታ ብምርኣይ ንዝተምሃርዎ ከጎልብቱ ክበረታትዑ ይግባእ።

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ሳልሳይ ርእሲ ኾይኑ ንተምሃሮ ከምህርዎ ዝቐረበ ብዛዕባ ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝምልከት እንትኸውን ኣብ ንኡስ ርእሲ 1.3.1 ታሪክ ግዝኣታት ጥንታዊ መንግስታት ዝጥምት ይርከብ። ነዚ ርእሲ ንምስትምሃር ንቕድም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከቡ ካርታታት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢሎም ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ብግቡእ የዳልዉ። ንኣብነት ካርታ ግዝኣታት መንግስትታት ጥንትን ደኣማትን ስኢሎም ብምምፃእ ተምሃሮ ነዚ ካርታ እናርኣዩ ክመያየጡ ይግበርዎም። መንግስትታት ጥንትን ደኣማትን ኣበይ ከባቢ ከምዝነበሩን እንታይ ዓይነት ሃፍትታት ከምዝነበሮምን ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ብተመሳሳሊ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ዝምልከት ካርታ ስኢሎም ተምሃሮ ክፈልጥዎን ክመያየጡሉን ይግበሩ። ብዛዕባ ጥንታዊ መንግስትታት ጥንት፣ ደኣማትን ኣኽሱምን ንሓንቲ ክፍለግዘ ጥራሕ ዝተዳለወ ትምህርቲ ስለዝኾነ ብካርታ እናተሓገዙ ሕቶታት እናቕረቡ ዝወሃብ መልሲ እናገናዘቡን እናመያየጡን ንተምሃሮ ብዘሳትፍ መንገዲ ክርድኦምን ስርፀት ትምህርቲ ክህልውን ይግበሩ። ድሕሪ'ዚ ገለፃ ይግበሩሎም። መምህር! ኣብ ዝገብርዎ ገለፃ ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ዝነበሮ ዓለምለኻዊ ዝምድናታትን ጥንኩር ባይታን ከምኡ'ውን ምኽንያታት ውድቀት ዝምልከቱ መሰረታዊ ሓሳባት ብዝርዝር የረድእዎም።

ብተመሳሳሊ ብዛዕባ ስርወ መንግስቲ ዛጉዌን ብሱልጣን ይመሓደሩ ዝነበሩ ግዝኣታት ሙስሊምን ዝምልከት ካርታ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢልኩም ክትመፁን ንተምሃሮ እናመያየጡ ክስተውዕልዎን ክገብሩ ይግባእ። ተምሃሮ ዛጉዌ ስርወ መንግስቲ ዝነበረሉ ግዝኣታት ብዝምልከት ካርታ እናርኣዩ ክመያየጡሉ ይግበሩ። ድሕሪ ካርታ መሰረት ዝገበረ ብሕቶን መልስን ዝተራጎደ ምይይጥ እቲ ልሙድ ገለፃ ብዝርዝር የካይድዎ። ስለዚ ኣደፋ፣ ሮሃ፣ ላሊበላ ኣበይ ከምዝርከቡ፤ ሙስሊም ሱልጣኔት ሸዋ፣ ኢፋት፣

ፋጣጋር፣ ባሊን ኣዳልን ዝነበሩሉ ከባብታት ኣብ ካርታ ንተምሃሮ የርእይዎም። ነዚኦም መሰረት ገይሮም ዝርዝር መግለፂ ምስሃቡ ኣብ መወዳእታ 1.3.1 ዝርከቡ መልመድታት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ እናተመያየጡ ምስ ተምሃሮ ይስርሕዎም። ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ ይሃብዎም። ተምሃሮ'ውን መፅሓፍ ተምሃራይ ከንብቡን ንዘንበብዎ ኣሕፂሮም ብፅሑፍ ክገልፁን ክመያየጡን ይግበሩ።

ብምቕፃል ኣብ 1.3.2 ዝተመልከተ ንኡስ ርእሲ "ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት" ንዝብል ምስትምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ተምሃሮ ኣንቢቦም ክመፁ ይግበሩዎም። ስለዚ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስቲ ኣኽሱም ንዝብል ርእሲ እንትምህሩ ቅርፅታትን ስእልታትን ውፅኢታትን ጥንታዊ መንግስቲ ኣክሱም ዘመልክቱ ሒዞም ናብ ክፍሊ ይእተዉ። ንኣብነት ቅርፃ ቅርፂ ሓውልትታት፣ መስቀላት፣ ፅዋኣትን ሳናቲምን ከምኡ'ውን ካብ መሬት ዝተሰርሑን ቤተ ክርስትያን ፅዮን ማርያምን ወዘተ ምጥቃም ይከኣል። ብተመሳሳሊ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስቲ ዛጉዌ ብዝምልከት ኣብ ሮሃ - ላሊበላ ዝርከቡ ውቅር ኣብያተ ክርስትያናት ዝገልፁ ቅርፃ ቅርፅን ስእልታትን ሒዞም ናብ ክፍሊ ምእታው ከድልይ'ዩ። ክንድዚ ዝኣክል ዝርኣዩ ውፅኢታትን ዓወታትን መንግስቲ ኣኽሱምን ዛጉዌን እናርኣዩ ተምሃሮ ክመያየጡሎም ምስገበሩ ብድሕሪ'ዚ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መረዳእታታት ብዝርዝር ይግለፁሎም። ተምሃሮ ክሳብ ክንደያናይ ከምተረደኦም ንምግንዛብ መጠቓለሊ ሕቶታት እናሓተቱ ዝህብዎም መልስታት መሰረት ብምግባር መጠቓለሊ ይሃብዎም። ንተምሃሮ ኣሳታፋይን ኮርኳሓይን ኣግባብ ኣመሃህራ ምጥቃም ወሳናይ እዩ።

መምህር! ኣብ ዝቕፅል ክፍለግዘ ድማ ብዛዕባ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ማእኸላይ ዘበን መንግስቲ ጎንደር እንትምህሩ ኣርባዕተ ቅድመ ኩነት ክፍፅሙ ይግባእ። ቀዳማይ ቅድመ ኩነት ተምሃሮ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣንቢቦም ክመፁ ብመልክዕ ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ዘንበቡን ዘየንበቡን ይፍለይዎም። ዘንበቡ ተምሃሮ እንታይ ከምተረድኡ ይሕተትዎም። ዘየንበቡ ተምሃሮ ድማ ኣብ ቀፃሊ ዝወሃቦም ዕዮ ገዛ ከንብቡ ከምዝግባእ ይግለፁሎም። ተምሃሮ ልምዲ ምንባብ መፅሓፍ ንኸማዕብሉ ይሕግዞም'ዩ። ካልኣይ ካርታ ማእከላይ ዘበን ሃፀያዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስኢሎም ናብ ክፍሊ ይመፁ። ሳልሳይ ካርታ ቅፅረ ግቢ ቤተ መንግስቲ ነገስታት ጎንደር ኣብ

ዓብዪ ወረቐት ይስኣልዎ። ራብኣይ ካርታ ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ፋሲል (ፋሲለደስ) ስኢሎም ናብ ክፍሊ ይምፅኡ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእሊ ራእሲ ስሑል ሚካኤልን ራስ ግምብን'ውን ንምይይጥ ሓገዝቲ ገይሮም ይጠቐሙሎም። እዚኦም ንዝግበር ሕቶን መልስን ምይይጥን ወሰንቲ እዮም። ክንድዚ ዝኣክል ብስእላዊ መግለፅታት ዝተሓገዙ ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ምይይጥ ድሕሪ ምግባር ስዒቡ ንመፅሓፍ ተምሃራይ ማእኸል ዝገበሩ ዝርዝር መግለፅታት ክቐርብ ይግበሩ። ገለፃ ኣፀርዩ ወሳናይ ኣግባብ ኣመሃህራ'ዩ። ተምሃሮ'ውን ነዞም ስእላዊ መግለፅታት መሰረት ብምግባር ብጉጅለ ዕዮታት ክሰርሑን እናተመያየጡ ሓፀርቲ ፅሑፋት ክዳልዉ ይግበርዎም። ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ ይሃብዎም።

መምህር! ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ስእላዊ መግለፅታት መሰረት ብምግባር ብዛዕባ ስራሕቲ ዛላታት ህዝቢ ኮንሶ፣ ታሪካውነት ከተማ ሃረር፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ስርዓት ገዳ ህዝቢ ሲዳማን ኦሮሞን ዝምልከቱ መብርህታት ንምሃብ ተምሃሮ ካብ መፅሓፍ ተምሃራይ እንታይ ከምተምሃሩ ይሕተትዎም። ስለዚ ብዛዕባ ፍሉይ ጥበብ ባህላዊ ስራሕ ዛላታት ህዝቢ ኮንሶን መእተዊ በሪ መንደቕ ጀጎል ዝምልከቱ ተምሃሮ እንታይ ከምተረድኡ ይሕተትዎም። ድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ህዝቢ ኮንሶ፣ ጀጎልን ስርዓት ገዳን ዝምልከት ዝርዝር መግለፂ ይሃብዎም። ነዚ ዝርዝር መግለፂ እንትህቡ ብሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ምይይጥን ተዋዲዱ ክጉልብትን ተምሃሮ ድማ ዕዮታት ገዛን ክፍልን እናተውሃቦም ዝሰርሕዎ እናተፈተሸ ነዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምጥንኻር ከድልይ'ዩ። ኣብ መወዳእታ'ዚ ንኡስ ርእሲ ዘለዉ መልመድታት ብግቡእ ክምልሱ ይግበሩ። ተምሃሮ ኣብዘይተረድኦም ብምልኡ ይሓግዝዎም።

ካብዚ ብምቕፃል ኣብ ትሕቲ 1.4 ዝርከብ "ሕብረትን ዘበናውነትን" ዝበል ርእሲ እንተምህሩ ንቅድም ተምሃሮ ከምቲ ልሙድ ነቲ መፅሓፍ ተምሃራይ ኣንቢቦም ክመፁ ይግበሩ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ መበል 19 ክፍለዘበን ሃገርና ኢትዮጵያ ምስ ወረርቲ ሓይልታት ዘካየደቶም ኲናት ዝምልከት ካርታ ኣብ ዓብዪ ወረቐት ብምስኣል ተምሃሮ ክመያየጡሉ ይግበሩ። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ምስላ "ዝሓበራ ኣፃብዕቲ ኣርቃይ የፀምብዓ" ዝብል ምስዚ ርእሲ ብምትእስሳር እንታይ ማለት ከምዝኾነ ይመያየጡሉ። ሓድነትን ሕብረትን ሉኣላዊነትን ነፃነትን ሓገር ኣብ ምህላዎም ዝህልዎ ረብሓ ኣመልኪቶም ንተምሃሮ ይሕተትዎም። ሕብረትን ሓድነትን ሓይሊ'ዩ፣

መፅናዕቲ ን ትብዓትን'ዩ፣ መሰረት ዓወት'ውን እዩ ብዝብል መሰረታዊ ጉዳይ እንተተረዳዲእኹም ናብ ዝቕፅል ዝርዝር መግለፂ ይእተዉ።

ነዚ መረዳድኢ ሓሳብ መሰረት ብምግባር ኣብ 1.4.1 ዝርከብ "ረብሓ ሕብረትን ሓድነትን ኣብ ኵናት ዓወት ዓድዋ" ዝብል ንኡስ ንኡስ ርእሲ ንተምሃሮ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ካብ እዋን ሃፀይ ቴዎድሮስ ካልኣይ ጀሚሩ ክሳብ እዋን ዳግማዊ ሃፀይ ምኒሊክ ኣብዝነበረ ነዊሕ እዋን ሰራዊት እንግሊዝ፣ ግብፂ፣ ሱዳን፣ ኦቶማን ቱርክን ጣልያንን ብኣንፈት ሰሜናዊ ክፋል ሃገርና ኣዝዩ ብዙሕ ወራር የካይዱልና ከምዝነበሩ ዝፍለጥ'ዩ። ነዚኦም ብምዝኽኻር ብፍላይ ኣብ ወርሒ ለካቲት 1888 ዓ.ም ዝተወልዐ ኵናት ዓድዋ መንቀሊኡ እንታይ ከምዝነበረ፣ ከይዲ ኵናትን ኣሰላልፋ ሓይልታት ጣልያንን ኢትዮጵያን ከመይ ከምዝነበረን፣ ኣብ መወዳእታ ድማ ውፅኢት ዓወት ኵናት ዓድዋ እንታይ ከምዝመስል ብዝርዝር ኣብ ፀሊም ሰሌዳ እናፀሓፍኩም ኣረድእዎም። ብፍላይ ድማ ኵናት ዓድዋ ዝተኻየደሎም ሰለስተ ቦታታት ኣነፂሮም ንተምሃሮ የረእይዎም። ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርኣዩ ስፍራታት ብስእሊ የመላኽት እዩ። ስለዚ መምህር! ንተምሃሮ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ብምቕራብ ኣሳታፊይን ኮርኳሕን ኣግባብ ኣመሃህራ ክጥቀሙ ስለዝግባእ ምይይጥ ማእኸል ዝገበሩ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምግባር ከድልይ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ውፅኢት ዓወት ኵናት ዓድዋ ብዝምልከት ዓለምለኻውን ኣህጉራውን ከምኡ'ውን ሃገራውን ረብሓታት ብዝርዝር ይግለፁሎም። ነዚ ርእሲ'ዚ ብካርታን ስእላዊ መግለፅታትን እናተሓገዙ ዝርዝር መግለፅታት ምስገበሩ ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ ብምሃብን ንተምሃሮ'ውን ብጉጅለ ዝስርሑ ዕዮታት ገዛ ብምሃብን መደምደምታ ይግበሩሉ።

ስዒቡ ድማ ኣብ 1.4.2 ዝርከብ "ምትእትታው ዘበናውነት ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዝብል ንኡስ ንኡስ ርእሲ ይርከብ'ዩ። ዘበናውነት ንምትእትታው ሃፀይ ቴዎድሮስ ዝነበሮም ሕልሚ ብዙሕ ዕዉት ከምዘይነበረን ብፍላይ ኣብ ዘመነ ሃፀይ ሚኒልክ ብዙሕ መግለፅታት ዘበናውነት ይተኣታተው ከምዝጀመረ መረዳእታታት ይሕብሩ። ስለዚ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ኣብነታት ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ምትእትታው ይሓብሩሎም። ሃፀይ ምኒሊክን ሃፀይ ሃይለስላሰን ብእዋኖም ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኣብ ምትእትታው ዝተዓወቱ'ዮም። ድሕሪ'ዚ ዝርዝር መግለፅታት ምትእትታው ዘበናውነት ብዝርዝር ምግላፅ ከድልይ'ዩ። ኣብ መወዳእታ 1.4 ንዘለዉ ውሑዳት መልመድታት

ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ክመያየጡሎም ይግበሩ። ስለዚ ነዚ ርእሲ ዝምረፅ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትርኣይ ካርታታትን ስእላዊ መግለፅታትን እናተሓገዙ ብሕቶታትን መልስታትን እናራጎዱ ምይይጥን ገለፃን ምስ መጠቓለልን እናተጠቐሙ ዝተፈላለዩን ዝተዋደዱን ኣግባብ ኣመሃህራ ኣገደስቲዮም።

ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ዘሎ ርእሲ ኣብ 1.5 ዝርከብ "ቑልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን" ዝብል'ዩ ዝርከብ። መምህር! እዚ ርእሲ እንትምህሩ ንቅድም ሕቶታት ብምሕታት ተምሃሮ የመያይጥዎም። ኣሰፋፍራ እንታይ ማለት እዩ? ከመይ ይግለፅ? ዝብሉ ሕቶታት ንቅድም የቕርቡሎም። ቀፂሎም ተምሃሮ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘሎ ኣሰፋፍራን ኣፈላላይን ይሕተትዎም። ኣብ ደጉዓን (ከበሳን) ቆላን (መታሕት) ዘሎ ኣሰፋፍራን ኣፈላላይን ይሕተትዎም። ነዚ ምይይጥ ክሕግዝ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእሊ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ከተማን ገጠርን መሰረት ብምግባር ብዝበለፀ ተመያየጡ። እዞም ሕቶታት እናተመለሱ ምይይጥ ምስተገብረ ኣብ መወዳእታ ኣሰፋፍራ እንታይ ማለት ከምዝኾነ የብርሁሎም። መግለፂ ኣሰፋፍራ ዝኾኑ ኣብነታት እናጠቐሱ ንተምሃሮ ብዝርዝር ይብርሁሎም። ድሕሪ'ዚ መግለፂ ብዛዕባ መንቀሊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ኣብ ክልተ መቒልካ ምርኣይ ከምዝከኣል ይሓብሩሎም። ኣፈላላይ ኣብ ኣሰፋፍራ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ባህሊ'ውን እዩ ዘሎ። ስለዚ ባህልን ልምድን ምስ ኣሰፋፍራ ተዛሚዱ ዘለዎም ምትእስሳርን ኣፈላላይን ንተምሃሮ ብኣብነት እናደገፍኩም ግለፁሎም።

ኣፈላላይ ኣሰፋፈራን ባህልን ብዝበለፀ ንተምሃሮ ግልፂ ንምግባር ምስ ህዝብታት ኢትዮጵያ ብምግንዛብ ዝርዝር መብርሂ ይሃብዎም። እዚ ኩነታት ምስ ኣግባብ መነባብሮ ህዝብታት የተኣሳስርዎ። ኣሰፋፍራ፣ ባህልን መነባብሮን ዝተኣሳሰሩን ዝተፈላለዩን'ውን እዮም። መምህር! ባህሊ እንታይ ማለት ከምዝኾነን ከመይ ከምዝግለፅን ንተምሃሮ ብዝርዝር የረድእዎም። ብዛዕባ ኣከዳድናን ኣሰራርሓ መንበርን ኣመልኪቱ ኣብ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ኣገርና ዘለዉ ሓድነትን ኣፈላላይን ንምምልካት ዝተዳለዉ ስእልታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስለዘለዉ ነዚኦም ብምርኣይ'ውን ተመያየጡ። ንዝበለፀ ኣግባብ ኣመሃህራ ኣብ ገጠርን ከተማን ዘለዉ ኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን ከምኡ'ውን ልምድታትን ግልፂ ንምግባር ኣብ ዓብዩ ወረቐት ፅሒፍኩም ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ ናብ ናፍ ክፍሊ ይእተዉ።

ስለዚ ንተምሃሮ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለ መቒሎም ሕድሕድ ጉጅለ ነናይባዕሎም ዕዮ ክሰርሑ ይግበሩ። ነዚ ዝሕግዞም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ዕዮታት ጉጅለ ይጠቐሙሎም። ስለዚ መምህር! ነዚ ርእሲ ብዝበለፀ ግልፅን ንፁርን ገይሮም ንተምሃሮ ንምርዳእ ክሕግዞም ብሕቶታትን መልስታትን ዝተሰነዩ ምይይጥ ምክያድ ኣገዳሲ እንትኸውን ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ብዕዮታት ክፍልን ገዛን ዝኀልበቱ ዝርዝር መግለፅታት ምሃብ ብጣዕሚ ዝጠቅም'ዩ። ብድሕሪ'ዚ ድማ መጠቓለልን ዝተፈላለዩ መልመድታትን ተምሃሮ ክሰርሑ ምግባር ወሳናይ እዩ። ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃሮ ብዝወሃቦም ዕዮ መሰረት ገይሮም ሓፀርቲ ፅሑፋትን መፅናዕትታትን ሒዞም ክመፁ ምትብባዕ የድልይ'ዩ።

ስለዚ መምህር! ነዚ ምዕራፍ ንተምሃሮ እንተምህሩ ክኸተልዎ ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትፅሞ'ቕ ምስ ስእልታትን ካርታን ዝተዛመደ ገለፃ፣ ኣገደስቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ምፅሓፍ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋትን ውፅኢት ሕትመታትን እናኣላለሽኩም ናብ ክፍሊ ሒዞም ብምምፃእ ንተምሃሮ ምንባብን ክንበበሎም ምግባርን፣ ሰሪሕኻ ምርኣይ፣ ሕቶን መልስን፣ ዕዮ ጉጅለን ክፍልን፣ ምንባብን ኮርኳሒ ኣቀራርባን፣ ብካርታን ስእልን ዝተደገፈ ሓባራዊ ምይይጥ፣ ምድጋምን መጠቓለልን፣ ኣብ መወዳእታ ምስ መልመድታት ዝተኣሳሰሩ ፈተነታት ምስራሕ እቶም ቀንድን ኣገደስትን ክጥቀሙሎም ዝግብኡ መስረፅቲ ኣግባብ ኣመሃህራ ይርከብዎም። ካብዚ ብተወሳኺ ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብዝርከብ ቤተ ንባብ ነዚ ትምህርቲ ዝምልከቱ ካልኦት መፃሕፍቲ ወይድማ ኢንካርታ (Encarta) ብምርኣይ ንዝተምሃርዎ ክኀልብቱ ክበረታትዑ ይግባእ፡

## 10. ፍሉይ መረዳእታ ንመምህር

መምህር! ከምቲ እትፈልጥዎ ቀርኒ ኣፍሪካ ንፁር ዶብ ዘለዎ ኣይኮነን። ዝተፈላለዩ ምሁራት ዝተፈላለዩ ሓበሬታታት እዮም ዘቕርቡ። ገለገለ ፅሑፋት ሱዳንን ኬንያን ካልኦትን ኣካል ቀርኒ ኣፍሪካ ጌሮም ይወሰድዎም እዮም። እቲ ብብዙሓት ፍልፍላት ተቐባልነት ዘለዎ ግን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ኣርባዕተ ጥራሕ ከምዝኾና እዩ። ንሳተን ድማ እተን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተሓበራ ሃገራት እየን።

ኣንፃራዊ መርክቦ ኣብ ዝግለፀሉ እዋን ሓደ ቦታ ካብቲ ካልእ ብኣንፈት ምብራቕ - ደቡብ፣ ምዕራብ - ሰሜን ወይድማ ምብራቕ - ሰሜን ወዘተ ኢልካ ኣይግለፅን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ኩሉግዘ መጀመርያ ዝመፅእ ሰሜን ወይድማ ደቡብ ጥራሕ እዩ። ንኣብነት ኣዲስ ኣበባ ካብ ሞቃዲሾ ብሰሜን - ምብራቅ እምበር ብምብራቅ ሰሜን ኣይበሃልን።

ብዛዕባ መበቆል ደቂ ሰብን ኳዕቲ ዝተኻየደሎም ቦታታት፣ ኣመፃፅኣ ሃይማኖት ክርስትናን እስልምናን ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ፣ ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን፣ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ህዝብታት ኢትዮጵያ፣ ሕብረትን ዘበናውነትን፣ ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ብዛዕባ ቑልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን ዝምልከት እኹል መረዳእታን ሓበሬታታትን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተመልከተ ብምኻኑን ኣግባብ ኣመሃህራ'ውን ብንፁር ዝርዝር ኢሉ ክሕግዝ ብዝኽእል ኣገባብ ስለተዳለወን ንመምህር! ዝኸውን ፍሉይ ወይድማ ተወሳኺ ሓበሬታ የድልይ'ዩ ዝብል እምነት የብልናን። ዝቐረበ ምሉእ መረዳእታ ዝሓዘ ብምኻኑ እኹል'ዩ ዝብል እምነት ኣለና።

## 11. ኣግባብ ገምጋምን ፈተሻን

መምህር! ስራሕን ተሳትፎን ሕድሕድ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጡ ብተኸታታሊ (Continues Assessment) ክፍተሸ ኣለዎ። ሕድሕድ ተምሃራይ በዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ክምዘን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተዳላዩ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። ኣብዚ መምህር! ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግፅ ንተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ እዩ። እቶም ዘዕግብ ደረጃ ዝሰርሑን ዝወነኑን (ዝበፅሑ) ተምሃሮ (Students working at the minimum requirement revel)፣

- መርክቦ ቀርኒ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ብመንፅር ጎረባብቲ ሃገራትን ዓበይቲ ማያዊ ኣካላትን ይገልፁ።
- ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ።
- ኣመፃፅኣ ቀንዲ ሃይማኖታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይገልፁ።
- ሰዓብቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ብሓባር ምንባሮም ይግንዘቡ።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይርድኡ።

- ቀንዲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ይፈልዩ።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይገልፁ።
- ረብሓ ሓድነትን ሕብረትን ኣብ ዓወት ኩናት ዓድዋ የብርሁ።
- ዕፅንቶ ዘበናውነት ኣብ ኢትዮጵያ ይገልፁ።
- ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ምኽንያታት ኣስፋፍራ ምስ መነባብሮ የዛምዱ።
- ምክንያታት ኣፈላላይ ኣስፋፍራ ህዝቢ የለልዩ።
- ኩነታት መነባብሮን ባህልን ኣብ በረኸቲ በታታትን መታሕትን ኢትዮጵያ የነፃፅሩ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ክነኣዳን ብፃዕረን ንዝረኸብኦ ወፅኢት ድማ ኣፍልጦ ኽወሃበን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ብዝረኸብኦ ውፅኢት ከይተወሰና ጠንኪረን ክሰርሓን ክተባብዓን ኣለወን። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ሰዒቦም ንኽርክብዎም ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

መምህር ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኽረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ አድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ። ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ እዩ ዝኸውን።

1. ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
2. ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
3. ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
4. ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር

5. ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወይኦም ክገልፁን ከረድኡን ምግባር
6. ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክሰርሑን ክመያየጡሉን
7. መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
8. ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋትን መብርሂታትን ምቕራብ፣

## 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት

### √ ንመልመዲ 1.1 ዝተውሃቡ መልስታት

**ሀ)**

1. ሓሶት 2. ሓቂ 3. ሓቂ 4. ሓሶት 5. ሓቂ

**ለ)**

1. ሀ 2. መ 3. ለ 4. ሀ 5. ለ
6. ለ 7. ሀ

**ሐ)**

1. ሐ 2. ሽ 3. ሀ 4. ሰ 5. ለ

**መ)** ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝኾኑ፤

ኢትዮጵያ፣ ኤርትራ፣ ጂቡቲን ሶማልያን እዮም።

ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዘይኮኑ ድማ

ግብፂ፣ ሱዳን፣ ኡጋንዳ፣ የመን፣ ቻድ፣ ሩዋንዳን ታንዛንያን እዮም።

### √ ንመልመዲ 1.2 ዝተውሃቡ መልስታት

ሀ. ንሓቂ / ሓሶት ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሓቂ 2. ሓቂ 3. ሓሶት 4. ሓቂ 5. ሓቂ 6.ሓሶት 7. ሓቂ

ለ. ንኣዛምድ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሐ 2. ሀ 3. መ 4. ሰ 5. ለ

## √ ንመልመዲ 1.3 ዝተውሃቡ መልስታት

ሀ. ንሓቂ / ሓሶት ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

1. ሓቂ 2. ሓሶት 3. ሓሶት 4. ሓቂ
5. ሓቂ 6. ሓቂ 7. ሓሶት 8. ሓሶት

ለ. ንኣዛምድ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

1. ረ 2. ሰ 3. ሸ 4. ቀ 5. ሀ
6. በ 7. ለ 8. ተ 9. ሐ 10. መ

## √ ንመልመዲ 1.4 ዝተወሃቡ መልስታት

ሀ. መልሲ ንሕቶታት ሓቂ / ሓሶት እናተብሃለ ንዝምለሱ

1. ሓሶት 3. ሓቂ 5. ሓቂ 7. ሓቂ 9. ሓሶት
2. ሓቂ 4. ሓቂ 6. ሓቂ 8. ሓሶት 10. ሓሶት

ለ. መልሲ ንሕቶታት ኣዛምድ

1. መ 3. ሸ 5. ቀ 7. ረ 9. ሐ
2. ሰ 4. በ 6. ሀ 8. ተ 10. ለ

## √ ንመጠቓለሊ ሕቶታት ምዕራፍ ሓደ ዝተውሃቡ መልስታት

ሀ. ሓቂ ወይድማ ሓሶት እናተብሃለ ንዝመለሱ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ

1. ሓሶት 2. ሓቂ 3. ሓሶት 4. ሓሶት 9. ሓቂ
5. ሓሶት 6. ሓቂ 7. ሓቂ 8. ሓሶት 10. ሓቂ
11. ሓሶት 12. ሓቂ 13. ሓቂ 14. ሓቂ 15. ሓቂ

## ለ. ንሕቶታት ኣዛምድ ዝተውሃቡ መልስታት

### ንኣዛምድ ቀዳማይ ክፋል ዝተውሃበ መልሲ

1. ሐ 2. ሀ 3. መ 4. ሰ
5. ለ

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 6. ተ | 8. ከ | 10. ወ | 12. ደ | 14. ቀ |
| 7. ቸ | 9. ነ | 11. ረ | 13. ሸ | 15. በ |

### ንኣዛምድ ካልኣይ ክፋል ዝተውሃበ መልሲ

| | | | | |
|---|---|---|---|---|
| 1. ረ | 3. ተ | 5. ሀ | 7. ቀ | 9. ሐ |
| 2. ሰ | 4. ሸ | 6. በ | 8. መ | 10. ለ |

## ሐ. ንዝቐረቡ ሕቶታት ዝተውሃቡ ቅኑዕን ትኽክለኛን መልስታት

1. ኣብ ደቡብ ኣፍሪካ - ቱኣንግ፣
   ኣብ ታንዛንያ - ሽንጥሮ ኦልዱቫይ፣
   ኣብ ሰሜን ኬንያ ከባቢ ሃይቅ ቱርካና፣
   ኣብ ኢትዮጵያ - ሃዳርን ኦርዲን
2. ሮም፣ ኣለክሳንድርያ፣ ኣንቲያች፣ ቆንስጣንጢኖስን እየሩሳሌምን
3. ብወገን ቀይሕ ባሕሪ ትርከብ ደሴት ዳህላክ፣ ብወገን ወሽመጥ ባሕሪ ኤደን ትርከብ ወደብ ዘይላ፣ ከምኡ'ውን ብወገን ውቅያኖስ ህንዲ ዝርከቡ ሞቃዲሾ፣ ብራቫን መርካን
4. ሂጂራ
5. ጂሃድ
6. ኣብ ኲናት ዓድዋ ህዝብታት ኢትዮጵያ ተሓባቢሮምን ሓድነቶም ኣስጢሞምን ኣብ ዙሪያ ንጉሰ ነገስት ተሰሊፎም። ጉልበት ዘለዎ ብጉልበቱ፣ ሰራዊት ዘለዎ ብሰራዊቱ፣ ዓቕምን ጉልበትን ዘይብሉ ድማ ብፀሎቱ ብመንፈስን ብኣካልን ኣንፃር ሰራዊት ከቲቶም። ከባብያዊ ምምሕዳሮም ተኸቲሎም ኩሎም ህዝቢ ሃገር ኣንፃር ባዕዳዊ ወራሪ ሓይሊ ወፊሮም። ህዝብታት ኢትዮጵያ ብምልኦም ብሓደ ልቢ፣ ብሓደ መንፈስ፣ ብሓደ ስምዒት ንሃገርን ንባንዴራን ዝብል ወነ ሰኒቖም፣ ተሓባቢሮምን ሓድነቶም ኣጠንኪሮምን ፀላኢ መኪቶም። ሓድነትን ሕብረትን ንሕራነ ህዝቢ ረብሓ ኣለዎ። ሃገር፣ ድንበርን ሉኣላዊነትን ኣይነድፍርን ኢሎም። ስለዚ ሕብረትን ሓድነትን ንሉኣላዊነትን ነፃነትን ህዝብታትን ሃገርን ወሰንቲ

ባእታታት እዮም። ኲናት ዓድዋ በዚ መዳይ ንመላእ ኣፍሪካውያን ኣብነት ኾይኑ እዩ።

7. መቐለን ኣላጀን
8. ግራት ምንድብድብ ኣብ እምባ ገሰሰውን እንዳ ኪዳነ ምሕረትን፣ ከባቢ ስንደዶን ኲምሮን ናብ ራዕዮ ዝወስድ ጎልጎል፣ እንዳ ማርያም ሸዊቶ
9. ጀነራል ባራቴሪ ዋና ኣዛዚ ኣብ ራዕዮ ነይሩ። ጀነራል ኣልበርቶኒ ፀገማይ ኣንፈት ሒዙ ናብ እንዳ ኪዳነ ምሕረት ዘምረሐ'ዩ፣ ጀነራል ኣሪሞንዲ ማእኸላይ መስመር ሒዙ ናብ ኲምሮን ስንደዶን ዝመርሐ'ዩ፣ ጀነራል ዳቦርሚዳ ብየማናይ ኣንፈት ሒዙ ናብ እንዳ ማርያም ሸዊቶ ዘምርሐን እቲ ነዊሕ ሰዓት ዝወድኣ ተሪር ኲናት ዝመርሐ'ዩ፣ ጀነራል ኢሌኒ ድማ ድጋፍ ንምሃብ ኣብ ድሕሪት እምባ ራዕዮን ገንደፍታን ዝተቐመጠ ሪዘርብ ሓይሊ'ዩ ነይሩ።
10. ዓወት ኲናት ዓድዋ ዓሙቕ ብሄራዊ፣ (ሃገራውን) ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ረብሓ ነይርዎ። ኢትዮጵያ ሃገርና ክብራን ሉኣላዊነታን ሓልያ ንኸትነብር ወሳኒ ተራ ነይርዎ። ኣብ መወዳእታ መበል 19 ክፍለ ዘበን ኩለን ሃገራት ኣፍሪካ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያን ወዲቐን ነይረን። ነዚ መሰረት ብምግባር መንግስቲ ጣልያን ንኤርትራ ተቖፃፂሩ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ምስወደቐት ንኢትዮጵያ'ውን ብተመሳሳሊ መልክዑ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ጣልያን ንምእታው ዝተገብረ ፈተነ እዩ ነይሩ። ስለዚ ዓወት ኲናት ዓድዋ ዘረጋገፆ መሰረታዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ክትወድቕ ዘይከኣለት ብሕታዊት ፀሊም ኣፍሪካዊት ሃገር ምኳናን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪካ'ውን ሕብረቶምን ሓድነቶምን ኣጎልቢቶም ኣንፃር ባዕዳዊ መንግስቲ እንተተላዒሎም ክዕወቱ ከምዝኽእሉ ዘረጋገፀ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ ነይሩ። ዓወት ኲናት ዓድዋ መርኣያ ኩርዓት ፀለምቲ ኣፍሪካውያን እዩ።

ንፀለምቲ ኣፍሪካውያን ኣብ ልዕሊ ባዕዳዊ ገዘእቶም ተወዲቦም ንኽዕምፁን ኣይንግዛእን ንኽብሉን ብመርኣያነት ዝጥቀስ እዩ። ዓወት ኲናት ዓድዋ ካብዘረጋገፆም ረብሓታት ሓደ ኢትዮጵያ ብሳላ ስሙር ሕብረትን ሓድነትን ኣብ መኸተ ወራር ባዕዳዊ መግዛእቲ ኣውሮፓውያንን ኣፍሪካውያንን ብምልኣም ብሓይላን ትብዓታን ዘይዕፀፍን ዘይተሸረፈን ፖለቲካዊ ነፃነታን ሉኣላዊነታትን ዘረጋገፀት ፀሊም ኣፍሪካዊት ሃገር ምኳና እዩ። ዓወት ኲናት ዓድዋ ብደረጃ

ዓለምን ኣህጉርን ስሙር ሉኣላዊነት ሃገር ንምርግጋፅ ዘኽኣለ ታሪካዊ ተርእዮ'ዩ። ንነፃነትን ሉኣላዊነትን ሃገር ውሕስና ዝሃበ መርኣያ ኣፍሪካውያን እዩ። ብምኽንያት ዓወት ኲናት ዓድዋ ወራሪ ሰራዊት ጣልያን ሕፍረት ተጎልቢቡ። ጋዜጣታትን ዜናታትን ዘመናዊ ኣፅዋር ዝዓጠቐ ሰራዊት መንግስቲ ጣልያን ኣብ ዓድዋ ብድሑር ኣጋር ሰራዊት ፀለምቲ ሰራዊት ኣፍሪካ እሞ ብኢትዮጵያውያን ዘሕፍር ስዕረት ተጎልቢቦም እናበሉ ይፅሕፉ ነይሮም። ኢትዮጵያውነት ንሉኣላዊነት ሃገር ህልው ሕራነ ይግለፅ።

11. መምህር! ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ 1.4.2 ምትእትታው ዘበናውነት ኣብ ሃገርና ዝብል ርእሲ ውሽጢ ኣብ መወዳእታ ዝርከባ ሰለስተ ዓንቀፃት ነዚ ሕቶ ምሉእ መልሲ እዮም። ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብዚ ንኡስ ርእሲ ውሽጢ ዘለዉ ስእልታት ምትእትታው ዘበናውነት መሰረት ብምግባር ሓደ ብሓደ ግለፁሎም። (ቅርሺን ሳንቲምን፣ ቴምብር፣ ቀላሚጦስ፣ መኪና፣ ቴሌግራፍ፣ ባቡር፣ ኣብ ጣብያ ኣዋሽ ንሩባ ኣዋሽ ዘቋርፅ ካብ ሓፂን ዝተሰርሐ ድልድል፣ ኣዲስ ኣበባ ናብ ጂቡቲ መስመር ሃዲድ ባቡር፣ ባንክ ኣቢሲኒያ፣ ዳግማዊ ሚኒልክ ቤት ትምህርቲ፣ ዘመናዊ መንገዲ፣ ግልጋሎት ፖስታን ቴሌኮሙኒኬሽን፣ ግልጋሎት ስልኪ፣ ዳግማዊ ምኒሊክ ሆስፒታል፣ ቤት ሕትመትን ሆቴላትን፣ ሆቴል ጣይቱ ብጡል፣ ምምሕዳር ውሽጢ ሃገር፣ ሚኒስትራት ተሸይሞም፣ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት፣ ስሩዕ ጦር ሰራዊት፣ ስርዓት ግብሪ ተኣታትዩ፣ ጠቅላይ ቤት ፍርዲ ተጣይሹ፣ ከተማታት ኣብ መስመር ባቡር ማዕቢለን ወዘተ)።

# ምዕራፍ ክልተ

# ምድርን ከባቢኣን

## 1. መእተዊ:-

እዚ ምዕራፍ ኣብ ስለስተ ንኡሳን ምዕራፋት ዝተኸፋፈለ እዩ። መጀመርያ ኣብ ትምህርቲ ምንባብ ካርታ ዘተኮረ ብዛዕባ መርከቦ ዝገልፅ ኾይኑ ቐሊል ንድፊ ካርታ ምስራሕ እውን ዘሓወሰ እዩ። ቐፂሉ ዝወፅእ ትሕዝቶ ትምህርቲ ኣብ ምድሪ ዘድሃበ ኾይኑ ብዛዕባ ቕርፅታት ምድርን ሳዕቤናት ምንቅስቓሳታን ዘብርህ እዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ብዛዕባ ወቕታትን ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ዘለዎም ሳዕቤን ምስ ሃገርና ኢትዮጵያ ብምዝማድ ዝግለፅሉ ንኡስ ምዕራፍ እዩ።

## 2. ውፅኢታት'ዚ ምዕራፍ:-

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ:-**

- ቤት ትምህርቶምን ከባቢኡን ፈልዮም ዘርእይ ካርታ ደረጃ ብደረጃ ንዲፎም ይስእሉ፣
- ሳዕቤናት ምንቅስቓሳት ምድሪ የብርሁ፣
- ቐዋምን ወቕታውን ሃፍትታት ማይ ኢትዮጵያ የለልዩ።

## 3. ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ:-

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ ነዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ይውንኑን የማዕብሉን:-

- ረብሓ ካርታ የብርሁ።
- ንድፊ ካርታ ከመይ ከምዝሰኣል የብርሁ።
- መርከቦ ቤት ትምህርቶም ዘርኢ ንድፊ ካርታ የዳልው።
- ቅርፅን ምንቅስቓስን ምድሪ የለልዩ።
- ሳዕቤናት ምንቅስቓሳት ምድሪ የብርሁ።
- ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን የዛምዱ።

## 4.ዝተወደበ ክፍለ ግዘ፡-

ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ 10 እዩ። ብኸምዚ ዝስዕብ ጌርካ ምሽንሻን ተመራፂ እዩ፡-

- ረብሓ ንድፊ ካርታ .................... 1 ክፍለ ግዘ
- ቐሊል ንድፊ ካርታ ምስራሕ ........... 3 ክፍለ ግዘ
- ቅርፂ፣ ምንቅስቓስ ምድርን ሳዕቤኑን ..... 4 ክፍለ ግዘ
- ሳዕቤን ወቕታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ...2 ክፍለ ግዘ።

## 5. ቐንዲ ትሕዝቶታት'ዚ ምዕራፍ

2.1 **መርክቦና**።

- ረብሓ ንድፊ ካርታ ኣንፈትን መርክቦን ንምምልካት
- ቐሊል ንድፊ ካርታ ምስራሕ

2.2 **ቕርፂ፣ ምንቅስቓስን ሳዕቤን ምንቅስቓስን ምድሪ**።

- ቕርፂ ምድሪ።
- ምንቅስቓስ ምድርን ሳዕቤኑን።
- ቀትርን ለይትን።
- ወቕትታት።
- ዝንባለ ምድርን ወቕትታትን።

2.3 **ሳዕቤን ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን**።

- ወቕትታት ኣብ ኢትዮጵያ።
- ሳዕቤን ወቕትታት ኣብ ንጥፈታት ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን።

## 6. መምሀሪ ሓገዛት፡-

ነዚ ምዕራፍ ዝኸኑ መምህሪ ሓገዛት፡-

- ኘላን ቤት ትምህርቶም ወይ ካልእ ኘላን።
- ርሕቐት መዐቀኒ ሜትሮ።
- ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ብተምሃሮ ዝተስኣሉ ካርታታት።
- ሉል /ግሎብ/
- ላምባዲና።
- ኣንፈት ዘመላኽቱ ዝተፈላለዩ ካርታታት ወረዳ፣ ክልል፣ ሃገር

- ፍርያት ሕርሻ ዝተፈላለዩ ወቕትታት /ንኣብነት በለስ ኣብ ክረምቲ፣ ሸዊት ቐውዒ/

## 7. ፍልፍል መፃሕፍቲ

- ዝነበሩ መፃሕፍቲ ተምሃራይ ከባቢ ሳይንስን ሕብረተሰብ 2ይ - 8ይ ክፍልታት
- WORLD GEOGRAPHY
- EARTH SCIENCE
- SECONDARY SCHOOL GEOGRAPHY
- GLOBAL WARMING – CAUSES AND EFFECTS
- ENCARTA 2009
- GOOGLE
- YAHOO

## 8. ርክባት መምርሒ ንመምህርን መፅሓፍ ተምሃራይን

| ንኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበሉ ክፍለ ግዜ | ቁፅሪ ገፅ መፅሓፍ ተምሃራይ | ቁፅሪ ገፅ መምርሒ መምህር | ፍልፍል ፅሁፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 2.1 | መርከቦና። <br>• ረብሓ ንድፊ ካርታ ኣንፈትን መርከቦን ንምልካት <br>• ቀሊል ንድፊ ካርታ ምስራሕ | • ረብሓ ካርታ የብርሁ። <br>• ንድፊ ካርታ ከመይ ከምዝሰኣል የብርሁ። <br>• መርከቦ ቤት ትምህርቶም ዘርኢ ንድፊ ካርታ የዳልው። | 4 | | | |
| 2.2 | ቅርፂ፣ ምንቅስቓስን ሳዕቤን ምንቅስቓስን ምድሪ። <br>• ቅርፂ ምድሪ <br>• ምንቅስቓስ ምድርን ሳዕቤኑን። <br>• ቐትርን ለይትን <br>• ወቕትታት | • ቅርፅን ምንቅስቓሳትን ምድሪ የለልዩ። <br>• ሳዕቤናት ምንቅስቓሳት ምድሪ የብርሁ። | 4 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | • ዝንባለ ምድርን ወቕትታትን። | | | | | |
| 2.3 | ሳዕቤን ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን<br>• ወቕታት ኣብ ኢትዮጵያ<br>• ሳዕቤን ወቕትታት ኣብ ንጥፈታት ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን። | • ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን የዛምዱ። | 2 | | | |
| ጠቕላላ ድምር | | | 10 | | | |

## 9. ሓገባብ ሓመሃህራ

መምህር! መርክቦና ዝብል ንኡስ ምዕራፍ 2.1 ምምሃር ቅድሚ ምጅማርኩም ኣቐዲምኩም ዝተፈላለዩ ካርታታትን ንድፊ ካርታታትን ኣዳልው። እቶም ካርታታት ብዝተኻኣለ መጠን ዝተፈላለዩ ክኾኑ ፀዓሩ። ካርታ ዓለም፣ ካርታ ኣፍሪካ፣ ካርታ ምብራቕ ኣፍሪካ፣ ካርታ ኢትዮጵያ፣ ካርታ ክልል ትግራይን ካርታ ቤት ትምህርትኹም ዝርከበሉ ወረዳን ተጠቐሙ። ነቶም ኣብ ካርታ ዘለው ዝተፈላለዩ ምልክታት፣ ምስልታትን ሕብርታትን ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ ኣብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብዝግባእ ተጠቐምሎም። ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ቕድሚ ምእታውኩም ተምሃሮ ናይዚ ምዕራፍ ወፅኢታትን ብቕዓታትን ብዝግባእ ክግንዘቡ ግበሩ። ብምቕፃል ነዞም ካርታታት ተጠቒምኩም ተምሃሮ ካርታ ማለት እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኽገልፁን ክመያየጡን ግበሩ። ካብ ዝተፈላለዩ ተምሃሮ ትርጉም ካርታ ዝምልክቶ ዝቐረቡ ሓሳባት ብመልክዕ ኣገባብ ኣመሃህራ ሓንጎል ኮርኳሪ (BRAIN STORMING) ኣብ ሰሌዳ መዝግብዎም። መምህር! ብድሕሪ'ዚ ሰፊሕ ምይይጥ ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ቐሪቡ ዘሎ ትርጉም ካርታ ምስቲ ተምሃሮ ዝቐምጥዎ እናነፃፀርኩም ንተምሃሮ ግለፁሎም። ተምሃሮ'ውን ባዕላቶም ቅድም ዝነበሮም ኣተሓሳስባን ሕዚ ዝጭብጥዎን ብምንፅፃር ክመያየጡ ግበርዎም። መምህር! ተምሃሮ እንታይነት ካርታ ብዝግባእ ከምዝጨበጡ ምስ ኣረጋገፅኩም ተምሃሮ ነቶም ዝተፈላለዩ ካርታታት ብምርኣይ ካርታ ንምንታይ ከምዝጠቅም ክመያየጡ ግበርዎም። ካርታ

መርከቦ ንምርካብ፣ ርሕቐት፣ ኣንፈትን ስፍሓትን ንምርካብ ከምዝጠቅም ምስተምሃሮ ብዝግባእ ተመያየጡሉ። ብተወሳኺ'ውን ካብ ካርታ መርከቦ፣ ኣንፈት፣ ርሕቐትን ስፍሓትን ከመይ ጌርና ክንረክብ ከምእንኽእል ሰፊሕ ምይይጥ ብምክያድ ተምሃሮ ባዕላቶም ካብ ካርታ መርከቦ፣ ኣንፈትን ርሕቐትን ክረኽቡ ግበሩዎም።

መምህር! ተምሃሮ ረብሓ ካርታ ብዝግባእ ኽገልፁ ከምዝኽእሉ ምስ ኣረጋገፅኩም ንድፊ ካርታ ከመይ ከምዝሰኣል ኣርእይዎም። ነቲ ሒዝኩምዎ ዘመፃኹም ንድፊ ካርታ ምስቶም ካልኦት ካርታታት ብምንፅፃር ተምሃሮ እንታይነት ንድፊ ካርታ ክግንዘቡ ግበሩዎም። ብምቕፃል ተምሃሮ ባዕላቶም ንድፊ ካርታ ንኽስእሉ ቅድመ ምድላዋት ክገብሩ ሓግዝዎም። ዘድልዮም ወረቐት፣ እርሳስ፣ መደምሰስ፣ መስመርያ፣ ሕብርታት ወዘተ የዳልዉ። ቐፂሎም ርእሱ ካርታ ክመርፁ ግበርዎም። ንኣብነት እቲ ርእሲ ካርታ ቑሸትና፣ ጣቢያና፣ ወረዳና ወይ ካልእ ክኾን ይኽእል። ብምቕፃል ብመሰረት ስፍሓት ወረቐቶም ሓደ ዓብይ ሬክታንግል ስኢሎም ኣብ ውሽጡ ነቲ ንድፊ ካርታ ይስኣሉ። ኣብቲ ንድፊ ካርታ ክግለፁ ዝደልይዎም ቀንዲ ነገራትን ቦታታትን መሪፆም ኣብ ቦትኦም የቐምጥዎም።

ንኣብነት ሩባ፣ ቓላይ፣ እምባ፣ መንበሪ ቦታ፣ ቦታ ሕርሻ፣ ቤት ትምህርቲ፣ ክሊኒክ፣ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር፣ ጎቦን ካልኦትን ምስ ኣስማቶም የመላኽቱ። ኣብ መወዳእታ ህዳግ ካርታ ክሰርሑ ይግበርዎም። ኣብቲ ህዳግ ካርታ ሚዛን ካርታ፣ ኣንፈት፣ ርእሲ ካርታ፣ ዕለት፣ መፍትሕ ወዘተ ብዝግባእ የቐምጡ። መምህር! ነዚ ንድፊ ካርታ ቕድሚ ምስርሖም ግና መጀመርያ ምስተምሃሮኹም ኮይንኩም ኘላን መምህሪ ክፍልኹም ኣዳልው። ጎንታት እቲ ኽፍሊ ዓቒንኩም ፍለጡ። በዚ መሰረት ኣብ ወረቐትኩም ንምስፋር ዝጥዕመኩም ሚዛን ካርታ ኣቐምጡ። ብመሰረት ሚዛን ካርታኹምን ዓቐን ጎንታትን ቁመትን ክፍልኹምን ሓደ ትሬያንግላዊ ቕርፂ ኣቐምጡ። ኣብ ውሽጢ እዚ ትሬያንግል ድማ መስኮት፣ ጠረጴዛ፣ ሰሌዳ፣ በሪ ኽፊልኩምን ካልኦትን ኣብ ኘላን ኣብ ትኽክለኛ ቦትኦም ኣቐምጡዎም። ብምቕፃል ነዚ መሰረት ጌሮም ኣብ ሰሌዳ ንድፊ ካርታ ቤት ትምህርቶም ይስኣሉ። ኣብዚ ካርታ - ናሙና (SAMPLE MAP) መርከቦ መምህሪ ክፍልታት፣ ሜዳ ስፖርት፣ ሽቓቓት፣ ቤት ፅሕፈት ርእሰ መምህርን ካልኦት በትኽኽል ከቐምጡ ይግበሩዎም።

መምህር! ኣቐዲሞም እዚ ኹሉ ምስ ፈፀሙ እዮም ነቲ ዝደልይዎ ንድፌ ካርታ ቑሽቶም፣ ጣቢይኦም ወይድማ ወረድኦም ዝስእሉ። መምህር! ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ዝተመደበ ክፍለ ግዜ ኣርባዕተ እዩ። ስለዚ እዚ ተግባራዊ ትምህርቲ ካብ 4 ክፍለ ግዜ ንላዕሊ ክወስድ ስለ ዝኽእል ትርፊ ግዜ ክትጥቀሙ ኣለኩም። ስለዚ መምህር! ናብ ዝቕፅል ንኡስ ምዕራፍ 2.2 ቕድሚ ምስጋርኩም መጀመርያ ኩሎም ተምሃሮ ቐሊል ንድፊ ካርታ ናይ ምስራሐ ክእለት ከምዘማዕበሉን ከምዝወነኑን ከተረጋግፁ ኣለኩም።

መምህር! ቅርፂ፣ ምንቅስቓሳትን ሳዕቤናት ምንቅስቓሳትን ምድሪ ዝብል ንኡስ ርእሲ 2.2 ምምሃር ቕድሚ ምጅማሮም ከምቲ ወትሩ ነቶም ኣብዚ መምርሒ ንመምህር ተሓቢሮም ዘለዉ ከም ሳምባዲና፣ ግሎብ (ሉል) ካልኦትን ኣዳሊኹም ንኽፍሊ ሒዝኩም እተዉ። ብምቕፃል ቕርፂ ምድሪ እንታይ ዓይነት ከምዝኾነ ተምሃሮ ዘለዎም ኣረኣእያ ኽገልፁ ይግበሩዎም። ቕርፂ ምድርና ክቢ እዩ? ወይድማ ሰጣሕ እዩ? ኣብዝብሉ ክልተ ጉጅለታት ብኣገባብ ኣመሃህራ ክትዕ (DEBATE) ክተኣማመኑ ይግበሩዎም። ብድሕሪ እዚ ነቲ ቕርፂ ምድሪ ዘርእይ ምስሊ ማለት ግሎብ /ሉል/ ተጠቒምኩም ምድርና ሰጣሕ ከምዘይኮነት ብዝግባእ ኽግንዘቡ ግበሩዎም። ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ስእሊ 2.2 ተሓቢሩ ዘሎ ቕርፂ ምድሪ ዘርእይ ፎቶግራፍ ሳተላይት ክርእዩ ብምግባር ኣጠናኽርዎ።

መምህር! ግሎብ ቕርፂ ምድሪ ከምዘርእይ ምስ ገለፅኩም ነቲ ግሎብ ካብ ምዕራብ ናብ ምብራቕ ክዘውር ብምግባር ምድርና ከምእትዘውር ብተግባር ክርእዩ ይግበሩዎም። ብኣግባብ ኣመሃህራ ሰሪሕኻ ምርኣይ ድማ እቶም ክልተ ምንቅስቓሳት ምድሪ ሕምባበ ምድርን ዑደት ምድርን ከምዝኾኑ የብርሁሎም። ምስዚ'ውን እቲ ናይ ሓሳብ መስመር ዝኾነ ዘንጊ ምድሪ ኣለልዮም ነቲ ግሎብ ብኣእዳዎም ከሽከርክርዎ ግበሩ። ከምኡ'ውን እዚ ሕመባበ ምድሪ ምቅይያር ቐትርን ለይትን ከምዘስዕብ ንዝተምሃርዎ ኽልስ ሓሳብ ብተግባር ግሎብን ሳምባዲናን ተጠቒሞም ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ብዝግባእ ብተግባር ኣርእይዎም። ብምቕፃል ዑደት ምድርን ሳዕቤኑን ዝብል ንምምሃር ተምሃሮ ብምስታፍ ምህዋር ምድሪ ብዝግባእ ተገንዚቦም ዑደት ምድሪ ቕርፂ ምህዋር ተኸቲሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ሓደ ዑደት ከምዝፍፀም ምሉእ ግንዛባ ክሕድሩ ይግበሩዎም። ብምኽንያት ዑደት ምድሪ እንታይ ክሳተታት ከምዝፍጠሩ ተምሃሮ ናይ ባዕላቶም ሓሳባት ከቕርቡ ድሕሪ ምግባር ኣብ ክስተታት

(ተርእዮታት ተፈጥሮ) ኣፈላለይ በዝሒ ሰዓታት ቐትርን ለይትን ከምኡ'ውን ኣብ ክስተት ዝተፈላለዩ ወቕትታት ሰፊሕ ምይይጥ ብምክያድ ነቲ ኣብ ብመፅሓፍ ተምሃራይ ስእሊ 2.7 ተሳኢሉ ዘሎ ኣፅቢ'ኹም ብምስኣል ዝበለፀ ግንዛበ ኸሕድሩ ይግበሩዎም።

መምህር! ብድሕሪ'ዚ ካርታ ዓለም ተጠቒምኩም ቅናት ምድሪ፣ መስመር ሃሩር ካፕሪኮርንን መስመር ሃሩር ካንሰርን ኣበይ ከምዝርከቡ ተምሃሮ ባዕላቶም ከለልዩ ይግበርዎም። ምስዚ'ውን መርከቦ ሕድሕድ ኣብ ክንደይ ዲግሪ ሞሮ ከምዝኾነ ካብቲ ካርታ ከንብቡን ክፀርሑን ይግበሩዎም። ብድሕሪ'ዚ ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ እዞም መስመራት መዓስ መዓስ ከም እትውዕል ምስ ተምሃሮ ብምምይያጥ ኣነፅሩ። ብምቕፃል ድማ ተምሃሮ ካርታ ዓለም ተጠቒሞም መስመራት $66\frac{1}{2}^{\circ}$ ዲግሪ ሰሜንን ደቡብን ከመላኸቱ ይግበሩዎም። ከምኡ'ውን ነቑጣታት 90º ሰሜንን ደቡብን ኣለልዮም ኣብ ዝተወሰነ ኽፋል ዓመት 24 ሰዓታት ብርሃን ፀሓይ ዝረኽቡ ከለልዩ ይገበሩ። ነቲ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ "ኣፈላለይ ሰዓታት ቐትርን ለይትን" ዝብል ሰደቓ ኣፅቢ'ኹም ብምስኣል ተምሃሮ እናረኣዩ ቦታ ቕርቕርቲ ፀሓይ ኣበይ ከምዘሎ፣ በየናይ ዕለት ከምእትውዕልን ንውሓት ቐትርን ለይትን ከነፃፅሩን ሓግዝዎም።

ብምቕፃል ክስተታት ዝተፈላለዩ ወቕታት ዝምልክት ሰፊሕ ምይይጥ ምስ ኣካየድኩም ሳዕቤን ዑደት ምድሪ ከምዝኾኑ ተምሃሮ ብዝግባእ ኽግንዘቡን እቲ ዘንበል ዝበለ ዘንጊ ምድሪ'ውን ናይ ባዕሉ ኣስተዋፅኦ ከምዘለዎን ክርድኡ ይሓግዘዎም። ብምቕፃል ተምሃሮ ኣብ ስእሊ 2.8ን 2.9ን እንታይ ግንዛበ ከምዘሕደሩ ብምሕታት ክመያየጡ ምስገበርኩም ምስ ክስተታት ክረምትን ሓጋይን ብመንፅር ንፍቀ ክልታት ብምዝማድ ኣብርሁሎም። ብድሕሪ'ዚ ድማ ነቶም ካልኦት ወቕትታት'ውን ክዝርዝሩ ድሕሪ ምግባር ኣርባዕቲኦም ወቕታት መዓስ መዓስን ኣበየናይ ክፋል ንፍቀ ክብን ከምዝኸሰቱ ነቲ ሰደቓ ወቕትታት ዝብል ኣፅቢ'ኹም ብምስኣል ተምሃሮ ብዝግባእ ክመያየጥሉ ይግበሩ።

መምህር! ንኡስ ርእሲ 2.3 ኣብ ሳዕቤናት እዞም ወቕትታት ዘተኮረ እዩ። ስለዚ ተምሃሮ ኣብዞም ኣርባዕተ ወቕትታት ኣብ ከባቢኦም እንታይ ዓይነታት ምንቕስቓሳት

ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ከምዝፍፀሙ ብሰፊሑ ክመያየጡ ይግበሩዎም። ነዚ ምይይጥ ተምሃሮ መሰረት ብምግባር ድማ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብሕልፊ ወቕቲ ክረምቲ ኣብ መብዛሕትኡ ሃገር ዝናብ ዝዘንበሉ እዋን ስለዝኾነ ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ዘለዎ ሳዕቤን ብዝርዝር ተመያየጥሉ። ባእታት ነባሪ ኣየር ኣብ እዋን ክረምቲ፣ ሓጋይ፣ ፅድያን ቐውዕን እንታይ ዓይነት ሳዕቤናትን ከምዘምፅኡን እንታይ ኣፈላለያት ከምዘለዎምን ተመያየጥሎም። ኣብ መወዳእታ ድማ ወቕትታት ዝናብ ሃገርና ክረምቲ ጥራሕ ከምዘይኾነ እኳደኣስ ሃገርና ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ክልታት ዝናብ ከምዘለዋን ብዝግባእ ኣብርሁሎም። ነቲ ካርታ 2.1 ኣዕቢኹም ብምስኣል ድማ ክሊ ዝናብ ሓጋይ፣ ክሊ ዝናብ ፅድያ፣ ክሊ ዝናብ ክረምትን ክሊ ዝናብ ዓመት ምሉእን ኣበይ ከባቢ ኢትዮጵያ ከምዝርከቡ ተምሃሮ ብኢዶም እናዳህሳሱ ከመላኸቱ ይግበሩዎም።

መምህር! ከም መደምደምታ ናይዚ ንኡስ ምዕራፍ ነቲ ኣብ መወዳእታ ተዘርዚሩ ዘሎ ዕዮ ጉጅለ ተምሃሮ ኣብ ሰለስተ ተጎጂሎም ብዝግባእ ነጢፎም ናብ ክፍሊ ከቕርቡ፣ ክመያየጥሉን ክካትዑሉን ብምግባር ኩሎም ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን ብዝግባእ ከዛምዱ ይግበሩዎም።

## 10. ፍሉይ መፈጸሚታ ንመምህር

**መርከቦና፡-** ታሪኽ ከምዝሕብሮ ቐዳሞት ካርታት ዝተሰኣሉ ኣብ 2,300 ዓመት ዓለም /ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ/ ብባቢሎናውያን እዩ። እዞም ጥንታዊ ካርታታት ኣብ ብጭቃ ዝተሰርሐ መደብ ዝተሰኣሉ ኾይኖም ቐንዲ ረብሓኦም ድማ ግብሪ ንምእካብ እዩ። ብምቕፃል ኣብ ሃሪ ዝተስኣሉ ካርታት ኣብ ካልኣይ ክፍለ ዘበን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ቻይና ተዳልዮም ስፋሕቲ ቦታታት ዝሓቑፉ ኔሮም። እቲ ንመጀመርያ ግዜ ናይ ሎሚ ዓለምና ንድፊ ካርታ ዝተሰርሐ ግና ኣብ መበል 6ይ ክፍለ ዘበን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ብግሪካውያን ዝተሳኣለ እዩ። እዚ ኣብ መበል ካልኣይ ክፍለ ዘበን ቅድሚ ልደት ክርስቶስ ተመሓይሹ ዝተወሰኑ መስመራት ቃስታን ሞሮን ሓዊሱ ዝተሰኣለ እዩ። ንመጀመርያ ግዜ ዝተፈላለዩ ኣገባብጣ ሒሳብ (MATHEMATICAL PROJECTION) ተጠቒሙ ዝሓሸ ካርታ ዓለም ዝተሰኣለ ግና ፖቶሎሚ ብዝተበሃለ ግብፃዊ ኾይኑ ኣብ 150 ዓመተ ምህረት እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት እናተሰኣለ ዝመፀ ንድፊ ካርታ ዓለም ኣብ 1507 ዓ/ም ንመጀመያ ግዘ ኣሜሪካ ዝሓወሰ ካርታ

ብጀርመናውያን ተሳኢሉ። ብኸምዚ ዓይነት መንገዲ እናማዕበለ ዝመፀ ስራሕቲ ንድፊ ካርታ ደረጃ ዕሬቱ እናሓለወ ሕዚ ብሳተላይት ምስኣል በፂሑ ኣሎ። ብሳታላይትን ብፎቶግራፍ ኣየርን እታ ኣብ ዓለም ዝነኣሰት ቦታ እንተይተረፈ ኣብ ካርታ ምስኣል ተኸኢሉ እዩ። ኣብዚ ሕዚ እዋን ዝተፈላለዩ ዓይነታት ካርታ ኣለዉ። ካብኣቶም ድማ

1. ***ካርታ ቶፖግራፊ (TOPOGRAPHIC MAP)***:- እዚ ካርታ መርከቦ ዝተፈላለዩ ነገራት ስለዘርእይ ሓደ ሓደ ግዘ'ውን ሓፈሻዊ ካርታ ይበሃል እዩ። ካርታ ቶፖግራፊ ብቐንዱ ተፈጥሮኣዊ ገፅታት ምድሪ ዘርእይ እኳ እንተኾነ ዝተወሰኑ ሰብ ሰራሕ ነገራት እውን ይሓውስ'ዩ። ንኣብነት ዶብ ከተማታት ይኹን ሃገራት'ውን የርእይ'ዩ።
2. ***ካርታ ፍሉይ ውራይ (SPECIAL PURPOSE OR THEMATIC MAP)***:- እዚ ሓደ ካርታ መርከቦ ሓደ ዝተወሰነ ጉዳይ ንምርኣይ ዝዓለመ ካርታ እዩ። ንኣብነት ንመርከበኛታት ዝጠቅም ዕምቆትን ርሕቐትን ውቅያኖሳት ዘርእይ ካርታ፣ መጠን ዝናብ ዘርእይ ካርታ፣ መርከቦ ዝተወሰነ ማእድን ዘርእይ ካርታ ክኾን ይኽእል። ቀሊል ንድፊ ካርታ ይኹን ስሩዕ ካርታ ኣብ እነዳልወሉ እዋን ብዝተኽኣለ መጠን ሰፊሕ ሓበሬታ ብቐሊል መንገዲ ዝሕብር ክኾን ኣለዎ። ነዚ ድማ ዝተፈላለዩ ምስልታት፣ ምልክታትን ሕብርታትን ምጥቃም ኣድላይ እዩ። ብሕልፊ ነቶም ዝለዓለ ተቀባልነት ዝረኸቡን ልሙዳትን ምልክታት ምጥቃም ድማ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ከተማታት ብንእሽተይ ክቢ፣ ማያዊ ኣካላት ብሰማያዊ ሕብሪ፣ ዶብ ሃገራት ብስብርባር መስመራት ወዘተ ምምልኻት ልሙድ እዩ። ንድፊ ካርታ ወይድማ ዝኾነ ካርታ ዝሳእል ክኢላ ካርቶግራፊር ይበሃል። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ካርቶግራፊር እዩ ነቲ ዝስእሎ ካርታ ክውክሉ ዝኽእሉ ሓበሬታታት መሪፁ ኣብ መፍትሕ ካርታ ዘስፍር።

## ቅርፂ፣ ምንቅስቓስን ሳዕቤን ምንቅስቓስን ምድሪ

ቐንዲ መግለፂ ቕርፂ ምድሪ ጂይድ (GEOIDS) እዩ። ምድርና ኣብ ህዋ ኽትረኣ እንተላ ልክዕ ከም ሓደ ሰማያዊ እምነበረድ ኾይና ኣብ ልዕሊ እቲ ሰማያዊ ውቅያኖስ ድማ ፃዕዳ ደበና ዝረኣየላ እያ። ካብ ሓፈሻዊ ስፍሓት ምድሪ 71% ብማያዊ ኣካላት ዝተሸፈነ እንትኾን እቲ ዝተረፈ 21% ድማ መሬት ኾይኑ እዚ እውን መብዛሕትኡ ብኽፍለዓለማት ዝተሸፈነ እዩ። ምድርና ካብ ካልኦት ኘላኔታት ዝፈልያ ህይወት ዘለዋ

ብሕታዊት ፕላኔት ምዃና እዩ። ምድርና ከም ሜርኩሪ ኣዝያ ውዕይቲ ኣይኮነትን ወይድማ ከም በዓል ማርስ፣ ኔፕቱን ወይድማ ፕሉቶ ኣዝያ ዝሕልቲ ኣይኮነትን። ከባቢ ኣየር ምድርና በቶም ትኽክለኛ ትሕዝቶ ዘለዎም ጋዛት ዝተኸበበት ስለዝኾነት ምጡንን ማእኸላይን መጠን ረስኒ እዩ ዘለዋ። እዚ እዩ ድማ ህይወት ንኽህልዋ ዝገብር። ንኣብነት ኣብ ከባቢ ኣየር ቬኑስ ዘሎ መጠን ካርቦንዳይኦክሳይድ ኣዝዩ ዕዑቕ ስለዝኾነን ብርሃን ፀሓይ ተንፀባሪቑ ናብ ህዋ ከይኸድ ዓፊኑ ስለዝሕዝን ቬኑስ ኣዝያ ውዕይቲ እያ። መጠን ረስኒ ቬኑስ ልዕሊ 460º ሴንቲግሬድ እዩ። ነዚ ድማ እዩ ኣብ ቬኑስ ህይወት ዘየለ።

ምድሪ ካብ ሜርኩሪን ቬኑስን ቐጺላ ካብ ፀሓይ ኣብ 3ይ ደረጃ ርሒቓ እትርከብ ፕላኔት እያ። ማእኸላይ ርሕቐት ምድሪ ካብ ፀሓይ ኣስታት 150 ሚልዮን ኪሎ ሜትር እዩ። ምድሪ ብሓይሊ ግራቪቲ ተሰንያ ብዘይ ዕረፍቲ ኣብ ዙርያ ፀሓይ ዑደት ተካይድ። መጠን ፍጥነት ዑደት ምድሪ ኣስታት 107,000 ኪሎሜትር ኣብ ሓደ ሰዓት እዩ። ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ ዑደት ክተካይድ እንተላ ትኽተሎ መስመር ወይድማ መንገዲ ምህዋር (ORBIT) ይበሃል። እዚ ምህዋር ምሉእ ኽቢ ኣይኮነን። ቅርፁ ከም እንቁላሊሕ እዩ። እዚ ድማ ኤሊፕቲካዊ (ELLIPTICAL) ይበሃል። ነዚ እዩ ድማ ርሕቐት ምድሪ ካብ ፀሓይ ዝተፈላለየ ዝኾነ። ምህዋር ምድሪ ምሉእ ኽቢ ኔሩ እንተዝኾን ርሕቐት ምድሪ ካብ ፀሓይ ሓደ ዓይነት ምኾነ ኔሩ። ዲያሜትር ምድሪ ኣብ ቅናት ምድሪ 12,756 ኪሎሜትር እንትኾነ ካብ ደቡባዊ ዋልታ ናብ ሰሜናዊ ዋልታ ዘሎ ዲያሜትር ድማ ካብዚዩ ቐሩብ ዝተሓተ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ቕርፂ ምድሪ ኣብ ዋልታታት ቐሩብ ሰጣሕ (FLAT) ዝበለ ስለዝኾነ እዩ። ብቐንዱ ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ ኣብ እትገብሮ ምንቅስቓስ ብተወሳኺ ኣብ ክሊ ዘንጋ እውን ትንቀሳቐስ እያ። እዚ ድማ ሕምባበ ምድሪ ይበሃል። ዘንጊ ምድሪ ካብ ሓደ ዋልታ ናብቲ ካልእ ዋልታ ብማእኸል ክቢ ኣቢሉ ዝተሰመረ ናይ ሓሳብ መስመር እዩ። ምድሪ ሓደ ምሉእ ሕምባበ ንምክያድ ዝወሰደላ ግዜ 23 ሰዓታትን 56 ደቒቕን 4.1 ሰከንድን እዩ። እዚ ድማ ሓደ መዓልቲ እዩ።

ብኣንፃሩ ድማ ምድሪ ኣብ ዙርያ ፀሓይ እትገብሮ ሕምባበ 365.2422 መዓልታት ወይ ድማ 365 መዓልታትን 5 ሰዓትን 48 ደቒቕን 46 ሰከንድን ይወሰደላ። እዚ ድማ ሓደ ዓመት ይበሃል። ምድሪ ካልኦት ምንቅስቓሳት'ውን ኣለውዋ እዮም። ምድሪ ኣካል

ሚልኪ ወይድማ ጋላክሲ እያ። በዙይ ድማ ሚልኪ ወይድማ ጋላክሲ ኣብ ውሽጢ ህዋ ኣብ ዝገብሮ ሕምባበ ምድሪ እውን ትንቀሳቐስ እያ። ኣብ ሚልኪ ዘለዋ ኸዋኽብቲ ኣብ ዙርያ ማእኸል ጋላክሲ ሓደ ምሉእ ዑደት ንምክያድ ዝወስደለን ግዘ 200 ሚልዮን ዓመታት እዩ።

ዘንጊ ምድሪ ሕምባበ ምድሪ ብ23.5 ዲግሪ ዘንበል ዝበለ እዩ። እዚ እዩ ድማ ምድርና ዝተፈላለዩ ወቕትታት ክህልዋ ዝገብር። ወቕታት ዝፍጠሩ ብምክንያት እቲ ኣብ ፍርቂ መዓልቲ ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ እትውዕለሉ እዋን እዩ። ብራኸ ፀሓይ ኣብ ፍርቂ መዓልቲ (NOON) እንትውስኽ ወይ እንትንኪ ብኡ መሰረት ድማ ወቕትታት ይለዋወጡ። ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢ ናብ ፀሓይ ገፁ ዘንበል ኣብ ዝበለሉ እዋን ዝለዓለ ብርሃን ፀሓይ ይረክብ፣ መጠን ረስኑ ክብ ይብል ከምኡ'ውን ኣብ ገለገለ ቦታታት ፀሓይ ኣብ ቅርቅርቲ ርእሲ ትውዕል። እዚ ድማ ኣብ ሰሜናዊ ንፍቀ ክቢ ወቕቲ ኽረምቲ (SUMMER) እንትክሰት። ብኣንፃሩ ኣብ ደቡብዊ ንፍቀ ክቢ ሓጋይ (WINTER) ይኾን።

ብተመሳሳሊ መንገዲ ካብ ወርሒ ፍርቂ መስከረም ክሳብ ፍርቂ መጋቢት ኣብ ዘሎ እዋን ደቡባዊ ንፍቀ ኽቢ ዝለዓለ ሓይሊ ፀሓይ ዝረኽበሉ እዋን ስለዝኾነ ወቕቲ ክረምቲ (SUMMER) ይኽሰት ብኣንፃሩ ድማ ኣብዚ እዋን እዚ ሰሜናዊ ንፍቀ ኽቢ ዝተሓተ ሓይሊ ፀሓይ ዝረኽበሉ ወቅቲ ስለዝኾነ ሓጋይ (WINTER) ይኽሰት። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ወቐትታት ድማ ፅድያን ቐውዕን ይኽሰቱ።

## ወቕትታት ኣብ ኢትዮጵያ

ነባሪ ኣየር ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ እዩ። ነባሪ ኣየር ኢትዮጵያ ብቐንዱ ኣብ ብራኸ ዝተመሰረተ እዩ። ዝተፈላለዩ ብራኸታት ዘለዎም ከባብታት ኢትዮጵያ ዝተፈላለየ ነባሪ ኣየር ኣለዎም። ኣብ ኢትዮጵያ ብራኸኦም ትሕቲ 1,800 ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ዝኾኑ ቦታታት ማእኸላይ ረስኒ ወቕትታቶም ኣስታት 27º ሴንቲግሬድ እንትኾን ዝረኽብዎ መጠን ዓመታዊ ዝናብ ድማ ትሕቲ 500 ሚሊ ሜትር እዩ። እዚኦም ኣብ ክሊ ትሮፒካዊ ነባሪ ኣየር ዝምደቡ እዮም። ካልኦት ኣብ ክሊ ሓውሲ ትሮፒካዊ ነባሪ ኣየር ዝምደቡ ድማ መብዛሕትኦም ኸበሳታት ኢትዮጵያ ኾይኖም ብራኸኦም ካብ 1,800ክሳብ 2,4000 ሜትር ልዕሊ ፀፍሒ ባሕሪ እዩ። ማእኸላይ መጠን ረስኖም ኣስታት 22º ሴልሽየስ ኾይኑ ዓመታዊ መጠን ዝረኽብዎ ዝናብ ድማ ካብ 500 ክሳብ

1,500 ሚሊሜትር እዩ። ብራኸኦም ልዕሊ 2,400 ሜትሮ ዝኾኑ ክሊ ማእኸላይ ረስኒ (Temperate Zone) ድማ ማእኸላይ መጠን ረስኒ ኣስታት 16º ሴልሸየስ ዓመታዊ መጠን ዝረኽብዎ ዝናብ ድማ ካብ 1,300 ክሳብ 1,800 ሚሊ ሜትር ይበፅሕ። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ንጥፈታት ሕርሻ ይኹን ኣብ ምርባሕ እንስሳት ወቕታት ዓብይ ግደ ኣለዎም እዩ። ድማ ወቕትታት ዝናብ እቶም ወሰንቲ እዮም። በዚ መሰረት ዋላኳ ኣብ ኢትዮጵያ ኣርባዕተ ክልታት ዝናብ እንተሃለወ እቲ ቀንዲ ወቕቲ ዝናብ ዝበሃል እቲ ካብ ፍርቂ ሰነ ክሳብ መስከረም ዝዘንብ እዩ። እዚ ወቅቲ ዝናብ ምስተወድኣ ድማ ብደረቕ ወቕትታት ይትካእ። ኾይኑ ግና ኣብ ወርሒ ለካቲት ወይ መጋቢት ድማ ኣናእሽቲ ዝናብ (LITTLE RAINS) ዝናብ በልጊ ዝበሃል ይኸሰት እዩ።

## 11. ኣግባብ ገምጋም ፈተሻ

መምህር! ኩሉግዘ ብዝተፈላለዩ መንገድታት ተምሃሮኹ ኽፍትሽ ኣለዎ። እቲ ምዕራፍ ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ በብክፍለ ግዚኡ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ገምጋም ተጠቒሙ ነፍሰወከፍ ተምሃራይ እቶም ዝድለዩ ውፅኢታት፣ ዕላማታትን ብቕዓታትን ከምዝጨበጠ ክፍተሽ ኣለዎ። ናይዚ ቐንዲ መስርሕ ድማ ተኸታታሊ ምዘና'ዩ።

ተኸታታሊ ምዘና (CONTINOOS ASSESSMENT) ማለት ተምሃሮ ሓደ ዝተወሰነ ትምህርቲ ምስ ረኸቡ እንታይ ከምዝተረድኡ፣ እንታይ ክእለት ከምዝጨበጡን እንታይ ዓይነት ኣረኣእያ ከምዘማዕበሉን ንምልካዕ ዝግበር ፃዕሪ እዩ። ከይዲ ተኸታታሊ ምዘና ብብዙሓት ኣግባባት ዝትግበር ኾይኑ ካብዚኣቶም ብትዕዝብቲ፣ ብሕቶን መልስን፣ ብዕዮ-ጉጅለ፣ ብዕዮ-ክፍሊ፣ ብሓፂር ፈተና ዕሑፍ፣ ብተግባር ወዘተ እቶም ቀንድታት እዮም። ኣብ ተኸታታሊ ምዘና እቲ መምህር! ንነስወከፍ ተምሃራይ ዝከታተልሉ ኣግባብ ትዕዝብትን ክትትል ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ዘለዎ እዩ። ተኸታታሊ ምዘና ብባህርይኡን ብኣፈፃፅምኡን ዘየቋርፅን ቀፃልነት ዘለዎን እዩ። ተኸታታሊ ምዘና ከይዲ ምምሃር-ምስትምሃር ዝግምግም ስለዝኾነ ኣብ ሓደ ክፍለግዘ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሩ፣ ኣብ እዋን ከይዲ ትምህርቲ፣ ኣብ ሞንጎ ትምህርትን ኣብ ዝኾነ እዋንን ዝካየድ እዩ። ብተወሳኺ እውን ዓመት ምሉእን ካብ ክፍሊ ወፃኢ እውን ዝካየድ እዩ።

መምህር! ነዚ ምዕራፍ ኣብ እተምህርሉ እዋን ዝተፈላለዩ ኣግባባት ተኸታታሊ ምዘና ተጠቒምኩም ነፍስወከፍ ተምሃራይ እንተነኣሰ ነዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ትምህርቲ ብዝግባእ ከምዝጨበጡ ይከታተሉ፣ የረጋግፁ፤

- ካርታ የለልዩ፣
- ንድፊ ካርታ ንምስኣል ዘድልዩ ደረጃታት ይዝርዝሩ፣
- ረብሓ ካርታ የብርሁ፣
- ንድፊ ካርታ ከመይ ከምዝሰኣል የብርሁ፣
- መርከቦ ቤት ትምህርቶም ዘርኢ ንድፊ ካርታ ይስእሉ፣
- ቅርፅን ምንቅስቓስን ምድሪ የለልዩ፣
- ምንቅስቓሳት ምድሪ የብርሁ፣
- ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን የዛምዱ።

መምህር! ተኸታታሊ ምዘና ምስኣካየድኩም እዞም ዝስዕቡ መረዳእታት ተገንዚብኩም ተግብሩ፡-

- ተምሃሮ እንታይ ከምዝፈለጡን ብተግባር ክፍዕሙ ከምዝኽእሉን ተገንዚብኩም እቶም ልዕሊ ትፅቢት ዝፈፀሙ ካብቶም ትሕቲ ትፅቢት ዝፈፀሙ መሚኹም ፍለጡ።
- ነቶም ልዕሊ ትፅቢት ዝፈፀሙ ምብርትታዕን ምሽላምን ነቶም ዝደሓሩ ድማ ተወሳኺ ሓገዝ ምሃብ ከምዝግባእ ተገንዘቡ።
- ክለሳን ሓገዝን (REMEDIATION) ዘድልዮም ተምሃሮ ብመምህሮምን ብመሓዝቶምን ካብ ኣገባብ ገምጋም ፈተሻ ትዕዝብቲ፣ ናይ ተግባርን ፅሑፍን ፈተና፣ ሕቶ-ቓል እቶም ቀንድታት እዮም።

ትዕዝብቲ ቐጥታዊ ዘይኮነ ምዘና ኾይኑ ምምሃር ምስትምሃር እናተኻየደ እናሃለወ ብሃንደበታዊ ዳህሳስ ዝካየድ እዩ። መምህር! ብዓይንኹም ትከታተሉ፣ ኣብ ዕዮ-ጉጅለ ተሳትፎ ነፍስወከፍ ተምሃራይ ትዕዘቡ፣ ናይ ባህርይ ለውጢ ትከታተሉ ወዘተ ስሩዕ ምዘና ኣብ ክልተ የምቀል፣ ንሳቶም ድማ

ሀ/ ብፅሑፍ ዝወሃብ ፈተናን ፈተና መሰል ሕቶታትን ብተግባር ዝከናወንን እዮም። እቲ ብፅሑፍ ዝወሃብ ፈተና ዕላማታት ትምህርቲ ዝፍትሽ ኮይኑ ብዝተኻእለ መጠን ነዞም ዝስዕቡ ሽዱሽተ ዓይነታት ፈተና ከካትት ኣለዎ። ንኣቶም ድማ፡-

1. ምረፁ (MULTIPLE CHOICE)
2. ሓቒ / ጌጋ (TRUE/FALSE)
3. ምዝማድ (MATCHING)
4. ባዶ ቦታ ምልኡ (FILL IN THE BLANKS)
5. ሓጺር መልሲ ሃቡ (SHORT ANSWERS)
6. ስእልታትን ካርታታትን ምስኣልን ምስያምን(DRAWING AND LABELING)

ለ/ ብተግባር ዝከናወን ስሩዕ ፈተና (PERFORMANCE ASSESSMENT) ተምሃሮ ብዛዕባ ዝተሓተትዎ ጉዳይ ብምንቅስቓስ፣ ብምፍታሕ፣ ብምግባጥ ወዘተ መልሲ ዝህብሉ እዩ። ንኣብነት ንድፊ ካርታ ቤት ትምህርቶም ንምስኣል እንታይ ተግባራት ከምዝፍፅሙ፣ እንታይ ርሕቐታት ከምዝዕቅኑ፣ ሚዛን ካርታ ከመይ ከምዘዳልው ወዘተ ብተግባር ዘርእይሉ እዩ።

## 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መልመድታትን መጠቓለሊ ሕቶታትን ዝተውሃቡ መልስታት

✓ ንመልመዲ 2.1 ዝተውሃቡ መልስታት

**ሀ) ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ።**

1) መ 2) መ 3) ሀ 4) ሀ
5) ለ

**ለ) ሓቒ ወይድማ ሓሶት**

1) ሓሶት 2) ሓሶት 3) ሓቒ 4) ሓቒ 5)
ሓሶት

✓ ንመጠቓለሊ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

**ሀ/ ሓቒ / ሓሶት**

1. ሓሶት 2. ሓቒ 3. ሓሶት 4. ሓቒ 5.
ሓሶት

6. ሓቒ 7. ሓቒ 8. ሓቒ 9. ሓቒ 10. ሓቒ

ለ/ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ።

1. መ 2. ለ 3. ሐ 4. ለ

5. ሀ 6. ሀ 7. መ

ሐ/ ባዶ ቦታ ምልኡ

1. ሕምባበ ምድሪ።
2. ሚዛን ካርታ።
3. ዑደት ምድሪ
4. ምህዋር።
5. ክረምቲ፣ ቐውዒ፣ ሓጋይ፣ ፀድያ

መ) መዘኻኸሪ ንመምህር!

መምህር! ንንጥፈት መ - 'ንድፊ ካርታ ምድላው' ዝብል ሕቶ ካብ ቁፅሪ 1-12 ዘለዉ መበገስታት መሰረት ገይሮም ዝሰርሕዎ ምኳኖም የረጋግፁሎም።

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ከባቢና

## 1. መእተዊ:-

እዚ ምዕራፍ ተምሃሮ ቀንዲ ዓይነታት እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝማሃሩሉ እዩ። ትሕዝቶ እዚ ምዕራፍ ዓይነታት ረብሓን ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ሳዕቤኑ ቅልጡፍ ዕብየት ህዝቢ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘተኮረ እዩ።

## 2. ውፅኢታት እዚ ምዕራፍ:-

***ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተማሃሩ***

- *ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የለልዩ።*
- *ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ይግንዘቡ።*

## 3. ብቕዓታት እዚ ምዕራፍ

*ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተማሃሩ እዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ይጭብጡ።*

- *ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያ ንቀርኒ ኣፍሪካን የለልዩ።*
- *ቀንዲ ዓይነታት እንስሳት ዘገዳም ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይዝርዝሩ።*
- *ልሙድን ብርቂ እንስሳን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይመምዩ።*
- *ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የረጋግፁ።*
- *ረብሓ ምሕላው መንበሪን እንስሳት ዘገዳምን የርድኡ*
- *እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ንምንታይ ከምዝሕለው የብርሁ*
- *ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ይትንትኑ።*
- *ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ ከመይ ከምዝሰተፉ ይፈልጡ።*

- ቀንዲ ሚላታት ኣተዓቓቕባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይገልፁ ነዞም ንጥፈታት ምስ ከባቢኦም ወይ ፍሉጥ ከባብታት የዛምዱን ኣብ ዕቀባ ይሳተፉን
- ንረብሓ ብርቂ እንስሳት ኢትዮጵያ ኣድናቆት የርእዩ።

## 4. ቀንዲ ትሕዝቶታት እዚ ምዕራፍን በዝሒ ክፍለ ግዝያትን

ነዚ ምዕራፍ ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዜ 19 ፔሬድ እንትኸውን ትሕዝቶታት'ዚ ምዕራፍ ዝስዕቡ'ዮም።

3.1 ቀንዲ ዓይነታትን ረብሓን እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

3.1.1 ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ

3.1.2 ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

3.1.3 ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕቤት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

3.1.4 ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

## 5. መምሃሪ ሓገዛት

- ካርታ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ
- ካርታ እፅዋት ተፈጥሮ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ
- ስእሊ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም
- ስእሊ መስሕብ ቱሪዝም ዝኾኑ ተፈጥሮ እፅዋት እንስሳት ዘገዳምን
- ካርታ ፓርክታት ኢትዮጵያ

## 6. ፍልፍል ሓበሬታ

- ናይ 5ይ - 8ይ ክፍልታት መፅሓፍ ተምሃራይ ዝነበሩ መፅሓፍቲ
- መፅሓፍቲ ጂኦግራፊ ካልኣይ ብርኪ
- World Geography
- ተወሰኽቲ ፅሑፋት ካብ ኢንተርኔት

# 7. ሰደቓ ርክባት መምርሒ መምህር!ን መፅሓፍ ተምሃራይን

| ንኡስ ምዕራፍ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት ተመሃሮ ነዚ ንኡስ ምዕራፍ ምስተምሀሩ | ዝተመደበ ሉ ክፍለ | ቁፅሪ ገፅ መፅሓፍ ተምሃራይ | ቁፅሪ ገፅ መምርሒ መምህር! | ፍልፍል ፅሑፍ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 3.1.1 | ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ | • ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት<br>• ተፈጥሮ እንስሳት ዘገዳምን<br>• ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ<br>• ብርቂ እንስሳት ዘገዳም የለልዩ | 4 | | | |
| 3.1.2 | ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን | • ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን<br>• እንስሳት ዘገዳምን ይገልፁ<br>• - እንስሳት ዘገዳም የድንቑ | 4 | | | |
| 3.1.3 | ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕቤት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን | • ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ይትንትኑ | 4 | | | |
| 3.1.4 | ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን | • ቀንዲ ሜላታት ኣተዓቓቅባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይገልፁ<br>• - ኣብ ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይሳተፉ | 4 | | | |
| | | • ብሄራዊ ፓርክታት ኢትዮጵያ | 3 | | | |
| **ጠቕላላ ድምር** | | | 19 | | | |

## 8. ሓገባብ ኣመሃህራ

*መምህር! ንኡስ ምዕራፍ* 3.1.1 *ምምሃር ቅድሚ ምጀማሮም ኣብ ምዕራፍ ሓደ ዝተማሃርዎ ብዛዕባ መርከቦ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ምንባሩ ንኽዝክሩ ይግበሩ። ብምቕፃል እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምቕራብ ተምሃሮ ሓሳቦም ክገልፁን ክመያየጡን ይግበሩ።*

1. *ሃገራት ቀሪኒ ኣፍሪካ ዝበሃላ መን መን እየን? ካርታ ተጠቒምኩም ሓደ ብሓደ ኣርእዩ*
2. *ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከቡ ዓይነታት እፅዋት ኣብ ክንደይ ይምደቡ? ንሳቶም ከ እንታይ እንታይ ይበሃሉ?*

*ተምሃሮ ኣብዞም ዝቐረቡ ሕቶታት እኹል ምይይጥ ምስኣካየዱ መምህር! ባዶ ካርታ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉ። ተምሃሮ ዱር ሳዕሪ መሬትን እፅዋት ምድረ በዳን እንታይ ማለት ከምዝኾነ ይመያየጡን ኣብነታት ይሕተቱዎም። እዚኦም ዓይነታት እፅዋት ዘለዎም ከባብታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣብ ካርታ ንኽመልክቱ ይሕተትዎም። እቲ ካርታ ብተሳትፎ ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ምስተመልአ ተምሃሮ ናብ ደፍተሮም ክግልብጥዎ ይገበር። ቀፂሎም ኣብ ሃገራት ቀሪኒ ኣፍሪካ ካብ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም እንታይ ትፈልጡ? ዝብል ሕቶ ብምቕራብ ተምሃሮ ሓደ ብሓደ ክዝርዝሩ ይገበር። ዝርዝሮም ድማ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ክፅሕፉ ይሕተትዎም። ካፍቶም ዝዘርዘርዎም*

1. *ብርቂ ማለት ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከቡ እንስሳት ዘገዳም ፈሊዮም ንክዛረቡን ኣበይ ከባቢ ከምዝርከቡን*
2. *ዘርኦም ክጠፍእ ኣብ ሓደጋ ዘለዉ እንስሳት ዘገዳም ፈልዮም ንኽዝርዝሩን መዘክር ክወስዱ ይገበር።*

*ቀፂሎም ንኡስ መልሲ* 3.1.2 *ንምምሃር ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ሓፈሻዊ ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ክዝርዝሩን ብፍላይ ብመደይ ቱሪዝም ኣብ ምስሓብ ዑደተኛታት ንኢትዮጵያ ክጠቕማ ከምዝኽእል ካብ ፓርክታት ኢትዮጵያ ሓደ ኣብነት ብምውሳድ ክመያየጡ ይግበሩ።*

ተምሃሮ ረብሓ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዝሃብዎ መልስን ዝገበርዎ ምይይጥን ምስ ሰምዑ

- እፅዋት ፍልፍል ምግቢ እንስሳትን ወዲሰብን፣ መስርሒ ገዛን ዝተፈላለዩ ናውትን፣ መንበሪ እንስሳት ዘገዳምን ከምዝጠቕሙ፣
- ካብ እፅዋት ብዝሃፍፍ ሃፋ ዝናብ ከምዘርከብ፣ እፅዋት ብሱሮም ሓመድ ዓትዒቶም ብምሓዝ ፍግረ መሬት ከምዝከላኸሉ፤
- እፅዋት ኮኑ እንስሳት ዘገዳም ፍልፍል እቶት ከምዝኾኑን ንኣብነት
    - ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ኣብ ክልል ኣምሓራ ሰሜን ፓርክ ዝርከብ ዋልያ እንስሳ ዘገዳም
    - ኣብ ክልል ኦሮሚያ ዝርከብ ኒያላ ዝባሃል እንስሳ ዘገዳም

      ንምርኣይ ብብዓመቱ ብዙሓት ናይ ወፃኢ ዓዲ ዑደተኛታት ስለዝመፁ ብዙሕ ናይ ወፃኢ ሸርፊ ገንዘብ ከምዝርከብ በዚ ምኽንያት ንምዕባለ ቱሪዝም ከምዝጠቕሙ መጠቓለሊ ምስሃብዎም ሓፂር መዘክር ኣብ ደፍተሮም የፅሕፍዎም።

ቀፂሎም ንኡስ ርእሲ 3.1.3 እንተምህሩ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምቕራብ ተምሃሮ ብጉጅለ ተመያይጦም ፀብፃብ ንክፍሊ ከቕርቡ ይግበሩ፤

1. ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዘስዕቦ ፀገም እንታይ እዩ? ብኸመይ?
2. እንስሳት ዘገዳም መንበሪኦም በሪሱ ምግቢ እንትስእኑ እንታይ ክኾኑ ይኽእሉ? ከምኡ እውን ንጥፈት 3.1 ክሰርሑ ዕዮ ይሃብዎም

ብተምሃሮ ዝቐረበ ፀብፃብ ምይይጥ ምስተገበረሉ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ድሌት ንሕርሻ ንመንበሪ ዝኾን ቦታ ንመስርሒ ናውቲ ዝኾን ኦም ወዘተ ክውስኽ ስለዝገብር ዱር ይጭፍጨፍ፣ እንስሳት መንበሪኦምን ቀለቦምን ይስእኑ። በዚ ምኽንያት ድማ ብርሰት እፅዋት፣ ምስዳድ እንስሳትን ምፅንቃቕ ሃፍቲ ዱርን ከምዝስዕብ መጠቓለሊ ብምሃብ ሓፂር መዘክር ይፅሓፉሎም።

ቀፂሎም ንኡስ ርእሲ 3.1.4 እንተምህሩ ፈለማ ተምሃሮ ኣብ 3 ጉጅለ ተጕጂሎም ጉጅለ 1 ኣብ እፅዋት ተፈጥሮ፣ ጉጅለ 2 ድማ ኣብ እንስሳት ዘገዳም ዝበፅሕ ብርሰት

ብምክልኻል ክዕቀቡ እንታይ ክግበሩ ከምዘለዎም ተመያይጦም ንክፍሊ ፀብፃብ ክቐርቡ ይሕተትዎም። ብዛዕባ ዕቀባ እፅዋት ምይይጥ ዘካይድ ጉጅለ1 ኣብ ከባቢኦም ተጎዲኡ ዝነበረ እፅዋት ብዝግባእ ተዓቂቡ /ተኸሊሉ/ ምስዝለምዐ ወይድማ ብዳግመ ግረባ ሓዱሽ ዝለምዐ ቦታ ብምንፅፃርን ኣብ ከባቢኦም ኣብ ምትካል ፈልሲን ምክልኸል ባርዕ ሓውን ክሳተፉ ከመይ ከምዝኸእሉን ይመያየጡ። ብዛዕባ ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ምይይጥ ዘካይድ ጉጀለ 2 ድማ ምስ ብሄራዊ ፓርክ ብምትሕሓዝ ክመያየጡ ይገብር። ጉጀለ 3 ብመሲልካ ምፅዋት ክትዕ ክቐርብ ይገብር። እዚ ክትዕ ዘቕርብ ጉጅለ ድማ መሲልካ ብምፅዋት ብሓደ ገፅ ዝሃድኑ ተምሃሮ ይምደቡ ብኻልእ ገፅ ድማ ፀረ ሃደን ቅዋም ዘለዎም ተምሃሮ ይምደቡ። ክልቲኦም ወገናት ኣብ ዘካይድዎ ክትዕ እቶም ቅዋም ፀረ ሃደን ዘለዎም ተምሃሮ ሃደን ጌጋ ምኳኑ ከእምንዎም ይፅዕሩ።

ቐፂሎም ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝጥቃዕ ፀረ ሕገወጥ ሃደን ብርሰት ዱር ዘርኢ ፓስተር ክስእሉን ካርታ ኢትዮጵያ ኣብ ደፍተሮም ስኢሎም ብሄራዊ ፓርክታት ሃገርና የመልክቱን ምስኡ እፅዋት ንእንስሳት ከመይ ከምዝስማማዕ እፅዋት እንተብሪሶም እንስሳት ነቲ ከባቢ ከምዘለቁ ወይድማ ምርባሕ ከምዘቋርፁ ይመያየጡ።

ኣብ መወዳእታ እተን ጉጀለታት ዘቕረብኦ ፀብፃብን ክትዕን ምስተሰምዐ ቀንዲ ሜላታት ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮ ዳግመ ግረባ ምክያድ፣ ምክላል ዱር፣ ምክልኻል ባርዕ ሓዊ፣ ዘላታትን ግድባትን ምስራሕ፣ ጋህዒ እንስሳት ምቅይያር ወዘተ ከምዝኾነ ካብ ሜላታት ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ድማ መንበሪ እንስሳት ካብ ጨፍጫፍን ባርዕን ምሕላው፣ ፓርክታት ክህለዉ ምግባር ወዘተ ቀንዲ ተጠቀስቲ ምኳኖም የጠቓልሎም።

### ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን

እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ዝዕቀብሉ መንበሪኦም እዩ። እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣብ ምዕባለ ቱሪዝም ዓብዪ ግደ ኣለዎም። ቱሪዝም ዝበሃል ኣእምሮኻ ንምሕዳስ ናብ ሓደ ከባቢ ወይድማ ሃገር ዝግበር ዑደት እዩ። እቶም ዑደት ዘካይዱ ሰባት ድማ ዑደተኛታት /ቱሪስት/ ይበሃሉ። ዑደተኛታት ዑደት ኣብዘካይዱሉ ሃገር ካብ ሃገሮም ሒዞምዎ ብዝመፁ ገንዘብ ንምግቢ፣ ንመጓዓዝያ፣ ንመፅለልን

ንመግዝኢ ዝተፈላለዩ ሸቐጣትን ዝመሳሰሉ ብዙሕ ገንዘብ ስለዘምፅኡ እታ ሃገር ተጠቃሚት ትኸውን።

መስሕባት ቱሪዝም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ንሳቶም'ውን ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን መስሕብ እዮም። ተፈጥሮኣዊ መስሕባት ቱርዝም እንትንሪኦም ዘህድሱን ዘድንቑን ተፈጥሮኣዊ ነገራት ንኣብነት ከም እንስሳት ዘገዳም፣ ዝተፈላለዩ ዓይነት እፅዋት፣ መንጫዕጫዕታ ማይ፣ በዓቲ፣ እምባታትን ዝመሳሰሉን እዮም። ሰብ ስራሕ መስሕብ ቱሪዝም እንትንሪኦም ዘድንቑ ከም ሓወልትታት፣ ጥንታዊ ቤተ መግስታት፣ መቓብራትን ኣቁሑን ዝመሳሰሉ እዮም።

እፅዋት ይኹኑ እንስሳት ዘገዳም ዝዕቀቡሎም ቦታታት ፓርክታት ይበሃል። ኣብ ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ተዓቂቦምሉም ዝርከቡ ብሄራዊ ፓርክታት እዞም ዝስዕቡ እዮም።

| ብሄራዊ ፓርክ | ዝርከብሉ ክልል |
|---|---|
| ብሄራዊ ፓርክ ኣዋሽ | ኦሮምያ |
| ብሄራዊ ፓርክ እምባታ ሰሜን | ኣምሓራ |
| ብሄራዊ ፓርክ ነጭ ሳር | ህዝብታት ደቡብ |
| ብሄራዊ ፓርክ እምባታት ባሌ | ኦሮምያ |
| ብሄራዊ ፓርክ ማጎ | ህዝብታት ደቡብ |
| ብሄራዊ ፓርክ ኦሞ | ደቡብ |
| ብሄራዊ ፓርክ ጋምቤላ | ጋምቤላ |
| ብሄራዊ ፓርክ ሻላ ኣብያታ | ህዝብታት ደቡብ |

## ሳዕቤን ቕልጡፍ ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ

ኢኮኖሚያዊ ምዕባለ ብዘይ ህዝቢ ዝሕሰብ ኣይኮነን። ይኹን'በር በዝሒ ህዝቢ በብእዋኑ እናወሰኸ ምምፃእ ብፍላይ ኣብ ከም ምብራኽ ኣፍሪካ ዝበላ ዘይማዕበላ ሃገራት ዓብዪ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ፀገም ኮይኑ ይርከብ። ንኣብነት፡-

- ንመሰርሒ ህንፃ፣ ንሕርሻ ዝኸውን ቦታ ንትካላት ኢንዱስትሪ ወዘተ ዝኸውን ቦታ ንሓዊ ዝኾን ዕንጨይቲ ንምርካብ ተባሂሉ እፅዋት ብበዝሒ ስለዝቑረፁ ብርሰት ኢሉ'ውን ምዕንቓኽ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዱር ይፍጠር። ምዕንቓኽ ሃፍቲ ተፈጥሮ ዱር ማለት ኣብቲ ዱር ዝርከቡ እፅዋት ይኹኑ ዓበይትን

ኣናእሽተይን እንስሳት ከምዘይነበሩ ጨሪሶም ኣብ ዝጠፍእሉ ብርኪ እንትበፅሕ እዩ። እቲ ልሙዕነቱ ጠፊኡ እፅዋት ከብቁለሉ ዘይኽእል ኩነታት እንትፍጠር እዩ። እዚ ምዝባዕ ተፈጥሮ ደርቅን በረኻነትን ስለዘስዕብ ጥሜት፣ ምስዳድን፣ ሞትን ሰብን እንሳስትን የስዕብ።

- ሕፅረት ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝህቡ ንኣብነት ዋሕዲ መንበሪ ገዛ፣ ግልጋሎት ትምህርትን ሕክምናን ማይን ወዘተ ስለዝፍጠር ምንቁልቋል መነባብሮ ህዝብን ድኽነትን የስዕብ።

ካብዚ ኩነታት እንርድኦ ነገር ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ ኢድ ኣእታውነት ደቂ ሰባት ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮ ክዓቢ ዝገብርን ምስ ኣጠቃቕማ ሃፍቲ ተፈጥሮን ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ኩነታት ኣዝዩ ዝተኣሳሰረን ስለዝኾነ ብወሰኽ ህዝቢ ዝፍጠር ተፈጥሮኣውን ማሕበራውን ፀገም ንምንካይ በዝሒ ወሰኽ ህዝብን ኢኮኖሚያዊ ምዕባለን ተጠዓዒሙ ዝኸደሉ ኩነታት ምፍጣር ኣገዳሲ ምዃኑ እዩ።

## 10. ኣገባብ ገምጋም /ፈተሻ

መምህር! ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍተሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀር ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላይ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

በዚ መሰረት ዘዕግብ ተደላይይ ደረጃ ዝወነኑ ተምሃሮ፡-

- ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የለልዩ፣
- ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝርከቡ ቀንዲ ዓይነታት እንስሳት ዘገዳም ይዝርዝሩ፣
- ብርቂ እንስሳት ኢትዮጵያ ይፈልዩ፣
- ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዘለዎም ረብሓ የረጋግፁ፣
- ሳዕቤኑ ቅልጡፍ በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ይትንትኑ፣
- ቀንዲ ሜላታት ኣተዓቓቕባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይገልፁ፣

- ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ እዕዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምስታፍ ይጅምሩ።

ካብቲ ዘዕግብ ተደላይ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክንኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦ ክወሃቦም ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ብዝረኸብዎ ወፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

- ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ ድማ ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይድማ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

***ል.ብ*** መምህር! ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ድሌት ንዘለዎም ፍሉይ ጠመተን ደገፍን ምሃብ ይግባእ።

## 11. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መጠቓለሊ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

✓ ***ንመልመዲ 3.1 ዝተውሃቡ መልስታት***

***ሕቶታት ሓቂ ወይድማ ሓሶት***

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1. ሓሶት | 2. ሓሶት | 3. ሓቂ | 4. ሓሶት |
| 5. ሓቂ | 6. ሓቂ | 7. ሓቂ | |

✓ ***መልሲ ንመጠቓለሊ ሕቶታት***

***ሀ. ንሕቶታት ምረፁ ዝተውሃበ መልሲ***

1. ሀ
2. ሐ
3. ሀ
4. ለ
5. ሀ
6. መ
7. መ
8. መ

***ለ. መልሲ ሃቡ ንዝብሉ ሕቶታት ዝተውሃበ መልሲ***

1. እንስሳት ዘገዳም መስሕባት ቱሪዝም እዮም። በፃሕቲ ሃገር ዑደተኛታት (ቱሪስትታት) ካብ ሃገሮም ወፂኦም እንስሳት ዘገዳም ብምርኣይ ይድሰቱ። መንፈሶም የህድሱ።

2. ዱር ዝበሃል ብቐንዱ ብኣግራብ ዝተሸፈነ እንትኾን ሳዕሪ መሬት ድማ ዳረጋ ምሉእ ብምሉእ ብሳዕሪ ዝተሸፈነ ኾይኑ ሓልሓሊፎም ኣእዋም ዝረኣይሉ እዩ። እፅዋት ምድረበዳ ግና ብኣእዋም ይኹን ብሳዕሪ ዘይተሸፈነ ግሉፅ መሬት ኾይኑ ሓልሓሊፎም ከም ቁጥቛጥን ጥፍረርያን ዝቦቕሉሉ እዩ።
3. ቱሪዝም ብቐንዱ እቶት ሸርፌ ወፃኢ የዕቢ። ብተወሳኺ'ውን ህንፀት ሆቴላትን መንገድታትን ክሳለጡ ይገብር። ከም ኤለክትሪክ፣ ቴሌፎን፣ ኢንቴርኔትን ዝመሳሰሉን ትሕት-ቕርፅታት የማዕብል። ኣብ መንነ ህዝብታትን ሃገራትን ዘሎ ኢኮኖሚያዊ፣ ፖለቲካውን ባህላውን ርክብን ዝምድናን የጠናኽር።
4. ሓረስቶትን እንስሳት ዘገዳምን ሓቢሮም ክነብሩ ዝኽእሉ እቶም ሓረስቶት ንመንበሪ እንስሳት ዘገዳም ዝኾነ እፅዋት ተፈጥሮ ንኸይበርስ ዓቂቦም፣ ንኸይጭፍጨፍን ብዝግባእ ተኸናኺኖምን እንትሕዙ እዩ። ብኻልእ ገፅ ድማ ሓረስቶት ካብ ሓደጋ እንስሳት ዘገዳም ዓርሶምን ዘራብሕዎም እንስሳት ዘቤትን ሓልዮም ብምንባር እዩ። ከምኡ'ውን ሓረስቶት ኣብ ልዕሊ እንስሳት ዘገዳም ዝኾነ ዓይነት ዘይሕጋዊ ሃደን ካብ ምክያድን ካብ ምትንኻላትን እንትዕቀቡ እዩ።
5. እንስሳት ዘገዳምን መንበሪኦም ዝኾነ እፅዋት ተፈጥሮን ምሕላዉ ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ እዩ። መንበሪ እንስሳት ዘገዳም ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ካብ ብርሰት ብምክልኻልን ዓቂብካ ብምኻድን እንስሳት ዘገዳም ንኸይሞቱን ንኸይስደዱን በዙይ ኣቢሉ ድማ ዘርኦም ንኸይጠፍእን ይሕግዝ። ከምኡ'ውን ካብ እንስሳት ዘገዳም ዝርከብ ረብሓ ኹሉ ይርከብ።
6. በዝሒ ህዝቢ እንትውስኽ ድሌትን ጠለብን ዝሕረስ መሬት ይውስኽ። ንመስርሒ መንበሪ ገዛውቲ፣ ንመስርሒ ዕርግያታትን መዕርፎ ነፈርትን፣ ሜዳታት ስፖርትን ዝኸውን መሬት ይድለ። ነዚኦም ጠለባት ተባሂሉ እፅዋት ተፈጥሮ ይበርሱን ይጭፍጨፉን። እፅዋት እንትበርሱ እንስሳት ዘገዳም መንበሪኦም ስኢኖም ንሞትን ስደትን ይቃልዑ።
7. እንስሳት ዘቤት ኩሉ ግዜ ኣብ ሓደ ቦታ ጥራሕ መግሃጫ እንትጥቀሙ እቲ ሳዕሪ ይበርስ፣ ሓመዱ ይብሕጎግ። ንቐፃላይ ሳዕሪ ኣየብቁልን'። እንስሳት ንዝተወሰነ እዋን ኣብቲ መግሃጫ ፀኒሖን ናብ ካልእ እንትዞራ ግና እቲ ሓመድ ኣይብሕጎግን። እቲ ሳዕሪ'ውን ዳግም ንኽጥጥዕ ግዜ ይረክብ። መግሃጫ በብእዋኑ ምቅይያር ሓደ ኣካል ምሕዋይ እፅዋት እዩ።

8. ቐንዲ ዓይነታተ እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያን ቐርኒ ኣፍሪካን ዱር፣ ሳዕሪ ምድርን እፅዋት ምድረበዳን እዮም።
9. እፅዋት ተፈጥሮ ደቂ ሰባት ዘሪኦም ዘብቁልዎም ዘይኮኑስ ባዕላቶም ብሕጊ ተፈጥሮ ዝበቐሉ እዮም። ሰብ-ተከል እፅዋት ግን ብሰባት ተተኺሎምን ክንክን ተጌሩሎምን ዝበቐሉ እዮም።
10. ብራኽ፣ ዓመታዊ በዝሒ ዝናብን ኩነታት መጠን ረስንን እዮም።
11. ዳግመ ግረባ ምክያድ፣ እፅዋት ጠጢያም ንኽዓብዩ ምንቅስቓሳት እንስሳን ሰባትን ምዕጋት ወይድማ ምቁፅፃር፣ ካብ ባርዕ ሓዊ ምክልኻል፣ ዛላታትን ግድባትን ምስራሕ፣ መግሃጫ ምቅይያር፣ ኣጠቓቕማ እፅዋት ዝምልከቱ ሕግታት ምውፃእ።
12. ካብቶም ቐንዲ ሜላታት ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም ሓደ ነቲ መንበሪኦም ዝኾነ እፅዋት ተፈጥሮ ካብ ብርሰት ምክልኻል እንትኾን ምስኡ ድማ ዘይሕጋዊ ሃደን ምኽልካልን ቦታታት ሃደን ፈሊኻ ምንፃርን ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ'ውን መዕቖብ እንስሳት ዘገዳም ዝኾኑ ፓርክታት ክምዕብሉ ምግባር ሓደ ሜላ ዕቀባ እንስሳት ዘገዳም እዩ።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ውራይ ህዝቢ

## 1. መእተዊ

*መምህር! እዚ ምዕራፍ ኣርባዕተ መፅሓፍ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ ብዛዕባ ውራይ ህዝቢ እዩ ዝድህስስ። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ብጣዕሚ ኣገደስቲ ኣብዝኾኑ ጉዳያት እናተመያየጡን እናሓተቱን ክመሃሩ ትፅቢት ይግበረሎም። ውራይ ህዝቢ ዝብል ምዕራፍ ንተምሃሮ ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ማሕበረሰብ ኣዐርዩ ዝጠቕሞም መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። ስለዚ ሕድሕዱ መመያየጢ ዛዕባን ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርትን ክንድዝከኣል ተምሃሮ ኣፀቢቖም ክርድእዎም ምግባር ወሳናይ'ዩ። መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ምስ ህዝቢ ተዛማዳይነት ዘለዎም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውራያት ህዝቢ ክመሃሩ'ዮም። ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምህርዎም ርእስታት ብዛዕባ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ዝተኣሳሰሩ ዛዕባታት ክህልዉ'ዮም።*

*ምስዚኦም ተኣሳሲሮም ኣገደስቲ ውራያት ህዝቢ ዝበሃሉ ብዋናነት ምስ ጉዳያት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ጉዳእቲ ባህልታት፣ ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት ህዝቢ፣ ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን ዝመሳሰሉ ዛዕባታት ትመሃሩሉ ምዕራፍ እዩ። እዚ ምዕራፍ ውራይ ህዝቢ ን19 ክፍለ ግዚያት ዝተዳለወ'ዩ። እዚ ምዕራፍ እንትዳለው ተሓሳቢ ተገይሮም ዝተወሰዱ ዕላማታት እንትንርኣይ ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ነዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ውራያት ህዝቢ ኣፀቢቖም ይፈልጡን ይርድኡን ዝብል'ዩ ተቐሚጡ። እዚኦም ድማ ዝስዕቡ'ዮም፤*

- *ንሓደጋታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑን ዘሳጥሑን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ዘስዕብዎ ፅዕንቶን ኣብ ኢትዮጵያ ይገልፁ።*
- *ሳዕቤናትን ፅዕንቶን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብዝምልከት ብዝርዝር ይትንትኑ።*

- ቀንዲ መፍለይን መግለፅን ባህርያት (መትከላት) ሰናይ ምምሕዳር ይዝርዝሩ።
- ቀንዲ ነጥብታት መሰላት ህፃናትን መትከላቶምን የብርሁ። የረድኡ።
- ምስ ድሕንነት ዝተኣሳሰሩ ሓደጋታት መጠኖም ይግብጡ። የዛምዱ።

## 2. ውፅኢት ትምህርቲ'ዚ ምዕራፍ

መምህር! ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ብቕዓት ተምሃሮ ምዕቃን የድልይ'ዩ። ስለዚ ነዚ ምዕቃን ብቕዓት ምእንታን ክሕግዝ ተምሃሮ ኣብ መወዳእታ'ዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፤

- ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑን ዘሳጥሑን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት የብርሁ።
- ሳዕቤን ባህላዊ ልምድታት ከም ዘረፋ፣ ምትልታል ብልዕቲ ኣዋልድን (ምኽንሻብ) ምውቃጥን ይትንትኑ።
- ደኽታምነትን ጎዳና ተሓዳደርነትን ንምንታይ ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከምዝኾኑ ይርድኡን ይገልፁን።
- ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዋሕዲ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ሕፅረት ዝሕረስ መሬትን ከም ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ይገልፁ።
- ሕግታትን ስራት ቤት ትምህርትን ንኣገደስቲ ዕላማታት ከምእተቸመጠ የለልዩ።
- መግለፂ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር የብርሁ።
- ተሓታትነት፣ ልምዓት፣ ሓላፍነት፣ ግልፅነት፣ ንሕጊ ተገዛኢ ምዃን፣ ግዕዝይና ኣልቦ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ይግለፁ።
- መሰላቶም ብመሰረት ዓለምለኸ ሕጊ መሰል ህፃናት ዝተሓለወ ምዃኑ የረድኡ።
- ህፃናት መሰረታዊ መሰላቶም ይፈልጡ። ኣፀቢቖም የለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ነገራት የለልዩ።
- ደንብታት ደሕንነት ህፃናት ይገልፁን ይዕሕፉን።
- ንኻልኦት ዓርሶም ካብ ሓደጋ ከመይ ከምዝሕልው ይመኽሩ።

## 3. ዝተመደበ በዝሒ ክፍለ ግዘ

*መምህር! ነዚ ምዕራፍ ሓደ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ᵉ ክፍሊ ዝተመደበ ጠቕላላ ክፍለ ግዘ 16 እዩ።*

## 4. ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ

- *ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት የብርሁ።*
- *ደኸታምነትን ጎደና ተሓዳደርነትን ከም ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ይገልፁ።*
- *ኣብ ኢትዮጵያ ዋሕዲ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ሕፅረት ዝሕረስ መሬትን ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከምዝኾኑ ይገልፁ።*
- *መግለፂ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር የለልዩ።*
- *ኣብ ከባቢኦም ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ክኸተልዎ ዘለዎም ደንብታት ደሕንነት የለልዩ።*
- *ኣብ ከባቢኦም ንዘጋጥሙ ሓደደጋታት ሜላታት ኣሰራርሓ ደሕንነት ይጭብጡ።*

## 5. ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ

*ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ተምሃሮ ክፈልጥዎም ዝግብኡ ተባሂሎም ዝተሓረዩ ኣገደስቲ ዝኾኑ ኣርባዕተ ርእስታት ኣለዉ። ተምሃሮ ምስ ጉዳያት ህዝቢ ተኣሳሲሮም ካብዘለዉ ጉዳያት ውሽጢ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ጎደና ተሓዳደርትን ብተዛመደ መልክዑ ክመሃሩ'ዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ሳዕቤናት ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ፣ ሰናይ ምምሕዳርን መሰላት ህፃናትን ዝምልከቱ ርእስታት ኣለዉ። ስለዚ መምህር! ቀንዲ ትሕዝቶ'ዚ ምዕራፍ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤*

**4.1. ጉዳያት ህዝቢ**

*4.1.1 ዝምድና ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን*

*ሀ. ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ /ምትልታል ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ/፤*

*ለ. ትሕቲ ዕድመ መርዓ፤*

*ሐ. ምውቃዋን ምጥባሕን፤*

4.1.2 ጎደና ተመሓደርቲ

**4.2. ሳዕቤን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ**

ሀ. በዝሒ ህዝብን ማሕበራዊ ግልጋሎትን

ለ. በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሲ መሬት ምንኣስ ዘጋጥም ፀገም

**4.3. ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን**

4.3.1 ሰናይ ምምሕዳር

➢ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን መግለፂ ባህርያቶምን

4.3.2 መሰል ህፃናት

ሀ. መሰል ህፃናት - ሓለዋ ህፃናት ንበይኑ ተፈልዩ ምርኣይ ንምንታይ የድልይ?

ለ. ሓለዋ መሰል ህፃናት

4.3.3 ሓደጋን ደሕንነትን - ኣብ ህፃናት ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት

➢ ብተፈጥሮን ሰብ ስራሕን ዘጋጥሙ ሓደጋታት

## 6. ዝሕበሩ ሓገዝቲ መምህሪ መስተምህሪ

- ብዛዕባ መመሓላለፍቲ መንገድታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝገልፁ ፖስተራት ካብ ቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ወይድማ ቤት ፅሕፈት ጥዕና የምፅኡ።
- ብዛዕባ ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት ዘመላኽቱ ዝተፈላለዩ ፎቶግራፋት፣ ፖስተራትን ስእልታትን ናብ ክፍሊ ሒዞም ይምፅኡ።
- መናእሰይን ሕብረተሰብን ኣብ ጉዳይ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም ዝገብርዎ ዘተ ዘመልክት ካርቶን ስእሊ ይጠቐሙ። ኣብ ዓብዪ ወረቐት ምስኣል የድልይ።
- ምምቅቃል መሬት፣ ብርሰት ሃፍቲ ተፈጥሮን (ደን) ፍግረ መሬትን ዝምልከቱ ፖስተራትን ፎቶግራፋትን የዳልዉ።
- ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን ኣጋይሽ መንግስታዊ ኣብያተ ፅዮ ጣብያን
- ኮንቬንሽን፣ መፅሄታት፣ ስእላዊ መግለፅታት መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናትን

## 7. ፍልፍል ሓበሬታ


- በኢትዮጵያ የጎጂ ልምዶችና ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ያላቸው ትስስር፣ ኢ.ጎ.ባ.ኣ.ኮ (2001 ዓ.ም)፣ ከUFPA ጋር በመተባበር የተካሄደ ጥናት
- ፓኬጅ ሰናይ ምምሕዳር ገጠር ወረዳታት፣ ሰነ 1998 ዓ.ም
- የከተሞች መልካም ኣስተዳደር ፓኬጅ፣ ግንቦት 25 ቀን 2001 ዓ.ም
- የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ሕገ መንግሥት፣ 15 ነሓሰ 1987 ዓ.ም፣ ኣዲስ ኣበባ
- የህፃናትና ሴቶች ጉዳይ ዕምባ ጠባዊ ኮሚሽን ማቋቋሚያ ኣዋጅ
- ሕጊ ቤተሰብ፣ ኣዋጅ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ፣ 2000 ዓ.ም
- ኣብ ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ስትራቴጂ መቀፃፀሊ ህዝባዊ ምልዕዓል፣ MoH and HAPCO (1997 ዓ.ም)
- የኢትዮጵያ ስነ ህዝብ ፖሊሲ፣ 1985 ዓ.ም
- የገንዘብና ኢኮኖሚያዊ ልማት ሚኒስቴር፤ የኢትዮጵያ ፌዴራላዊ ዲሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስት <u>የዕድገትና የትራንስፎርሜሽን ዕቅድ (2003 — 2007)</u>፣ ቅፅ ፩፣ ህዳር 2003፣ አዲስ አበባ።
- African Charter on Democracy, Election and Governance, (2007), AU.
- AIDS Epidemic Update, UNAIDS and WHO (2007).
- Governance for the future: Democracy and Development in the Least Developed Countries, (2006), UNDP
- AIDS Report in Ethiopia, Six Months Report, MoH and HAPCO (2007)
- Child Protection, A Handbook for Parliamentarians, IPU and UNICEF (2004)
- California Department of Health Services: Fact Sheet on Benefits of Family Planning, USA, (2003)
- Erin M. Brown, et al: Youth and the Global HIV/AIDS Crisis, (2002)
- Population Action International (1999), Forest Futures, Washington DC.
- Shiravasava, (1995), Democraphic Transition and Economic Development.
- Shalina Mahta, (2004), Understanding HIV/AIDS: Myths, Efforts and Achievements.
- Todaro, M (2004), Economic Development

- Uganda Aids Commission (2007), Scaling Up Strategic Planning on HIV/AIDS mitigations.
- World Bank, (2007), The World Bank's Commitment to HIV/AIDS in Africa, our agenda for action 2007 – 2011.
- WHO, (2005), Human Rights, Health and Poverty Reduction Strategy.
- UN, (1978), Children Right Convention
- UN, (1948), Universal Declaration of Human Rights

**Websites**

- www.un.org/history and organizational functions of UNO;
- www.au.org/transition from OAU to AU;
- www.globalization, Wikipedia;
- www.NBI.org/2010 Nile Basin Initiatives (Nile- Com)
- www.un.org/ world population
- www.au.org/ Regional Organizations:Establishement and membership


## 8. መፅሓፍ መምህር! ምስ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዎ ምትእስሳር

| ቁፅሪ ተርታ | ርእሲ | ዝርዝር ዕላማታት | ዝተመደበ ክፍለ ግዜ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ | ገፅ ኣብ መፅሓፍ መምህር! | ፋልፋል |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.1 | ጉዳያት ህዝቢ | | 4 | | | |
| 4.1.1 | ዝምድና ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን | • ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጐዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ዘምፅኦ ፅዕንቶን ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ኩነታትን ይገልፁ፣ | | | | |
| 4.1.2 | ጎደና ተመሓደርቲ | | | | | |
| 4.2 | ሳዕቤን ቕልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ | • ፅዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ይትንትኑ። | 4 | | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4.3 | ሰናይ ምምሕዳር፣ መሰል ህፃናትን ድሕንነትን | • ቀንዲ መፍለይ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳርን መሰል ህፃናትን ይገልፁ። | 8 | | | |
| 4.3.1 | ሰናይ ምምሕዳር | • መትከላት ሰናይ ምምሕዳርን መግለፂ ባህርያቶምን የብርሁ። | 2 | | | |
| 4.3.2 | መሰል ህፃናት | • መሰል ህፃናት - ሓለዋ ህፃናት ብዝርዝር ይገልፁ። | 3 | | | |
| 4.3.3 | ሓደጋን ደሕንነትን - ኣብ ህፃናት ጉድኣት ዘብፅሑ ነገራት | • ሓደጋታት ህፃናት ምስ ሜላ ኣሰራርሓ ደሕንነቶም የዛምዱ። | 3 | | | |
| **ጠቕላላ ድምር** | | | 16 | | | |

## 9. ኣግባብ ኣመሃህራ

መምህር! ኣብዚ ምዕራፍ ብዛዕባ ጉዳያት ህዝቢ ንኽምህሩ እንትዳለዉ ኣብ ኣርባዕተ ርእስታት ን19 ክፍለግዝያት ከምዘምህሩ ሓሲቦም ቅድመ ምድላው ክገብሩ ይግባእ። ካብዚኦም ውሽጢ እቲ ቀዳማይ ርእሲ ንሓሙሽተ ክፍለግዝያት ዝተዳለወ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ጎዳእቲ ባህልታትን ዝምልከት እዩ። መምህር! ነዚ ርእሲ ንምምሃር ቅድሚ ምጅማሮም ኣብ እዋን ምድላው ትልሚ ምምሃር ምስትምሃር ብቐዳምነት ጠመተ ክውሃቦም ዝግበኦም ነጥብታት ኣነፂሮም ክቐርቡ ይግባእ። እዚኦም'ውን ዝስዕቡ ይኾኑ፤

1. መመሓላለፊ መንገድታት ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ሜላታት መከላኸሊ ምምሕልላፍ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብቲ ተሸካሚ ቫይረስ ናብ ጥዑይ ሰብ ብዝምልከት ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና መኺሮም ንተምሃሮ ንምግላፅ ዘኽእል ሓበሬታ ክእክቡ ይግባእ።
2. ጠቐምቲ ባህልታትን ጎደእቲ ባህልታትን ዝብሃሉ ኣፀቢቖም ብምንፃር ንተምሃሮ ክርድኦም ብዝኽእል ኣገባብ ኣብ ሰደቓ ብምድላው ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ኣብ ጎዳእቲ ልምድታትን ባህልታትን ዘሎ ኣፈላላይን ርክብን (ዝምድናታትን)

ምእንታን ክፈልጡ ንምትንታን ዘድልይ ቅድመ ምድላው ምግባር ኣገዳስነት ኣለዎ።

3. በዚ መንፅር ብቐዳምነት ኣብ ከባቢ ዘሎ ነቲ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ረብሓ ዘምፅኡን ማሕበራዊ ሃፍቲ ወይድማ ካፒታል እናተብሃሉ ዝፍለጡ ከም እድር፣ ዕቁብ፣ ማሕበር ወዘተ ዘለዎም ረብሓ ብኣብነት ምግላፅ የድልይ። ከምዝፍለጥ እድር ማሕበራዊ ፀገም ንምፍታሕ፤ ዕቁብ ሕፅረት ገንዘብ ንምቅላልን ምውህላል ገንዘብ ንምምሃር፣ ማሕበር ብዛዕባ ኣብቲ ኣባል ማሕበርን ካልኦትን ዝረኣዩ ፀገማት ብምምይያጥ ንምፍታሕ ዘለዎም ግደ ተምሃሮ ክፈልጡን ብኣብነት ምግላፅ ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ።

4. ጎዳእቲ ልምድታት ኣብ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ብበዝሒ ዝርኣይሉ ምኽንያት ተምሃሮ ክመያየጡ ንምግባር ዘድልይ ሓበሬታ ምእካብ ይግባእ። ብፍላይ ነዚ ጉዳይ ዝጥቀሙሉ መሳርሒ፣ ነዚ ዝፍፅሙ ሰባት፣ ነዚ ንምቅላስ ዘሎ ሕጋዊ ባይታ (ሕገ መንግስትን ተመሓይሹ ዝወፀ ገበን መቕፅዒ ሕግን ካልኦትን)፣ ነዚ ጉዳይ ኣብ ምቅላስ ትርከብ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ተሞክሮ ክህባ ምግባር ስለዘድልይ እኹል ምድላው የድልይ።

5. ጎዳእቲ ልምድታት ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ዝምድና እቶም ተምሃሮ ብጉጅለ ተወዲቦምን ተዳልዮምን ክመፁ ብምግባር ዘለዎም ፍልጠትን ክፍተትን ብምፍላጥ ብተሞክሮ ፍልጠቶም ምዕባይ ምእንታን ክኽእሉ እኹል ምድላው ምግባር።

6. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣመልኪቶም ከመሓላልፉ ዝኽእሉን ዘየመሓላፍን መንገድታት ክፈልጡ ብድራማ መልክዕ ኣብ ክልተ ብምውዳብ እቲ ሓደ መመሓላለፍቲ መንገዲ ዝገልፅ እቲ ካልኣይ ድማ ዘየመሓላልፉን ብልምዲ ኣብቲ ከባቢ የመሓላልፉ ተባሂሉ ዝእመነሎም ጉዳያት ብምፍላይ እናተዋዘዩ እቲ ቁም ነገር ክትሕዝዎ ምግባር።

7. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ጠቐትን ጎደእትን ባህላዊ ልምድታት መሰረት ብምግባር ተምሃሮ ንወለዶም ሓቲቶም መልሲ ሒዞም ንክመፁ ዝወሃብ ዕዮ ገዛ ከምዝህልውን ብፍላይ ድማ ኣብ ገጠራት ትግራይ ዝርኣዩ ትሕቲ ዕድመ መርዓ (ሓዳር) ዘብፅሕዎ ፀገም ብዝምልከትን ምኽንሻብ ምስ ሕማም ፌስቱላ ተዛሚዱ ዘብፅሖ ፀገም ብምፍላይ ስፍሕ ዝበለ ምይይጥ ንምግባር ምስ ሰብ ሞያ ጥዕናን

ቤት ፅሕፈት ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናትን ተመያይጥኩም ዝግባእ ሓበሬታ ክትቅርቡ ይግባእ።

ስለዚ መምህር! ተምሃሮ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎም ግንዛበ ብዝምልከት ንቕድም ይሕተትዎም። ነዚ ዝኾኑ ሕቶታት'ውን ከዳልዉ ይግባእ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንታይ ከምዝኾነን ዝመሓላለፈሉም መንገድታት ብዝምልከት ንተምሃሮ ሕቶ የቕርቡሎም። ውራይ (ጉዳያት) ህዝቢ እንተምህሩ ኣብ ኩለን ኣርእስታትን በብክፍለ ግዚኡን ንተምሃሮ ሕቶ ብምቕራብን ዝህብዎ መልሲ ብምስማዕን ክጅምሩ'ዩ ዝምከር። ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣሳታፊይን ኮርኳሕን ክኸውን ይግብኦ። ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝመሓላለፈሉም መንገድታት ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብግልፂ ይፅሓፍዎም። ሰላምታ ብምልውዋጥን ሓቢርካ ብምፅዋትን ምብላዕን ወዘተ ዝመሓላለፍ ሕማም ከምዘይኮነ ድማ ይሓብሩሎም። መመሓላለፊ መንገድታት ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምስገለፅኩም ብምቕፃል ድማ መከላኸሊ ሜላታት ምትሕልለላፍ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብቲ ቫይረስ ተሸካሚ ናብቲ ጥዑይ ሰብ ብዝምልከት ብግልፂ ምይይጥ ይግበሩሎም።

መምህር! ኣብዚኣን ክልተ ጉዳያት ኣብ ከባቢኦም ካብዝርከቡ ሰብ ሞያ ጥዕና ጋሻ ብምዕዳም ነቲ ገለፃ ከራጉድዎ እንተገበሩ ይምረፅ። ብድሕሪ'ዚ ድማ ኅዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ዝበሃሉ እንታይ እዮም? ዝብል ሕቶ ናብ ተምሃሮ የቕርቡ። ተምሃሮ ዝህብዎ መልሲ ምስ ሰምዑ ባህላዊ ልምድታት ዝበሃሉ ብዝርዝር ይግለፁሎም። እዞም ባህላዊ ልምድታት እንታይ ማለት ከምዝኾኑ ድማ ተምሃሮ ብጉጅለ ክመያየጡ ይግበርዎም። ባህላዊ ልምድታት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተሓበሩን ኣብ መምርሒ ንመምህር! ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብዝብል ዝተሓበሩ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ነዞም ባህላዊ ልምድታት ዝበሃሉ ድማ ኣብ ፀሊም ሰሌዳ ብዝርዝር ይፅሓፍዎም። ባህላዊ ልምድታት ጠቐምቲ ኣለዉ። ብኡ መጠን ድማ ብጣዕሚ ኅዳእቲ ኣለዉ። መምህር! ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተሓበሩ ጠቐምቲ ባህላዊ ልምድታት ዝበሃሉ ከም ንህፃናት ምጥዋብ ጡብ ኣዶ፣ ንህፃናት ዝግበር ክንክን፣ እድርን ዕቁብን ከምኡ'ውን ተሓባቢርካ ምስራሕን፣ ምትሕልላይን ምጥይያቕን፣ ዝተባእሱ ሰባት ምትዕራቕን ነገራት ብሽምግልና ምፍታሕን፣ ንኣረጋውያንን ንጉዱኣት ኣካልን ዝግበር ቤተሰባዊ ክንክንን ከምኡ'ውን ንሓራሳት ዝግበር ክንክንን ካልኦትን ዝመሳሰሉ እታይ ረብሓ ከምዘለዎም

ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ነዚ መሰረት ብምግባር ኣብ መወዳእታ ኣብ ኣዴታትን ህፃናትን ዝበፅሑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት እንታይ ከምዝኾኑ ብዝርዝር ይሓብሩሎም። ነዚ መግለፂ መሰረት ብምግባር ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ንኣብነት ካብዚ ንታሕቲ ዘለዉ ምሕባር ይከኣል።

**<u>ተግባራት ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት</u>**

| | |
|---|---|
| • ምኽንሻብ ህፃን ጓል ኣንስተይቲ | • ምኽንሻብ፣ ዓንቀረ ምክዓዕ፣ |
| • ሓዳር ምስ ዘይማንዛ | • ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ |
| • ከብዲ ኣዶ ብጠስሚ ምድራዝ | • ምውቃጥን ምጥባሕን፣ |
| • ምፍልፋል ስኒ ባርካይ (ድርፃን) | • ምጥላፍን ኣገዲድካ ምድፋርን፣ |
| • ዘይተመጣጠነ ምግቢ ምሃብ | • ውርሲ ደቂ ኣንስትዮ |

ብምቕፃል ሕድሕዲኦም ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት ተባሂሎም ዝተገለፁ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝፍፀሙ፣ ንምንታይ ክፍፀሙ ከምዝድለይን እንታይ ሳዕቤን ከምዘለዎምን ብዝርዝር ንተምሃሮ ይግለፁሎም። መምህር! ነዞም ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት እንትገልፁ ብቤት ፅሕፈት ምክልኻልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ከምኡ'ውን ብኮሚቴ መወገዲ ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት ዝተዳለዉ ፖስተራትን ስእልታትን ወይድማ ፎቶግራፋትን ይጠቐሙ። ስለዚ ምኽንሻብ፣ ዓንቀር ምክላዕ፣ ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ ምውቃጥን ምጥባሕን፣ ምጥላፍን ኣገዲድካ ምድፋርን፣ ውርሲ ደቂ ኣንስትዮ ወዘተ ዝምልከቱ ብዋናነት ይግለፁሎም። ምስዚ ብምትእስሳር ንሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተቃልዑን ብምኽንያት ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት ንዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተሳጥሑን ህፃናት ኣብ መወዳእታ ናብ ጎደና ሓደርትነት ዝወፁ ከምዝኾኑ ይግለፁሎም። ጎደና ሓደርትን ጎደና ተመሓደርትን ክገጥሞም ዝኽእል ሓደጋ ብዝምልከት ይግለፁሎም። ኣብዞኦም ጎዳያት ተምሃሮ ክመያየጡ'ውን ይግበሩ። በዚ መዳይ ዝተሳቐዩ ህፃናት ብዝምልከት ዝተፈላለዩ ኣብነታት የቕርቡሎም። ካብ ኣብያተ ፅሕፈት ፖሊስን ማሕበራዊ ጉዳያትን ወይድማ ኣብ ቴሌቪዥን ካብዝቐርብ መደብ ፖሊስን ሕብረተሰብን ሓበሬታ ብምውሳድ ንተምሃሮ ጭቡጥ ኣብነታት የቕርቡሎም።

*መምህር! ተምሃሮ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡ ኩነታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስን ጎደእቲ ባህላዊ ኩነታት ብዝምልከት ሓቲቶም ክመፁ ይግበርዎም። ዓንቀር ዝተኸልዑ ወይድማ ዝተወቀጡን ዘተበጥሑን ተምሃሮ እንተልዮም ምስ ወለዶም ተመያይጦም መልሲ ሒዞም ክመፁ'ውን ይግበሩ። ተምሃሮ ከምዚኦም ዝመሳሰሉ ጉዳያት ጎደእቲ ባህላዊ ልምድታት ብምኳኖም ከምዘይጠቕሙ የረድእዎም። ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ብፍላይ ድማ ኣብ ትሕቲ ዕድመ መርዓ፣ ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ፣ ምኸላእ ዓንቀርን ምፍልፋል ስኒ ባርካይን ዘስዕብዎ ፀገማት ብዝርዝር ንተምሃሮ ምርዳእ ኣገዳስነት ኣለዎ። እዚኣን ፀገማት ኣብ ገጠር ትግራይ ሕዚ'ውን ርኡይ ብምኳኑ ተምሃሮ ክፈልጥዎምን ጉድኣቶምን ሳዕቤናቶምን ከስተማቕርዎን ይግበሩ። ተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ 5ይ ክፍሊ ዕድሚኣን ዓሰርተ ሓደን ዓሰርተ ክልተን ስለዝኸውን ኣብዚ ዕድሚኣን ነዚ ርእሲ ኣፀቢቖም ተምሃሮ ክፈልጥዎ ምግባር ኣዎንታዊ ማሕበረሰባዊ ረብሓ ኣለዎ።*

*ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ተሓቢሩ ዘሎ ንጥፈት ንምምይጥን ምርግጋፅን ስርፀት ትምህርቲ ዝምልከት ዕዮ ገዛ ይሃብዎም። ስለዚ መምህር! ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ስእሊ ሓደ መሰረታዊ ሕቶ ይሓትት'ሎ። ንምንታይ'ዩ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ኣብ ሕብረተሰብን ወለድን ክሳብ ሎሚ ዘሎ? ንዝብል ሕቶን ካልኦት ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሸሞንተ ሕቶታት ብዝርዝር ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምስ ተምሃሮ እናተመያየጡ ይመልስዎም። ንተምሃሮ ብንጡፍ የሳትፍዎም። መምህር! ነዚ ርእሲ እንተምህሩ ብገለፃ ጥራሕ ዝውሰን ከምዘይኮነ ከስተውዕሉ ይግባእ። እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ንሓምሻይ ክፍሊ እንትዳለው ተምሃሮ መፅሓፍ ኣንቢቦም ንወለድን ካልኦት ሰባት ሓቶቶምን ክመፁ ተሓሳቢ ገይሩ መምህር! ድማ ዝርዝር ሓሳብ ደረጃ ብደረጃ እናስዓበ ብስእላዊ መግለፅታትን ኣዋጃትን እናደገፉ ክገልፁሎም ትፅቢት ተገይሩ'ዩ ተዳልዩ። ኣብ መወዳእታ ድማ መጠቓለልን ንጥፈታትን ከምዝህልዉ ኣብ ግምት ብምእታው ማለት እዩ።*

*መምህር! ብካልኣይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ ኣርእቲ "ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ" ዝብል እንትኸውን እዚ ድማ ንሓሙሽተ ክፍለግዝያት ዝተዳለወ ትምህርቲ እዩ። ነዚ ርእሲ ንምስትምሃር እንትጀምሩ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዘለዉ ሕቶታት ይጀምሩ። በዝሒ ህዝቢ ምስ ኢኮኖሚያዊ መነባብሮ ዘተኣሳስሮም ጉዳያት ብውነ*

ይግለፁሎም። ነዚ ክሕግዞም በዝሒ ህዝቢ ዓለም፣ ኣፍሪካን ኢትዮጵያን ኣመልኪቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘሎ ሰደቓ ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉዎ። በዝሒ ህዝቢ እንታይ ከምዝመስል ተምሃሮ ክርድኦም ምግባር እቲ ሓደ ኣገዳሲ ጉዳይ'ዩ። ድሕሪ'ዚ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ሕብረተሰብ ክህልዎ ዝኽእል ፀቕጥን ሳዕቤንን ብዝምልከት ድማ ብዝርዝር ምግላፅ ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ ንቅድም ብዛዕባ በዝሒ ህዝብን ማሕበራዊ ግልጋሎታትን ዝምልከት ርእሲ ምግላፅ ይግባእ። በዝሒ ህዝቢ እናወሰኸ እንትኸይድ ኣብ ግልጋሎት ማሕበራዊ ጉዳያት ዝህልው ፀገምን ሳዕቤንን ንኣብነት ኣብ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ኩነታት ስድራን ዝመሳሰሉን ማእኸል ብምግባር ዝርዝር ገለፃ ክድልይ'ዩ። ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ድማ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ተሓራሳይ መሬት ዝህልዎ ፅገም ብዝምልከት መግለፂ ምሃብ ይግባእ። በዝሒ ህዝቢ ምስ መሬት ምንኣስን እቶት ምውሓድን ተኣሳሲሩ ዝህልው ፀገም ብዝምልከት ከምኡ'ውን ምስ ብርሰትን ፍግረ መሬትን ዘለዎ ምትእስሳር ብእስሊ ኣደጊፍኩም መግለፂ ምሃብ ክድልይ እዩ።

መምህር! ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ምስ ብርሰት ደን ዝተኣሳሰሩ ኣርባዕተ ስእልታት ኣለዉ። ነዚኦም መሰረት ብምግባር በዝሒ ህዝቢ ከስዕብዎ ዝኽእሉ ፀገማት ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ናብ ቢሮ ትልሚ ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ፋይናንስን ወይድማ ኣብ ትነብሩሉ ከተማ / ወረዳ ዝርከብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ከይዶም ብዛዕባ በዝሒ ህዝብን ሳዕቤናቱን ሓቲቶም ሓበሬታ ሒዞም ክመፁ ይግበሩ። ምስ ከባቢኦም ድማ ከተኣሳስርዎ ይግበሩ። ምስ ተምሃሮ ዝገብርዎ ሕቶን መልስን ከምኡ'ውን ምይይጥን ምስወድኡ፣ ንተምሃሮ ዝህብዎም መግለፅታትን ስእላዊ ሓበሬታታትን ምስዛዘሙ፣ ተምሃሮ ንዘቕረብዎም መግለፅታት ብግቡእ ተረዲኦም ምኻኖም ምስኣረጋገፁን ጉጅለ ዕዮታቶም ምስወድኡን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ንጥፈታት መመያየጢ ስርፀት ትምህርቲ ዝምልከቱ ዓሰርተ ሕቶታት ክሰርሑ ይግበሩ። ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከመይ ትርድኦ? ዝብል ስእላዊ መግለፂ ዝሓዘሉ ሕቶታት ምስ ተምሃሮ ይመያየጡሎም። ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ የቕርቡሎም። ተምሃሮ ነዞም ንጥፈታት ክመያየጡሎም ይግበሩ።

መምህር! ነዚ ርእሲ እንትዛዝሙ ብዋናነት ነዞም ዝስዕቡ ዓበይቲ ነጥብታት ኣብ ግምት ከእትዉ ይግባእ። ንምዝኽካር ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ብሓደ መልክዑ ፀገምን ሳዕቤንን ኣለዎ እንትተብሃለ'ውን ብካሊእ ወገን ድማ በዝሒ ህዝቢ ፀጋን ሃፍትን እዩ

ከምዝበሃል'ውን ንተምሃሮ ይግለፁሎም። ንኣብነት ቻይናን ህንድን ብቢሊዮን ዝቑፀሩ ህዝቢ ኣለዎም። ቻይና ግና ብኢኮኖሚያዊ ልምዓት ኣብ ዓለም ካልኣይ ሃገር እያ። ስለዚ ነዚ ተወሳኺ ሓሳብ መሰረት ብምግባር ዝስዕቡ ንመጠቓለሊ ይጠቐሙሎም።

- ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከም ኣሉታ ክረኣይ ከምዘይብሉን እዚ ጉዳይ ምስ ኢኮኖሚ ስድራን ሃገርን ተዛሚዱ እንትረኣይ ግና ዘለዎ ሳዕቤን ክፈልጡ ምግባር ከድልይ'ዩ። ነዚ ንምጥቃም ንኽከኣል ሓደ ስድራ ብመሃያ ዝመሓደር እንተኾይኑ እቲ መሃያ ዘይትውሰኽ እቲ ስድራ ግና ካብ ክልተ ሰብ ናብ ዓርባዕተ ሰብ እንተዓብያ ዝፈጥሮ ፅልዋ ብኣብነት ምግላፅ ይግባእ። ብተመሳሳሊ እቲ በዝሒ ህዝቢ ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ መሬት ትሕዝቶ ወዘተ ብኣብነት ምግላፅ፤ ንኣብነት ኣብ ገጠር ክልተ ሄክታር ዝነበረ ናብ ፍርቂ ሄክታር ምንካይ፤ ኣብ ከተማ ዝነበረ መሬት ዕድሎት (መቐለ) ካብ 500 ካሬ ናብ 175 ፀኒሑ ድማ ናብ 140 ካሬ ኣብ ቀፃሊ ድማ ከምዝንክን ናብ ጎኒ እንተይኮነስ ናብ ላዕሊ (ፎ'ቕ) ንምስራሕ ዝግደደሉ እዋን ከምዝበፅሓ ይግለፁሎም። ብሰንኪ በዝሒ ህዝብን ኢኮኖምን ዘይምምጥጣን ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ፅልዋ ካልኦት ኣብነታት ምስቲ ዝነብሩሉ ከባቢ ዝዛመድ የቕርቡሎም።

መምህር! ቀፃላይ ርእሲ ብዛዕባ ሰናይ ምምሕዳርን መሰላትን ደሕንነትን ህፃናትን ዝምልከት ንትሽዓተ ክፍለ ግዝያት ዝተዳለወ እዩ ዝኾውን። ኣብዚ ንቅድም ብዛዕባ ሰናይ ምምሕዳር ንተምሃሮ ምግላፅን ኣፀቢቕም ክርድእዎ ምግባርን እቲ ዝዓበየ ስራሕ'ዩ።

መምህር! ብዛዕባ ሰናይ ምምሕዳር ቅድሚ ምግላፆም ንተምሃሮ ሕቶ የቕርቡሎም። ንኣብነት ሰናይ ምምሕዳር እንታይ ማለት እዩ? ሰናይ ምምሕዳር ከመይ ትገልፅዎ? ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ'ዩ? ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ማሕበራዊ ናብራን ውልቀ ስድራን ከመይ ትዕዘብዎ? ኣብዞም ሕቶታት እኹል ምምይያጥ ምስ ተገብረ ሰናይ ምምሕዳር ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ ከመይ ከምዝኾነ ይሕተትዎም። ኣብዚ ንኣብነት ኣብ ከባቢኹም ካብዝርከብ ጣብያ ገጠር ወይድማ ከተማ ውሽጢ ዝምልከቶም ምምሕዳርን ኣካላት ፍትሕን ከምኡ'ውን ምምሕዳር ፋይናንስን ዕደጋን ናብ ክፍሊ መፂኦም ንተምሃሮ ብዛዕባ ሰናይ ምምሕዳር ን20 ደቃይቕ መግለፂ ክህብዎም ይግበሩ። ድሕሪ'ዚ መግለፂ ኣብ መወዳእታ ኣብ መፅሓፍ

ተምሃራይ ዝርከብ ስእላዊ መግለፂ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ዓብዪ ወረቐት ስኢልኩም ንተምሃሮ ብንፁር ቋንቋን ብዝርድኦም ኣገባብን ግለፁሎም።

መምህር! ተምሃሮ ብዛዕባ ዝተምሃርዎን ዝተውሃቦም መግለፅን ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝርከብ ስእላዊ መግለፂ መሰረት ብምግባር ነንባዕሎም ክመያየጡን ብጉጅለ ሓሳቦም ክገልፁን ይግበሩ። ብዝበለፀ ንክርድኦም ኣብዝስዕቡ ጉዳያት ጠመተ ይሃቡ፤

- ኣብ ኣወዳድባ ቤት ትምህርትን ከባቢያዊ ምምሕዳርን ክፈልጡ ምግባር። ንኣብነት ወረዳ ምምሕዳር፣ ፖሊስ፣ ቤት ፍርዲ፣ ቤት ማዘጋጃን፣ ፋይናንስን እቶትን፣
- ሰናይ ምምሕዳር ምስ ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ዘለዎ ዝምድና ብምንፃር ኣወዳድባ ቤት ትምህርቲ ምፍላጥን ተግባርን ሓላፍነትን ምግላፅን ወዘተ
- ሓላፍነት ብኣግባቡ ምውፃእን ሰናይ ምምሕዳርን ዘለዎ ርክብ ክፈልጡን ዝኾነ ሓላፍነት ንህዝቢ ንምግልጋል ከምዝኾነን
- ንህዝቢ ምግልጋል ምርሳዕ ማለት ንሰናይ ምምሕዳር ምዕራር ምዃኑ ክፈልጥዎ ብኣብነት ምግላፅ

ድሕሪ ከምዚ ዝመሰለ ተምሃሮ ማእኸል ዝገበረ መግለፂ ካብ መትከላት ሰናይ ምምሕዳር ውሽጢ ብዛዕባ ልዕልነት ሕጊ፣ ኣፈፃፅማን ብቕዓትን ስራሕቲ መንግስቲ፣ ግልፅነት፣ ተሓታትነት፣ ምርግጋፅ ተሳትፎ ህዝብን ተገልገልትን፣ ንሕቶ ህዝብን ተገልገልትን ቅልጡፍ ምላሽ ምሃብ፣ ስምዒት ሓላፍነት (ሓላፍነት ዝስምዖ)፣ ንሕጊ ተገዛኢ ምዃን ወዘተ ኣብዝብሉ መፅሓፍ ተምሃራይ ማእኸል ገይርኩም ንተምሃሮ ብደንቢ ኣረድእዎም። ሰናይ ምምሕዳር ምስ ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ምኽባር (ምርግጋፅ) ሰብኣዊ መሰላትን ብቐጥታ ዝተኣሳሰረ ምዃኑ ኣረድእዎም። መትካላት ሰናይ ምምሕዳር እንተምህሩ ካርድን ቁፅርን ተጠቒሞም መግለፂኦም ከጠናኽሩ'ውን ይኽእሉ'ዮም። መምህር! ኣብ መወዳእታ ንተምሃሮ ዝተዳለዉ ንጥፈታት ኣለዉ። ንመጠቓለሊ መመያየጥን ስርፀት ትምህርትን ተባሂሎም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ሕቶታት ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ምስ ተምሃሮ እናተመያየጥኩም መልስዎም።

መምህር! ተምሃሮ ነቶም ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዘለዉ ንጥፈታት እናንበቡ ተረዲእዎም ክምልሱ ይተባብዕዎም። ነቶም ሕቶ ስእላዊ መግለፂ ብደንቢ

ክምልስዎም ይግበሩ። ስለዚ መምህር! ሕቶታት ብምቕራብን ተምሃሮ'ውን ብድፍረት ዓርሰ እምነት ሃልይዎም ዘንበብዎ ክምልሱ ብምትብባዕ ዝተሰነየ መግለፅታት፣ ስእላዊ መግለፅን ኣጋይሽ ብምዕዳምን ከምኡ'ውን መጠቓለሊ ንጥፈታት ብምሃብን ሰነድ መንግስቲ ብምዝማድን ወዘተ ማእኸል ዝገበሩ ኣግባብ ኣመሃህራ ክጥቀሙ ይምከሩ።

ዝቕፅል ርእሲ ብዛዕባ መሰላት ህፃናት እዩ። እሞ መምህር! ብዛዕባ መሰላት ህፃናት እንተምህሩ ንቅድም ተምሃሮ ክንደየናይ ዝኣክል ዓሙቕ ፍልጠትን ግንዛበን ከምዘለዎም ንምፍላጥ ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ብዘለዉ ሕቶታት ይጀምሩ። ድሕሪ'ዝን ሕቶታት ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ዝምልከቱ ዕሑፋት ሒዞም ናብ ክፍሊ ብምምፃእ ንተምሃሮ የፋልጥዎም። ንኣብነት ኮንቬንሽን መሰላት ህፃናት፣ ሕገ መንግስቲ ኢ.ፌ.ዲ.ሪ፣ ብ1999 ዓ.ም ዝወሰ ቻርተር ሕብረት ኣፍሪካን ካልኦት ዝተፈላለዩ ዕሑፋትን መፅሄታትን ናብ ክፍሊ ሒዞም ክመፁ ይግብኦም። ስለዚ ኣብዚ ክልተ መሰረታዊ ቁም ነገር ንተምሃሮ ግልፁ ክኾነሎም ይግበሩ። እቲ ቀዳማይ ህፃን ዝበሃል ክሊ ዕድመ ምንፃር እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ መሰላት ህፃናት ብግልፂ ተምሃሮ ፈልዮም ክፈልጥዎም ምግባር እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ህፃናት ክገበርዎም ዝግብኡን ዘይግብኡን ከ እንታይ'ዮም ዝብሉ ብንፁር ምቕማጥ ኣገዳስነት ኣለዎ። ኣብዚ መዳይ እኹል ምይይጥ ምስተገብረ መሰል ህፃናት ዝተደረቱሎም ኣብ ምንታይ ጉዳያት ከምዝኾኑ ምግላፅ ኣገዳስነት ኣለዎ። ስለዚ ዝርዝር መሰላት ህፃናት ኣብ ዓብዪ ወረቐት ፅሒፎም ወይድማ ብኮምፒዩተር ተፃሒፉ ብLCD Projector ተጠቒሞም ንተምሃሮ ኣብዝርኣይ ቦታ ገይሮም ብዝርዝር ሓደ ብሓደ ይግለፁሎም። ብዛዕባ መሰላት ህፃናት ዝገልፁ ዝተፈላለዩ ዕሑፋት፣ ስእላዊ መግለፅታት፣ ካርቶናትን መፃሕፍትን እናኣለሹ ናብ ክፍሊ ሒዞም ምምፃእ'ውን ከምዘድልይ ክንሕብር ንፈቱ። ስለዚ መሰላት ህፃናት ብኣብነት ኣደጊፎም ክገልፁሎምን ምስዚ ተኣሳሲሩ ድማ ምግሃስ መሰላት ህፃናት ብዝምልከት ዓለምለኸን ሃገራውን መረዳእታታት ንተምሃሮ ይግለፁሎም።

መምህር! ብዛዕባ መሰላት ህፃናትን ምግሃስ መሰላት ህፃናት ብዝምልከት ምስኣምሃርኩምን ተምሃሮ እኹል ምርድዳእ ገይሮም'ዮም ዝብሉ እምነት ምስ ኣሕደሩ ብምቕፃል ብዛዕባ ሓለዋ መሰላት ህፃናት ብዝምልከት ገፊሕ ትንተና ርእሲ ክገብሩ'ዩ ትፅቢት ዝግበር። ነዚ ኣርእቲ እንተምህሩ መምህር! ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢ.ፌ.ዴ.ሪ

ዓንቀፅ 36 ብግዕዚ ተቐሚጦም ዘለዉ መሰላት ህፃናት ሓደ ብሓደ ምርኣይ ይከኣል'ዩ። መምህር! መሰላት ተምሃሮ ከመይ ከምዝኽበሩን ከምዝገሃሱን ብዝምልከት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለዉ ኣብነታት መሰረት ብምግባር የረድእዎም። ንኣብነት ንተምሃሮ ብበትሪ ምግራፍ፣ ኣርፌዶም ተባሂሉ ናብ ክፍሊ ከይኣትዉ ኣብ ደገ ቅፅረ ግቢ በሪ ምዕፃው፣ ክንበርከኹ ምግባር፣ ፀርፊ ወዘተ ዝመሳሰሉ ተግባራት መምህራንን ቤት ትምህርትን እንተልዩ ኣብ እዋን ምምሃር ምስትምሃር ምጥቃም ይከኣል'ዩ።

ድሕሪ'ዚ ብብዛዕባ ሓደጋን ድሕንነትን ከምኡ'ውን ህፃናት ኪጋጥሞም ዝኽእሉ ሓደጋታትን ሜላታት ምክልኻልን ንፁር ሓበሬታ ንተምሃሮ ይሃብዎም። ነዚ ርእሲ እንተምህሩ መምህር! ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ዝተሓበሩ ሸሞንተ ሕቶታት መሰረት ብምግባር ንተምሃሮ የመያየጥዎም። ተምሃሮ ምስ መሓዙቶም ክፃወቱ እንተለዉ፣ ኣብ ኦምን ኣፃድፍን ወዘተ ክኸተልዎም ዝግብእዎም ጥንቃቐታት ይገለፁሎም። ብፍላይ ካብ ውሕጅ፣ ፀድፊ፣ ሓደጋ ባርዕ፣ ናብ ዓበይቲ ኦም ምድያብ፣ በርቂ፣ እንስሳት፣ትራፊክ መኪና ወዘተ ካብዝመሳሰሉ ሓደጋታት ብኸመይ ኣገባብ ክከላኸሉ ከምዝኽእሉ ንተምሃሮ ብዝርዝር ይግለፁሎም። ኣብ መወዳእታ መጠቓለሊ ሪኢቶታተን ሕቶታትን ብዝግባእ ግልፂ ኾይኑ ምስ ቀረበ ብዝበለፀ ተምሃሮ ኣብ መወዳእታ ምዕራፍ ንዘለዋ ሕቶታት ንኹለን መሊሶ ክእረመሉ ንኽግበር ኩሉ ፃዕሪ ይግበሩ። ስለዚ መምህር! ነዚ ምዕራፍ ብግቡእ ንምስትምሃር ክጥቀሙሎም ዝግባእ ኣግባብ ኣመሃህራ እንትርኣይ ስሩዕን ዘይስሩዕን ገለፃ፣ ኣጋይሽ ምዕዳም፣ ሕቶን መልስን፣ ምይይጥ፣ ተኳሳሓይ ኣቀራረባ፣ ድጋፍን ሓገዝን ስእላዊ መግለፅታት ሓገዝ መምህሪ መስተምህሪ፣ ዕዮ ጉጅለ፣ ንጥፈታት፣

## 10. ተወሳኺ መረዳእታ ንመምህር!

### ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ዝምልከቱ ተወሰኽቲ ሓሳባት

ኣብ ተምሃሮ መፅሓፍ ብዛዕባ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስተዮ፣ ትሕቲ ዕድመ መርዓን ምብጣሕን ከምኡ'ውን ምኽላእ ዓንቀርን ምፍልፋል ስኒ ባርካይን ዝምልከት ሓበሬታ ከምዘሎ ይዝከር። ኣብዚ ግና መምህር! ስፍሕ ዝበለ ፍልጠት ክህልዎም ስለዝግባእ ተወሳኺ ጎዳእቲ ልምድታት ካብዚ ንታሕቲ ቐሪቡ'ሎ።

**ጠለፋን ኣገዲድካ ምድፋርን፤** ጠለፋ ዝበሃል ንደቂ ኣንስትዮ ንሓዳር ብምሕሳብ ካብቲ ዝተዋፈራሉ ማለት ካብ ቤት ትምህርቲ፣ ዕዳጋ፣ ማይ ክቐድሓ፣ ከፍቲ ኣብ ምሕላውን ካልኦትን ተዋፊረን እናሃለዋ ካብ ድልየትን ወፃኢ ብምዕፋን ተጎምቢፀን (ተዓሚፀን) እንትውሰዳ'ዩ። እዚ ኣገባብ ኣብ መብዛሕትኡ ክልላት ሃገርና ዝረኣይ'ዩ። ኾይኑ ግና ብጎዳእቲ ልምዲ ምውጋድ ኮሚቴ ኣብ 1997 ዓ.ም ዝተገበረ መፅናዕቲ ዝሕብሮ ብፍላይ ኣብ ኦሮምያን ቤን ሻንጉል ጉምዝን ብሰፊሑ ከም ሓደ ኣገባብ ምስረታ ሓዳር ተገይሩ ይውሰድ። ጠለፋ ንምክያድ መበገሲ ምኽንያት ኣለዉ፤

- ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘሎ ግምት ትሑት ምዃን
- እታ ንመርዓ ዝተመረፀት ብስድራ ይኹን ብባዕላ ነዚ ሕቶ ኣይትቕበሎን ካብ ዝብል ስግኣት
- እታ ትጥለፍ ጓል ንኻሊእ ሰብ ዝተሓፀየት ምዃና እንትፍለጥ ኣቐዲምካ ነቲ ጉዳይ ንምፍራስን ናይ ባዕልኻ ንምግባርን ዝብሉ ከም ቀንዲ ጉዳያት ዝውሰዱ እዮም።

**ኣገዲድካ ምድፋር፤** ኣገዲድካ ምድፋር ንቕፅበታዊ ወሲባዊ ስምዒት ንምርዋይ ተባሂሉ ኣብ ዝረኸብካዮን ዝገጠመካን ቦታ ብፍላይ ድማ ኣብ ፀልማት ጉልባብ ተገይሩን ሰብ ኣብ ዘይሪኦ ቦታ ተኸዊልካን ዝፍፀም ተግባር'ዩ። እዚ ተግባር ኣብ ደቂ ኣንስትዮ መሰል ምድፋእ እንትኸውን እዚ ተግባር ኣብ ህፃናትን ደናግልን ዝፍፀም እንተኾይኑ ኣብ ስነ ኣእምሮ ዝፈጥሮ በሰላ ዝኸፍአ ይገብሮ። ብፍላይ እዚ ጉዳይ ብሓይሊ ኣገዲድካ ዝፍፀም ወሲባዊ ርክብ ብምዃኑ ደም ንምፍሳስ ስለዝቃላዕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምትሕልላፍ ምኽንያት ከምዝኸውን ይእመን።

**ውርሲ ሰበይቲ፤** ኣብ ሓድ ሓደ ከባብታት ዘለዉ ጎዳእቲ ልምድታት እንትንሪኢ ሰብኣያ ዝሞታ ሰበይቲ ሓው ሰብኣያ ወይድማ ንሱ እንተዘይሃለወ ቀረባ ዘመዱ ክወርሳ ይግበር። ከምኡ'ውን ሰበይቱ እንተሞይታ ንኡሽተይ ሓፍቲ ሰበይቱ ቀልጢፉ ከእቱ ይግበር። እዚ ብፍላይ ኣብ ተኸተልቲ እስልምና ዝረኣይ ኾይኑ እዚ ጉዳይ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንትዛመድ ዘብፀሖ ሓደጋ ዝለዓለ ይኸውን።

ካልኦት በብኸባቢኡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝንፀባረቑ ጎዳእቲ ልምድታት ኣለዉ። ኣብዚ ብፍላይ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝዛመድ ተግባር ኣሎ። ነዚ ከም ኣብነት

ዝጥቀስ ኣብ ህዝብታት ደቡብ ኣብ ሃመር ዝበሃል ብሄረሰብ ኣዋልድ ቅድሚ መርዓ ምፍፃመን ብዝኾነ ሰብ ድንግልነአን ክህባ ይግደዳ። ነዚ ዝቐርብ ምኽንያት ብድንግልና ዝፀንሓት በቲ ማሕበረሰብ ከም ዝተፈንፈነት ተገይሩ ስለዝውሰድ'ዩ። እዚ ድማ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እንትዛመድ ዝፈጥሮ ሓደጋ ከቢድ ይገብሮ።

**ዓንቀር ምኽላእ፤** ህፃናት በቶም ጎዳእቲ ልምዲ ዝፍፅሙ ሰባት ብዝተፈላለዩ መሳርሕታት ማለት ብመላፀ (ላማ)፣ ብጭራ ፈረስ፣ ብጅማት ወይድማ ብዝኾነ በሊሕ ነገር ይቑረፁ። ነዚ ዝፍፀመሉ መንገዲ ወለዲ እቲ ህፃን ምግቢ ምውሓጥ ኣፀጊሙሉ ኢሎም እንትኣምኑ ዝፍፀም'ዩ። እዚ ምስ ካልኦት ተግባራት ስኒ ፀባ ምፍልፋልን ጉሮሮ ምቡሕጣጥን ዝመሳሰሉ ኣብ ህፃናት ዝፍፀም ተግባር ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘለዎ ርክብ ስጡም ይኸውን።

ብሓፈሻ ኣብ ኣፍሪካ ዘሎ ጎዳእቲ ልምዲ ንምክልኻል ንምቁፅፃርን ዘኽእል ስራሕ ንምፍፃም ዝዓለመ ውዳብ ምፍጣር ኣገዳሲ ምዃኑ ስለዝተኣመነሉ ኣብ 1984 ኣፈ. ኣብ ዳካር ሰኔጋል ምርድዳእ ተገይሩ። ነዚ ዘቀላጥፉ ቢሮታት ኣብ ጀኔቫን ኢትዮጵያን ክኽፈት ክኢሉ። ብሃገርን ክልልን ድማ ጎዳእቲ ልምዲ መወገዲ ኮሚቴ ተጣይሹ ስራሕቲ እናወገነ ይርከብ።

## ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፤

ኣብ 1998 ዓ.ም ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ካብቲ ኣብ 1984 ዓ.ም.ፈ ዝነበሮ ብ0.26% እንትውስኽ ካብ 1984 ክሳብ 1988 ዓ.ም.ፈ ኣብ ዘሎ ግዜ እንትረጋጋዕ ካብ 1989 ክሳብ 1993 ዓ.ም ግና እቲ ዝርግሐ እናነከየ መፅዩ። ክሳብ 2002 ዓ.ም.ፈ ድማ እዚ ኩነት እናተረጋግዐ ክኸይድ ገይርዎ'ዩ። ብሓፈፃ ኣብ 1999 ዓ.ም.ፈ ብሚኒስትር ሓለዋ ጥዕና ዝተዳለወ መረዳእታ ዝሕብሮ ከም ኣብነት ብምውሳድ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዝርግሓን ሳዕቤንን ናይቲ ሕማም ብሓፂሩ ቀሪቡ ኣሎ።

- ኣብ 1998 ዓ.ም 128,922 (353 ኣብ መዓልቲ) ሓደሽቲ ብኤች.ኣይ.ቪ/ቫይረስ ዝተትሓዙ ምህላዎምን 30,338 ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተወለዱ ህፃናት (ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል ዝመሓላለፍ) ከምዝነበረ፤ ኣብቲ ዓመት 105,675 (45,982 ኣብ ከተማ 59,693 ኣብ ገጠር) ኤች.ኣይ.ቪ. ተሸኪምቲ ጥኑሳት ኣዴታት ከምዝነበረ ይሕበር።

- ኣብ 1998 ዓ.ም ብዝተወሰደ ግምት መሰረት 134,450 (360 ብመዓልቲ) ሞት ከምዘጋጥመን ካብዚኦም 20,929 ህፃናት ከምዝኾኑን እዚ መጠን ድማ ድሕሪ መናውሒ ዕድመ መድሓኒት (ART) እናነከየ ከምዝኾነን ብመሰረት ግመታ ድማ ኣብ 2001ዓ.ም ካብቲ ዝነበሮ ብ50,000 ከምዝንከየ ይግመት።
- ኣብ 1998 ዓ.ም ብዝተወሰደ ግምት መሰረት ብሓፈሻ 4,885,337 ካብ 0-17 ዕድመ ዝርከብዎም ደኽታማት ከምዘለዉ'ዮም። ካብዚኦም 744,100 ብሰንኪ ኤድስ ዝደኸተሙ እዮም። ካብቶም ደኽታማት 529,777 ኣዴታቶም ዝሰኣኑ፣ 464,506 ኣቦኦም ዝሰኣኑ፣ 250,195 ክልቲኦም ወለዶም ዝሰኣኑ ምዃኖም መረዳእታታት ይሕብሩ።
- ዝርግሐ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ 1998 ዓ.ም 3.5% (3% ደቂ ተባዕትዮን 4% ደቂ ኣንስትዮን) እንትኾን በዚ መሰረት 1.32 ሚልዮን ህዝቢ ምስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝነብሩን ካብዚኦም 730,000 (55%) ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብሰንኪ ኤድስ ዝነበረ ሞት እንትረኣ 54.5% ሓደሽቲ በቲ ቫይረስ ካብ ዝተትሓዙ 53.2% ደቂ ኣንስትዮ እየን። ብክሊ ዕድመ እንትረአይ ካብ 15-29 ኣብ ዘሎ ዕድመ ተሸከምቲ ቫይረስ ብበዝሒ ደቂ ኣንስትዮ እንትኾና ካብ 30 ዓመት ንላዕሊ ግና ደቂ ተባዕትዮ ብበዝሒ ከምዝርከቡ እዮም።

ኣብ ምክልካልን ምቁፅፃርን ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ኢትዮጵያ ክህሉ ዝግብኦ ኣገባብ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ዝተሓበረ ነዞም ዝስዕቡ ይመስል።

1. ኣብ ሞንጎ እቶም ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ተግባራትን ነዚ ስዒቦም ዝፍጠሩ ምግፋሕ ናይቲ ሕማም ኣመልኪቶም ዘሎዎም ርክብ መፅናዕቲ ምክያድ፣
2. ኣብ ስራሕቲ ምክልኻል ነቶም ኣብ ሓደጋ ዝርከቡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ዘለዉ መናእሰይ ካብ 15 - 24 ክሊ ዕድመ፣ ነብሰን ሸይጠን ዝመሓደራ፣ ወተሃደራትን ካልኦትን ጠመተ ምሃብን ማሕበራዊ ምልዕዓል ምፍጣር፣
3. ብፆታዊ ወይ ወሲባዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ኣብ ከተማን ገጠርን ምርመራን ምሕካምን ብሰፊሑ ምክያድ፣
4. ኣብቲ ሕብረተሰብ ንሓደጋ ዝቃልዑ ዜጋታት ንምፍላይ ዘኽእሉን ብፍላይ እቲ ሕማም ካብ ከተማ ናብ ገጠር ከመሓላልፉ ዘኽእሉ መንገድታት ንምክልኻል ዘመላኽት መፅናዕቲ ምክያድ፣

5. ነቶም ብዝለዓለ ብርኪ ንሓደጋ ዝተቓልዑ ዜጋታት ብስነ ሂወትን ብባህሪን ክትትል ንምግባር ዘኽእሉ ትካላት ምጥያሽ፤
6. ንተሸከምቲ እቲ ቫይረስን ደኸታማትን በብደረጅኡ ክንክን፣ ደገፍን ምግባር። ኣብዚ ብፍላይ ጠመተ ዝውሃቦ መናውሒ ዕድመ መድሓኒትን ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል ከይመሓላለፍ ዝግበር ክትትል ትኹረት ዝድልዮ ተግባራት ከምዝኾኑ፤
7. ኣብ ምርመራን ግልጋሎት ምኽርን ዘሎ ስራሕ ተጠናኺሩ ምቕፃልን ምስ ሕማም ሻምቡእ ዘሎ ዝተዋደደ ምርመራ ኣጠናኺርካ ምትግባር። ንኣብነት ኣብ ትግራይ ኣብ 2002 ዓ.ም ልዕሊ 1 ሚልዮን ዝኸውን ሰብ ውልቀ ምርመራ ብምክያድ ዓርሱ ክፈልጥ ኪኢሉ'ዩ።

ብሓፈሻ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዝርግሐ ምስቲ በዝሒ ህዝቢ እንትነፃፀርን ምስ ካልኦት ሃገራት ደቡብ ኣፍሪካ እንትረኣይ ትሑት ዝበሃል ኾይኑ ኣብ ኢኮኖሚ፣ ማሕበራውን ባህላውን ፅዕንቶ ዝፈጠሮ ፅልዋ እንትረኣይ ግና ዝለዓለ ሓደጋ ከምዝኾነን እዚ ብፍላይ ምስ በዝሒ ደኸታማት እንትዛመድ ዘሕድሮ በሰላን ጥፍኣትን ከቢድ ከምዝገብሮ ይእመን።

## ስነ ህዝብን ልምዓትን

ስነ ህዝብን ልምዓትን ተፈላልዮም ዘይራኣዩ ሓቢሮም ዝጓዓዙን ዝተተሓሓዙን ኣድለይቲ ክያዶታት እዮም። ኣብ ሓንቲ ሃገር ኣብዚኦም ዘሎ ኣካይዳ ሚዛናዊ ክኸውን እንድሕር ዘይከኣለ ህዝቢ ኣብ ድኽነት፣ ጥምየት፣ ሕማም፣ ድርቅን ወዘተ ክጥሕል ከምዝገብሮ መፅናዕትታት የረድኡ። ስለዝኾነ ህዝቢ መሰረት ልምዓት ይኹን'ምበር ኣብ ኢኮኖሚኡ ተደሪኹ ዘይኸይድን ወይድማ ኣብ ምምጥጣን ዝተመስረተ መነባብሮ ዘይብሉ እንተኾይኑ እቲ ዘሎ ህዝቢ ኢኮኖሚ ዕንወት ንኸህሉ ወይድማ እቲ ስድራ ኣብ ድኽነት ንኽጥሕል ቀንዲ ተዋሳኣይ ይኸውን።

## ንሃገርና ዘድልዩ ልምዓታት

1. ዘላቒ ልምዓት እዚ ሓዱሽ ወለዶ ክጥቀመሎም ዝግባእ ሃፍቲ ተፈጥሮ ንድልየት መፃኢ ወለዶ ብዘይፃባእ መልክዑ ልምዓት ንክህልው ምፅዓር ማለት እንትኸውን ቀንዲ ዕላማ ገይሩ ዝወስዶም ድማ ድኽነት ምጥፋእ፣ ተፈጥሮ ምኽንኻንን በዝሒ ህዝቢ ኣብ ምቁፅፃር ዘድሃበን ተግባር ምፍፃም ማለት'ዩ።

2. ክልላዊ ልምዓት ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝርከባ ኩለን ከባብታት ብዝተኸኣለ መጠን ማዕረ ኮይነን ክዓብያ ከምዘለወንን ብእኡ መጠን ድማ ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝርከብ ህዝቢ ብማዕርነት ተጠቃማይ ፍርያት ልምዓት ምግባር'ዩ።
3. ተሳትፎኣዊ ልምዓት ኣብ ዝኾነ ስራሕቲ ልምዓት ሓፋሽ ካብ ትልሚ ጀሚሩ ክሳብ ኣፈፃፅማ ተሳታፋይ ምግባር ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ዕድል ስራሕ ንምፍጣር ምኽኣልን ኣብ ልምዓት ንጡፋት ተሳተፍቲ ንኽኾና ፃዕሪ ምግባር።

ብሓፈሻ ልምዓት ዝበሃል ይብል ጉሌት ዝብሃል ምሁር ሰለስተ ቀንዲ ክያዶታት ከማልእ እንተሎ እዩ ይብል::

1. **እኹል መነባብሮ፤** መሰረታዊ ድልየት ሓፋሽ ከማልእ ይግባእ። እዚ ማለት ጥምየትን ሕማምን ንሓዋሩ ምጥፋእ'ዩ።
2. **ዓርሰ ምትእምማን ምህላዉ፤** እዚ ማለት ነፃን ካብ ወፃእተኛ ፅዕንቶ ዘይተደረኸ ኢኮኖሚ ምፍጣርን ናይ ባዕሉ ምህርቲ ዘኽብር እንትኸውን
3. **ነፃነት ምርግጋፅ፤** ናይ ባዕሉ ድልየት ባዕሉ ዝውሰን ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ምፍጣርን ካብ ሕማም፣ ድንቁርናን ስምዒታዉነትን ነፃ ምኳን እዩ::

በዚ መንፅር ብዘለዎም ደረጃ ልምዓት ሃገራት ዓለም ኣብ ክልተ ጉጅለ መቒልካ ዝርኣይ ይኸውን። እዚኦም ድማ ዝዓበዩን (Developed) ኣብ ምዕባይ ዝርከቡ (Developing) ኢልና ንሪኦም። ኣብዚኦም ብዙሕ ኣፈላላይን ዓርሱ ዝኸኣለ ፀባያት (ብ1990 ዓ.ም.ፈ. ዝነበረ ኣፈላላይ) ትሕዝቶን ስለዘለወን ኣብ ዝተወሰነ ዓመት ዝነበረ መነባብሮ ኣፈላላይ ኣብ ታሕቲ ቐሪቡ ኣሎ። ኣብ ብሂራዊ እቶተን ዝሑል ዕብየት ኣለወን።

1. ትሑት ወይድማ ዝረግአ ዕብየት ኣብ ነፍስ ወከፍ እቶት - ንኣብነት ዓመታዊ ንሕድሕድ $200 እንትኸውን ኣብ ዝዓበያ ሃገራት ግና ካብ $10000- $20000 እዩ።
2. ስራሕ መሰረት ኣፈላላይ መነባብሮ - ኣብ ሞንጎ ሃፍታምን ድኻን ሰፊሕ ኣፈላላይ ምህላዉ።
3. ሕማም፣ ድኽነት፣ 'ስነ-መዐዛ '፣ ስራሕ ስእነት፣ 'ትሑት ፍልፍል ሓይሊ ተጠቀምቲ ምኳን።

4. ብዙሕ ዘይተምሃረ ሰብ፣ ትምህርቲ ዘቋርፅ ተምሃራይ ምብዛሕ፣ ድሑር ስርዓት ትምህርቲ፣ ወዘተ እዩም ካብዞም ነጥብታት ተደሪኹ ንምንፅፃር።

- ብ1988 ዝተገበረ መፅናዕቲ  ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንትርአይ ፀባያት ዝማዕበላ ሃገራት  ዘለዎም ብፅሒት ነዚ ዝስዕብ ይመስል፤
  - ✓ 80% (84% ኣብ ሕዚ እዋን) በዝሒ ቕልጡፍ  ዕብየት ህዝቢ
  - ✓ 17% ናይ ዓለም ሓፈሻዊ ምህርቲ
  - ✓ 30% ናይ ምግቢ ኣቅርቦት ተጠቃማይ
  - ✓ 5% በጀት ሳይንስን ቴክኖሎጂን ዓለም ይሽፈን
  - ✓ 11% ንትምህርቲ ዝወፅእ በጀት
  - ✓ 8% ናይ ዓለም ኢንዳስትሪ ብፅሒት
  - ✓ 18% ናይ ወፃኢ ንግዲ ይሸፍኑ
  - ✓ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ሓደ ቆልዓ ዝጠልቦ በጀት ኣብ ድኻታት ሃገራት ናይ 30 ቆልዑት  በጀት ይሸፍን ዝብል ሓበሬታ ኣሎ።

## ሰናይ ምምሕዳር ዝምልከት

ሰናይ ምምሕዳር መግለፂ ምዕሩይ ዲሞክራስያዊ ስርዓትን ዜጋታት ብንጥፈትን ብውነን ዝሳተፉሉ ንባዕሎም ንምምሕዳር ዝኽእልሉን ብዲሞክራሲያዊ ኣገባብ ንዝመረፅዎም መራሕቶም ተቖፃፂሮም ልምዓት ዘሳልጡሉ  ኩነታት ምፍጣር ማለት'ዩ። ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምሕላዉ ህዝቢ ልዑል ተሳትፎ ክገብር የለዓዕሎ። ናይ ሕብረተሰብ ረብሓን ናይ ውልቀሰባት መሰልን ንምርግጋፅ፣ ዝኾነ ኣካል ሕገ መንግስታዊ ረብሓታት ከይግህስን ሰላምን ምርግጋእን ክዓስልን ዝከኣል ህዝባዊ ተሳትፎ ዝግበሩ ሰናይ ምምሕዳር ክህልው እንተሎ'ዩ።

ሰናይ ምምሕዳር ኣብ ሞንጎ መንግስታዊ ምምሕዳርን ህዝብን ክህሉ ዝግብኦ ምዕሩይ ርክብ ዝገልፅ'ዩ። እዚ ማለት ካብ ምድላው ጀሚሩ ክሳብ ኣወፃፅኣን ትግበራን ማለት ኣብ ሕግን ፖሊሲን መንግስታዊ ምምሕዳር ዘለዉ ስራሕቲ ምስቲ ተጠቃማይ ህዝቢ ክህሉ ዝግብኦ ርክብ ዘነፅር ይኸውን። ኣብዚ ብዋናነት ጠመተ ክገብሩ ዝግበኦም መንግስቲ፣ ውልቀ ትካላትን ሲቪል ማሕበራትን እዮም። ብሓፈሻ ሰናይ ምምሕዳር ኣመልኪቱ ብዝተፈላለዩ ዓለምለኽ ትካላት ዘሎ ርክብ ብኽምዝስዕብ ይቕመጥ።

- ኣብ ሞንጎ መንግስትን ዕዳጋን ዘሎ ርክብ

- ኣብ ሞንጎ መንግስትን ዜጋታትን ዘሎ ርክብ
- ኣብ ሞንጎ መንግስትን ውልቀ ሴክተርን ዘሎ ርክብ
- ኣብ ሞንጎ ተመረፅቲ ሰበስልጣንን ካልኦት ሹመኛታትን ዘሎ ርክብ
- ኣብ ሞንጎ ከባቢያዊ ትካላትን ነበርትን ዘሎ ርክብ
- ኣብ ሞንጎ ኣባላት ቤት ምኽርን ፈፀምቲ ኣካላትን ዘሎ ርክብ
- ኣብ ክልላዊ መንግስትን ካልኦት ትካላትን ዘሎ ርክብ ኣምልኪቱ ንፁር ኣሰራርሓ ምህላውን በዚ ኣገባብ ምንፃርን ዝብሉ'ዮም።

ስለዚ ኣብ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ዝህሉ መንቀሊኡን መወዳእትኡን ንህዝቢ ስሉጥን ውፅኢታውን ግልጋሎት ምሃብ'ዩ። ህዝቢ ዘጣይሾም ትካላትን ክብርታትን ካብ ጊዜ ናብ ግዜ እናወዳደረ ዝግምግመሉ ኩነታት ዝህሉ ሰናይ ምምሕዳር እንተሃልዩ እዩ። እምነትን ደገፍን ዘይሓድሮ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ዝህልው እንታይ ኣእተወኒ ዝብል ስምዒቲ ክገፍሕ፣ ንተሳትፎ ብዘይረብሕ መንገዲ ክዕፀዉ፣ መትከላት ዲሞክራሲያዊ ሕገ መንግስቲ ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ክዳኸሙ እንተለውን ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ትሑት ክኸውን እንተሎን'ዩ።

ኣብ ሰናይ ምምሕዳር ዝለዓለ ቦታ ዝውሃቦ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ገይርካ ኣብ መረፃ መራሕቲ ምስታፍ፣ ንመንን ንምንታይን ከምትመርፅ ምፍላጥ፣ ርእይቶኻ ብዝተፈላለየ መንገዲ ምግላፅ ኣብ ከባብያውን ሃገራውን ጉዳያት ሓሳብካ ምሃብ፣ ብዝኣመንካሉ ፖለቲካዊ ወፍርታት ምክያድ፣ ተወኪልካ ነቲ ዝወከለካ ብግልፅነትን ብተሓታትነትን ምግልጋልን ኣብ ኣኼባታት ምስታፍን በዚ ኣቢሉ ሰናይ ምምሕዳር ንምርግጋፅ ኣገደስቲ'ዮም። ሕብረተሰባዊ ምዕባለ ዝተሓላለኸን ገዚፍን ጉዳይ ብምኳኑ ኣብቶም ዝወፁ ፖሊሲታት ደገፍካን ተቃውምካን ንምግላፅ ብቁዕ ፍልጠትን ክእለትን ዘድልቶምን መረዳእታን ሓበሬታን ረኺብካ ክትንቀሳቀሰሎም ዝግቡኡን'ዮም። ስለዚ ሰናይ ምምሕዳር ተግባራዊ ዝኸውን ናይ ሃገራዊ ፖሊሲ ትሕዝቶ፣ ናይ ፖለቲካዊ ምምሕዳር ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ፈሊጥካ ምዕሩይ ናይ ተሳትፎ ኣገባብን ክእለትን ብምምዕባል'ዩ።

ሰናይ ምምሕዳር ንዲሞክራሲያዊ መንግስታዊ ምምሕዳር መሰረታዊ መትከል'ዩ። ነዚ ዝኾነሉ ድማ በዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ረብሓታት ምኽንያት ስለዝገብር ይኸውን።

- ህዝባዊ ረብሓ ምርግጋፅ
- መሰልን ነፃነትን ዜጋታት ምሕላውን ምኽባርን
- ዜጋታት መራሕቶም ክመርፁ፣ ከወርዱን ብሕጊ ዝምርሑሉ ፖለቲካዊ ነፃነት ምህላው
- ውልቀ ንብረት ምጥራይ፣ ምጥቃም፣ ምትሕልላፍ ዝምልከት ኢኮኖሚያዊ ነፃነት ምርግጋፅ
- ፍትሒ ንዜጋታት ብማዕርነት ምብፃሕን ኣፈፃፅምኡ ብኣግባቡ ምክትታል
- ዜጋታት ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ጉዳያት ብማዕረ ክሳተፉን ክጥቀሙን ምግባር፤
- ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘለዉ ብሄራትን ብሄረሰባትን ዘሎ ባህላውን እምነትን ኣፈላላይ ብፀጋ ምቕባልን ክብሪ ምሃብን
- ብሄራዊ ስምዒት ወይድማ ሃገርካ ምፍታ። እዚ መግለፂኡ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝግለፅ ኾይኑ ብዝበለፀ ግና ኣብ ሃገር ዘለዉ ሕግታት ምኽባርን እታ ሃገር ኣብ ተካይዶም ልምዓታውን ዲሞክራሲያውን ስራሕቲ ምስታፍ ዝብሉ በቲ መንግስትን ህዝብን ከም ባህሊ ዝውሰዱ ተግባራት ዝጠምር'ዩ።

## ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ

ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኣድማሳዊ ድንጋገታት ከም ቁልፊ ዕማም ዝተወሰደ እንትኸውን ኣብዚ ጠመተ ተዋሂብዎም ዝረኣዩ መትከላት ዝስዕቡ'ዮም።

- **ኣድማሳዊ ትሕዝቶ ዘለዎ ምኧኑ፡-** ሰብኣዊ መሰል ኣብ ኩለን ሃገራት ዝፍፀም'በር ኣብ ድኽን ሃፍታምን፤ ዝማዕበሉን ዘይማዕበሉን ተፈልዩ ዝፍፀም እንተይኮነስ ብማዕረ ተራእዩ ዝትግበር'ዩ። በዚ መዳይ ድማ ኩለመዳያዊ ትሕዝቶ ዘለዎን ኣብ ዓለም ዝርከቡ ዜጋታት ፆታ፤ ቀለም፤ ሃፍቲ፤ ዓልየት ወዘተ ኣፈላላይ ብዘይብሉ ኣገባብ ክፍፀም ኣለዋ።
- **ዘይነፃፀል ከምዝኾነ፡-** ኩሎም ጉዳያት ሰብኣዊ መሰል ዘይነፃፀሉን ዝደጋገፉን ኮይኖም ዝትግበሩ እዮም። ንኣብነት መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣኽቢርካ ንመሰል ህፃናት ናብ ጎኒ ዝግደፍ እንተኾይኑ ኣብቲ ኣፈፃፅማ ፀገም ክምዘለዎ ይወስዱ። ስለዚ ኣብ ዓለም ብስምምዕ ሃገራት ዝፀደቑን ኣብ ሃገርና ብሕገ-መንግስቲ

ተቐባልነት ዝረኸቡን ዓንቀፃት ሰብኣዊ መሰል ዘይነፃፀለን ሕድ ሕዶም ዝተኣሳሰሩን ከምዝኾነ ግንዛበ ምውሳድ ኣድላይ ይኸውን።

- **ብማዕረጉ ክብሪ ዝወሃቦም ምዃኖም፡-** ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ዝተቐመጡ ድንጋገታት እቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ዝበልፅ እንተይኮነስ ኩሎም ናይ ባዕሎም ባህሪ ሃልይዋም ዝፍፀሙ ነጥብታት እዮም። ስለዚ ኣብ ኣፈፃፅማ ከም ካልኦት ጉዳያት ቅድሚትን ድሕሪትን ተሰሪዖም ከምዘይተቐመጡን ተዋዲዶም ዝረኣዩን እዮም።

እዚ ከምዘሎ ኾይኑ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ሓበራዊ ምርድዳእ ዘድልዮም ስለስተ ቑልፊ ጉዳያት ኣለዉ። እዚኦም ድማ

1. ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዘሎ ርክብን ምርሕብባርን ቴክኒካዊ ድጋፍን መሰረቱ ሰብኣዊ መሰል ኣብ ምኽባር ክግበር ኣብ ኣድማሳዊ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰል ዝተነፀሩ መፀቀንታት ኣብ ግምት ክኣትዉ ይግባእ።
2. ኣብ ልምዓት ዝህሉ ተዋዲድካ ምስራሕን ምትሕብባርን ብቐዳምነት ነቶም ኣብ ኣድማሳዊ ድንጋገታት ሰብኣዊ መሰል ዝተቐመጡ መትከላትን ዕላማታትን ንምትግባር ዓሊሞም ዘፈፅሙ ክኾኑ ይግባእ።
3. በብሃገሩ ዝፍፀሙ ስራሕቲ ልምዓት ሰብኣዊ መሰል ኣብ ምርግጋፅን ነዚ ኣመልኪቶም ዝተነፀሩ ጉዳያት ንኣብነት ልምዓት ናይ ምርካብ መሰል ዘዕውቱ ክኾኑን ልምዓትን መሰል ተዛሚዶም ክትግበሩ ምግባር ካብ ኩሎም ፈፀምቲ ከም ኣብነት ትፅቢት ይግበር ዝብሉ እዮም።

## መሰላትን ድሕንነትን ህፃናት ዝምልከቱ

ኣብ መሰል ህፃናት ትኹረት ዘድልዮም ምስ ኣብ ሕገ መንግስቲ ሃገርናን ካልኦት ዓለም ለኸ ሕግታት ዝተነፀሩ ጉዳያት ከምዘለዉ ኾይኖም ብተወሳኺ ነቶም መሰላት ዝሸርሽሩን ብተደጋጋሚ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ ዝረኣዩ ንህፃናት ምግላል ኣለዉ። እዚኦም ድማ ኣብ ስነ ኣእምሮ ፀገም ካብ ምፍጣር ሓሊፎም ህፃናት ኣብቲ ሕብረተሰብ ሓደገኛታት ኮይኖም ንኽዓብዩን ንምግፋሕ ገበናት ምኽንያት ክኾኑ ከምዝገብር መፅናዕትታት ይሕብሩ። ስለዚ ምስ ህፃናት ተዛሚዶም ዝረኣዩ ኣብ ምግላል ዘድሃቡ ጉዳያት ብኸምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።

- **ስርዓት ፆታ፤** ደቂ ኣንስትዮ ካብ ጥንሲ ጀሚሩ ምግላል ከምዘለዎን ኣብ ሓድ ሓደ ሃገራት ኣብ ጥንሲ እናሃለወ ምንፃል ከምዘጋጥመንን፣ ኣብ ዓለም ኣብ ስራሕ ካብ ዝተዋፈሩ ህፃናት መብዛሕትኦም ካብ 12 ክሳብ 17 ክሊ ዕድመ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ከምዝኾና ወዘተ መረዳእታ ይሕብር።
- **ኣካል ጉድኣት፤** ኣብ ዓለምና 20% ሚሊታዊ ዝኾኑ ህፃናት ኣካል ጉዱኣት ከምዝኾኑ ይግመት። እዚኦም ድማ ካብ ስድራ ጀሚሩ በብደረጅኡ ዘሎ ሕብረተሰብ ምግላል የጋጥሞም።
- **ዓልየትን ዘርእን፤** ብሰንኪ ዓልየትን ዘርእን ብፍላይ ምስ ቀለም ተተሓሒዙ ኣብ ህፃናት ዝበፅሕ ምግላል ኣብ ዓለም ብሰፊሑ ዝረኣይ ከምዝኾነን ነዚ ድማ ቃልሲ እናተገበረ ከምዝርከብ ዝብሉ እቶም ቀንዲ ዝበሃሉ'ዮም።

ብሓፈሻ ኣብ ህፃናት ክበፅሑ ዝኽእሉን ብሰፊሑ ዝረኣዩን ሓደጋታት፤

- ጉልበት ህፃናት ንምምዝማዝ ዝዓለመ ዝውውር ህፃናት
- ናብ ወሲባዊ ዕዳጋ ክኣትዉ ምግባር
- ኣብ ሕድ ሕድ ውግእ ምውፋር (ጦርነት ክሳተፉ ምግባር)
- ከለላ ሕጊ ዘይምሃብ
- ብሰንኪ ጎዳእቲ ልምዲ ኣብ ህፃናት ዝበፅሕ ሓደጋ ምስ መሰላትን ደሕንነትን ተዛሚዶም ክረኣዩ ዝግበኦም ይኸውን።

ብምጥቕላል ህፃናት ካብ ሓደጋ ንምክልኻል ብመንግስቲ ክግበር ዝግብኦም ተግባራት ዝስዕቡ'ዮም።

1. ኣብ ኣፈፃፅማን ክትትል መሰላት ህፃናት ምኽባር ዘሎ ክፍተት ብገምጋም ምትዕርራይን ብሕጊ ክሽፈን ምግባር። ብተመሳሳሊ ነዚ ንምትግባር ዝኽእል ተበግሶ ምህላዉ ብተግባር ምርግጋፅ።
2. ኣብ ሓለዋ ህፃናት ኣመልኪቱ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘሎ ኣረኣእያ፣ ኣተሓሳስባ፣ እምነትን ልምድን ብምፍታሽ ኣብዚ ዘሎ ሕፀረት ግንዛበ ብስልጠናን ትምህርትን ክመሓየሽ ፃዕሪ ምግባር።

3. ኣብቲ ከባቢ ወይድማ ሃገር ዘሎ ንሓደጋ ህፃናት ዝተቓልዑ ተግባራትን ኣግባብ ኣፈፃፅመኦምን ብምክትታልን ብመፅናዕቲ ብምፍታሽን ኣብቲ ጉዳይ ነፃን ግልፅን ምይይጥ ምግባር።

4. ኣብቶም ሓደጋታት ህፃናት ኣመልኪቱ መፈፀሚ ዝኾኑ ሕግታትን ኣሰራርሓታትን ምውፃእን ነዚ ዘፈፅም ኣወዳድባ ምህላው።

5. ኣብ ሓለዋ መሰል ህፃናት ዝምልከት ንወለዲ፣ መማህራን፣ ፖሊስን ካልኦት ዝምልከቱ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣካላት ክእለቶም ፍልጠቶም ከዕብዩ ምግባር።

6. ብዝተፈላለዩ ምንያት ንሓደጋ ዝተቓልዑ ህፃናት ካብቲ ዘጋጠሞም ስነ ኣእምሮኣዊ ፀገም መሊሶም ዝምሓየሹሉ መንገዲ ምፍጣርን ነዚ ዘግብር ትካላዊ ኣሰራርሓ ምትእትታው ዝብሉ'ዮም። እዚ ድማ ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ተግባራዊ እናኾነ ከምዝርከብን በብደረጅኡ ነዚ ዘፈፅም ትካል ምህላዉ እንትኾን ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ግና ብሰንኪ ሕሱም ድኽነት ናብዚ ብርኪ ንምሽግጋር ኣይተኽኣለን።

## 11. ኣግባብ ፈተሻን ገምጋምን

መምህር! ተምሃሮ ነቶም ክጭብጥዎም ዝግብኡ ቑምነገራት ትምህርትን ክውንኑዎም ዘለዎም ክእለታትን ብቕዓትን ብትኽክል ከምዘዐወቱ ንምርግጋፅ ቀፃላይ ፈተሻ (Continous Assessment) ከካይዱ ግድን እዩ። ዝተፈላለዩ ሓገዛት ዘድልዮም ተምሃሮ ብቲቶርያል (REMEDIATION CLASS) ኣቢልኩም ናብቶም ካልኦት ዝበፅሕዎ ብርኪ ትምህርቲ ኽበፅሑ ምግባር'ውን ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ስራሕን ተሳትፎን ነፍስወከፍ ተምሃራይ ነቶም ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ከምዝጨበጡ ብተኸታታሊ ክፍተሽ ኣለዎ። ነፍስወከፍ ተምሃራይ'ውን በዞም ዝስዕቡ ብቕዓታት ክምዘን ኣለዎ። መምህር! ብትዕዝብቲ፣ ብሕቶን መልስን፣ ብዕዮታት ጉጅለን ውልቀን፣ ብሓፀርቲ ፈተናታትን ካልኦትን ኣቢልኩም ነፍስወከፍ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ብተኸታታሊ ክትፍትሽዎ፣ ክትግምግምዎን ክትከታተልዎን ይግባእ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተዳላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። ኣብዚ መምህር! ማዕርነት ትምህርቲ ንምርግፅ ንተምሃሮ ደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ጠመተ ምሃብ ኣገዳሲ'ዩ። ስለዚ እቶም ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ፤

- ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት የብርሁ።
- ደኽታምነትን ጎደና ተሓዳደርነትን ከም ሳዕቤናት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ይገልፁ።
- ኣብ ኢትዮጵያ ዋሕዲ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ሕፅረት ዝሕረስ መሬትን ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ከምዝኾኑ ይገልፁ።
- መግለፂ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር የለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ክኽተልዎ ዘለዎም ደንብታት ደሕንነት የለልዩ።
- ኣብ ከባቢኦም ንዘጋጥሙ ሓደደጋታት ሜላታት ኣሰራርሓ ደሕንነት ይጭብጡ።

መምህር! ነቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ብፍላይ ድማ ተምሃሮ ደቂኣንስትዮ ክነኣዱን ብፃዕሮም ንዝረኸቡዎ ወፅኢት ድማ ኣፍልጦ ኽወሃቦምን ኣለዎ። ንቐፃሊ'ውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይተወሰኑ ጠንኪሮም ክሰርሑን ክተባብዑን ኣለዎም። እቶም ካብቲ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ (Students working below the requirement level) ንመማህርቶም ሰዒቦም ንኽርክብዎም ተወሳኺ ደገፍ (Remediation) ክወሃቦም ኣለዎ። ኣብ ክፍልን ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ዕረፍትን በዓላትን ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርትን ክወሃቦም ኣለዎ። ኣግባብ ኣመሃህራ ማንዛ-ንማንዛ (Child to child or CTC) ብምጥቃም እቶም ካብ ዘዕግብ ተደላዩ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ ክሕግዝዎም ምግባር ኣገዳሲ እዩ። መምህር ኣብ ከይዲ ፍተሻ ነቶም ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ኽረኽቡ ንዝግበኦም ፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ኣድላዪ ኹሉ ኽትገብሩሎም ይግባእ:: መምህር! ስራሕ፣ ውፅኢትን ተሳትፎን ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ ምሉእ'ዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍተሽን ውፅኢቶም ድማ ምስዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት'ዚ ምዕራፍ ክነፃር ኣለዎ። ስለዚ ኣግባብ ፈተሻ'ዚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር'ዚ ምዕራፍ ብዝስዕቡ ኣግባባት ዝተሰነየ እዩ ዝኸውን።

1. ኣብ ሕድሕድ ክፍለግዘ ኣግባብ ሕቶን መልስን ስርዓት ሒዙ ክምራሕ ምግባር
2. ዕዮ ክፍልን ዕዮ ገዛን ስሩዕ ኣግባብን ስርዓትን ሒዙ ብተኸታታሊ ክትግበር ምግባር
3. ኣግባብ ምይይጥን ስርፀት ትምህርትን ብስርዓት ክምራሕ ምግባር

4. ሰሪሕኻ ምርኣይን ዕዮ ጉጅለን ብተኸታታሊ ብስርዓት ክምራሕ ምግባር
5. ተምሃሮ ዝተምሃርዎን ዝተረድእዎም ኣብ ክፍሊ ወፃኦም ክገልፁን ክረድኡን ምግባር
6. ኣብ ማእኸልን መወዳእታን እዚ ምዕራፍ ዘለዉ ሕቶታት ክሰርሑን ክመያየጡሉን
7. መጠቓለልን ሓፀርቲ ፈተናታትን ከም ስርዓት ምትእትታው
8. ሓፀርቲ መፅናዕታዊ ፅሑፋት ምቕራብ፣ ፖሊሲታትን ሕግታትን ምፅሟቕ።

## 12. ኣብ መፅሓፍ ተምሃራይ ንዘለዉ መጠቓለሊ ሕቶታት ዝተውሃቡ መልስታት

### ሀ. መልሲ ንሕቶታት ሓቂ ወይድማ ሓሶት/ጌጋ

1. ሓሶት/ጌጋ 'እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ምስ ደም ዘይራኸቡ ጎዳእቲ ልምዲ ስለዘለዉ ንኣብነት ብኣተሓሳስባን ኣረዳድኣን ዝግለፅ ተግባር ስለዘሎ'ዩ። ስለዚ መብዛሕተኦም ነቲ ሓደጋ ዘቃልዑ እንትኾኑ ኩሎም ዝብል ግና ጌጋ ከምዝኾነ ይገለፀሎም'
2. ሓሶት/ጌጋ 'እዚ'ውን ብድልየት ወለዲ ዝፍፀም'ዩ እምበር በቶም ህፃናት ኣይኮነን
3. ሓቂ 'ምኽንያት ኢኮኖሚ ዓቕሚ ናይቲ ስድራ ዘይመጣጠን እንተኾይኑ ብሰንኪ ፀገም ናብ ጎደና ምሕደራ ክኣቱ ይግደድ።
4. ሓሶት/ጌጋ 'ንትምህርቶም ዘይፃባእን ኣካላዊ ፀገም ዘይፈጥሩ ንስድራ ክሕግዙ ይኽእሉ
5. ሓሶት/ጌጋ 'መማህራን ከም ሓደ ትካል ዝለዓለ ተግባር ዝፍሙ ኮይኖም ጎና ጎኒ ምስ መማህራን ኣብዚ ተግባር ዝዋፈሩ ማለት ፈፀምቲ ሕጊ፣ ሕብረተሰብ ኣለዉ
6. ሓቂ 'ካብቶም መግለፂ ሕመቕ ሰናይ ምምሕዳር እቲ ዝለዓለ ብርኪ ግዕዝይና ከምዝኾነ'ዩ።
7. ሓቂ 'ሰናይ ምምሕዳር ግልጋሎት ምሃብ ስለዝኾነን ዕሬት ትምህርቲ ድማ ኣካል ናይዚ ተገይሩ ስለዝውሰድ'ዩ።
8. ሓቂ ' ክልቲኦም ዘይነፃፀሉን ዝተኣሳሰሩን'ዮም።
9. ሓሶት/ጌጋ 'ኣብ ከተማታት ብሰንኪ ተፈጥሮ ዘጋጥም ሓደጋ ስለዘሎ'ዩ።

10. ሓሶት/ጌጋ ንኣብዚ እቲ ዝለዓለ ግደ ዘለዎ ትሕቲ ዕድመ መርዓ 'ዩ።

**ለ. ንሕቶታት ምረፅ ዝተውሃቡ መልስታት**

1. መ 2. ሐ 3. ሀ 4. ረ 5. ለ

**ሐ. ንሕቶታት ኣዛምድ ዝተውሃቡ መልስታት**

1. ሐ 2. ረ 3. ሐ 4. መ 5. ሐ

# ሲለበስ ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ

## 2001 ዓ.ም

# ትሕዝቶ


## ምዕራፍ ሓደ

ህዝቢ፣ መርከቦን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ....................90

## ምዕራፍ ክልተ

ምድርን ከባቢኣን.............................................................97

## ምዕራፍ ሰለስተ

ከባቢና .......................................................................100

## ምዕራፍ ኣርባዕተ

ውፉይ ህዝቢ..................................................................104

## ውፅኢታት ምምሃር ትምህርቲ ሕብረተሰብ 5ይ ክፍሊ

1. ኣረዳድኣ ንምምዕባልን ፍልጠት ንምርካብን ኣብ፦
   - ሃገራትን ዝዝረቡ ቀንዲ ቋንቋታትን ቀርኒ ኣፍሪካ
   - ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ዓወታቶምን
   - ምኽንያታት ኣፍላላይ ኣሰፋፍራ፣ ባህሊ፣ መናበሪ ኣብ መንጎ ደጉዐቶትን ቆለቶትን
   - ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት፣ እንስሳት ዘገዳምን ቀንዲ ሚላታት ዕቀባን
   - ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዎም ዕዕንቶን
   - ዕዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ
   - ባህርያት ሰናይ ምምሕዳርን መሰል ህፃናትን
   - ቅርፂ፣ ምንቅስቓስ ምድርን ውፅኢታት እቲ ምንቅስቓስን

2. **ሙያን ክእለትን ንምምዕባል ኣብ፦**
   - ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒምካ ንኢትዮጵያ ብመንፅር ጎረባብታ ምምልካት
   - ንድፊ ካርታትት ምርዳእን ምስኣልን
   - እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኢትዮጵያ ምዕቃብ
   - ብመንፅር ወቕትታት ንጥፈታት ምትላም
   - ኣብ ከባቢኦም ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ምፍታሽን ካብ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ከመይ ከምዝከላኸሉ ምርዳእን

3. **ልምድን ዝንባለን ንምምዕባል ኣብ**

   ቀንዲ ዓወታት ዘመናዊነት ኢትዮጵያ ምክልኻል

   ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ምውሃድ

   ካብ ሓደጋ መከላኸሊ ሚላታት ኣሰራርሓ ምኽታል

   ዘመናዊነት ኣብ ኢትዮጵያ ምትእትታው ዘምፀኦ ዕዕንቶን ብርቂ እንስሳትን (Endemic animals) ምድናቕ

# ምዕራፍ ሓደ

## ህዝቢ፣ መርከቦን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን *(ክፍለ ግዘ 29)*

## ወፅኢታት ምዕራፍ፡-

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፡-

- ኣንፃራዊ መርከቦ ይገልፁን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይፀርሑን።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይፀርሑን የመልክቱን ቀንዲ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ ይፈልጡን።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ዓወታቶምን ይገልፁ።
- ቀንዲ ዓወታት ዘመናውነት ይፈልጡ።
- ቀንዲ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ፣ ባህልን መናበርን ኣብ መንጎ በረኽትን መታሕትን ከባብታት ኢትዮጵያ የለልዩ።

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ፡-*<br><br>• ኣንፃራዊ መርከቦ ቀርኒ ኣፍሪካ ይገልፁ።<br>• መሰረታዊ መርከቦታት ይጥቀሙን ብትኽክል ይፅሕፍዎምን<br>• ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይፀርሑ<br>• መርከቦ ኢትዮጵያ ብመንፅር ጎረባብታ ካርታ ኣፍሪካ ተጠቒሞም ሰሪሖም የርእዩ።<br>• መሰረታዊ መርከቦታት ተጠቒሞም መርከቦ ከተማታት ይገልፁ። | 1. **ህዝቢ፣ መርከቦን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍካን**(29)<br><br>1.1. *መርከቦን ሃገራትን ቀርኒ ኣፍሪካ (ክፍለ ግዘ 4)*<br><br>• *ኣንፃራዊ መርከቦ ቀርኒ ኣፍሪካ*<br><br>• *ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪካ* | • *ንድፊ ካርታ ኣፍሪካ ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉ ወይ ካልእ መንገዲ ይጠቐሙ። ካብኡ ቀርኒ ኣፍሪካ ብመንፅር ኣፍሪካ ኣበይ ከምዝርከብ ንኽገልፁ ይሕተትወም። ኣብነት ብምብራቕ፣ ብሰሜን ወዘተ ድዩ? እናበሉ ኣብቲ ገለፃ መሰረታዊ ኣንፈታት ይጠቐሙ። ናብቱ ኣብ ሰሌዳ ዘሎ ካርታ ኢትዮጵያን ኣዲስ ኣበባን ሓዊሶም ንኽመልክቱ ይሕተትዎም።*<br>• *ቀፂሎም ጎረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያ ክዝርዝሩ ይሕተትዎምን ኣብነት ሱዳን፣ ኬንያ ወዘተ ነዘን ሃገራት እውን ኣብ ካርታ ከመልክቱነ ይግበሩ። ሕዚ ሱም ባሕርታት ንኽሓውሱ* |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | ይሕተትዎም። (ውቅያኖስ ህንዲ፣ ወሽመጥ ባሕሪ ኤደንን ቀይሕ ባሕርን)። ኣብ መወዳእታ ርእሰ ከተማታት ክፀርሑን ክውስኹን ይሕተትዎም። መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ዝበረሉ መስመርን ዝዓርፈሉ ቦታን ዘርኢ መስመር ካርታ (route map) ይጠቐሙ። ነተን ርእሰ ከተማታት ይመልከቱ። ካብኡ ሕድሕድ ርእሰ ከተማ ካብ ኣዲስ ኣበባ በየናይ ኣንፈት ከምትርከብ ይሕተትዎም። ኣብነት መቃዲሾ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብኣንፈት ደቡብ ምብራቕ ትርከብ። ሓንቲ ኣውሮፕላን ብማእኸላይ ብሰዓት ክንደይ ኪ.ሜ ከምእትበርር ይንገርዎም።<br>• መስመር ካርታ መንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ኣብ ደፍተሮም ይስኣልዎን እተን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ዝርከባ ርእሰ ከተማታት ካብ ኣዲስ ኣበባ በየናይ ኣንፈትን ብኽንደይ ርሕቐትን ከምዝርከባ ይዘግቡ። መጓዓዝያ ኣየር ለውጢ ከምይ ከምዕእ ከምዝኽእል ይመያየጡ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • ቦታታት ኳዕቲ ቅርሲ ኢትዮጵያ ቀርኒ ኣፍሪካን የለልዩ።<br>• ቕድም ሰዓብን ረብሓን ብኳዕቲ ዝተረኽቡ ቅርስታት ይፈልጡ። | 1.2. ***ታሪክ ህዝብን ኣሰፋፍራን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን***<br>*(ክፍለ ግዘ 11)*<br>• *መበቆል ደቂሰብ፣* ቦታታት ኳዕቲ ቅርሲ (archeological sites) ኢትዮጵያን ኬንያን | • ቅድሚ ሕዚ ዝስምዕዎም ቅርስታት ሱም ክፀርሑ ብምሕታት ይጅምሩ። ከም፦<br>ኣውስትራሎ ፒቲከስ ኣፋረንሲስ (ሉሲ)<br>ሆምሳፒያን ኢደልቱ (ሰላም)<br>ቅድሚ ንሶም ምዝራቦም ተምሃሮ ክንዲ ዝኽኣልዎ ብዛዕባ ቅርስታት ክዛረቡ ይሕተትዎም። ነቶም ሱማት ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉ። ተምሃሮ ኣብ ጎኒ እቶም ሱማት ሓበሬታ ይፅሓፉ። ካብኡ ብዛዕባ እቶም ቅርስታት የምህርዎም። ቀፂሉ ቅደም ሰዓብ እቶም ቅርስታት ይመያየጡ። ካብኡ ተምሃሮ ነቲ ዝርዝር ኣብ ደፍተሮም ይፅሓፍዎ።<br>* መምህር ነዚ እንተምህሩ ብዛዕባ ሓደ ኢትዮጵያዊ ምሁር ስነ ኳዕቲ ቅርሲ (archeologist) ዝሰርሕዎ ትኽክለኛ መፅናዕቲ ምስ ፎቶታት ኣጣሚሮም የቕርብሎም። |
| ▪ ኣመፃፅኣ ቀንዲ ሃይማኖታት ናብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የብርሁ።<br>▪ ንሃይማኖታት ኣድላይነት ተኽኣኢልካ ምንባር ሓዱሽ ከምዘይኮነ ይፈልጡ።<br>▪ እዛ ሃገር ዓዲ | ▪ ኣመፃፅኣ ክርስትናን እስልምናን ናብ ቀርኒ ኣፍሪካ | ▪ ተምሃሮ ናብ ኢትዮጵያ ቀንዲ ሃይማኖታት ከመይ ከምዝመፁ ብጉጅለ ተመያይጦም ፀብፃብ ናብ ክፍሊ የቕርቡ። ነቶም ሃይማኖታት ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎም። ተምሃሮ ድማ ብዛዕባ ሕድሕድ ሃይማኖት ይዘግቡ። ቀፂሎም ሃይማኖታት ናብ ሃገርና |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ዝተፈላለዩ እምነታት ከምዝኾነት ተቐቢሎም ይገልፁ።<br>▪ ንጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣድናቖት የርእዩ። | | ከመይ ከምዝመፁ ብኢድ ዝተፅሓፉ ጥንታዊ ሰነዳትን መፃሕፍትን ተጠቒሞም የምሀርዎም። ቀፂሉ ኣብ መንጎ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረን ሎሚ ዘሎን ኩነታት ተመሳሳልነትን ኣፈላላይን ይመያየጡ። ከም ኢትዮጵያውያን ከመይ ኣብ ውሽጢ ኣፈላላይ ብሓድነትን እንተይተበታተንካ ኣፈላላይካ ሒዝካ ምንባር ብሰላም ምንባር ከምዝከኣል ይመያየጡ። |
| • ንጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣድናቖት የርእዩ። | 1.3. **ጥንታዊ መንግስትት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን** (11)<br>(ክፍለ ግዘ 3)<br>• ፑንትን ድኣማትን<br>• ኣኽሱም<br>• ዛግዌ<br>• ብሱልጣን ዝምራሕ ግዝኣት ሙስሊም<br>• ወላይታ<br>• ዳሞት<br>• ኢናርያ<br>• ካፋ | • ብዛዕባ ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ከም ፑንትን ደኣማትን ሓፂር መብርሂ ይሃብዎም። ተምሃሮ ኣብ ካርታ ኢትዮጵያ ቀንዲ ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ የመልክቱ። ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ ከም ኣኽሱም፣ ዛግዌ፣ ብሱልጣን ዝምራሕ ግዝኣት ሙስሊም፣ ወላይታ፣ ዳሞት፣ ኢናርያን ኣፋን ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ኢትዮጵያ ከምዝነበሩ ብጉጅለ ተመያይጦም ንኽገልፁ የተባብዕዎም። |
| • ቀንዲ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ ይፈልዩ። | 1.3.1. ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት<br>*(ክፍለ ግዘ 3)* | • ተምሃሮ ብዛዕባ ቀንዲ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ኣኽሱማውያን፣ ዛጉዌ፣ ጎንደር ኮንሳውያን፣ ሃረሪን፣ ስርዓት ገዳ ኦሮሞን |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | • ኣኽሱማውያን<br>• ዛጉዌ<br>• ጎንደር<br>• ኮንሶውያን<br>• ሃረሪ<br>• ስርዓት ገዳ (ኦሮሞን ሲዳማን) | ሲዳማን ከም<br>ኣኽሱማውያን .. ሓውልትታት<br>ዛጉዌ ... ፍልፍል ከውሒ ኣብያተ ክርስትያን ላሊበላ<br>ጎንደር .... ቤተ መንግስት ጎንደር<br>ሃረሪ ... መካበብያ መንድቕ ሃረር<br>ኮንሶ ....ዛላታት (terraces)<br>ኦሮሞን ሲዳማን .. .ስርዓት ገዳ<br>ፀብፃብ ይፅሓፉ። |
| • ረብሓ ሓድነት ንዓወት ኲናት ዓድዋ የብርሁ።<br>• ፅዕንቶ ዘመናውነት ኣብ ኢትዮጵያ ይገልፁ። | 1.3.2. ሕብረትን ዘመናውነትን<br>*(ክፍለ ግዜ 5)* | • ኢትዮጵያውን ከመይ ተሓባቢሮም ንጣልያን ከምዝሰዓርዎ ንኽብርሁ ይሕተትዎምን ብዛዕባ ኲናት ዓድዋ ሓተታ ፅሒፎም ይመያየጡን። ሕድሕድ ጉጅለ ብዛዕባ እቲ ኲናት መዝሙር ወይ ግጥሚ ክፅሕፍ ይኽእል።<br>• ብዛዕባ ከባቢ መወዳእታ 19"ን" መጀመርታ 20"ን" ክፍለ ዘመናት ናብ ኢትዮጵያ ዝተኣታተወ ዘመናውነት ዝፈልጥዎ ነገር ብሓፂሩ ንኽገልፁ ይሕተትዎም። ቀፂሉ ተምሃሮ ብጉጅለ ኮይኖም ፅዕንቶ ዘመናውነት ኣብ ምምፃእ ትምህርቲ፡ ንግድን ባንክን፣ መራኸብን ጥዕናን |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | ይመያየጡ። ተመያይጦም ዝረኸብዎ ሓሳብ ብተወከልቶም ኣቢሎም ንኽፍሊ የቕርቡ።<br>• ኣብ መወዳእታ ከም ሓደ ክፍሊ ኣብ ጥቕምን ጉድኣትን ዘመናውነትን ይካትዑ። |
| • ቁልፊ ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ የለልዩ።<br>• ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዘለዉ ምኽንያታት ኣሰፋፍራ ምስ መናበሪ የዛምዱ።<br>• መናበርን ባህልን ደጉዐቶትን ቆለቶትን፣ ነበርቲ ከተማን ገጠርን የነፃፅሩ። | 1.4. ቁልፊ ምኽንያታት ንኣፈላላይ ኣሰፋፍራን ባህልን *(ክፍለ ግዘ 3)*<br>• ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ፡- ነባሪ ኣየር፣ ሃፍትታት ተፈጥሮን መከላኸልን<br>• ኣብ መንጎ ነበርቲ ከተማን ገጠርን፣ ደጉዐቶትን ቆለቶትን ዘሎ ኣፈላላይ መናበሪ | • ዕዮ ጉጅለ ንኣርባዕተ ጉጅለታት<br>ጉጅለ ሓደ በረኽ ቦታ ገጠር<br>ጉጅለ ክልተ በረኽ ቦታ ከተማ<br>ጉጅለ ሰለስተ መታሕት ገጠር<br>ጉጅለ ኣርባዕተ መታሕት ከተማ<br>ሕድሕድ ጉጅለ ዘዕንዮ ሓደ ውስን ከባቢ ይሃብዎን ነቲ ከባቢ ድማ ኣብ መፅሓፎም ወይ ፀሊም ሰሌዳ የመልክትዎን። ሕድሕድ ጉጅለ ዝገብሮ መፅናዕቲ ብፅሑፍ የቕርብ። ኣብቲ ዘካይድዎ መፅናዕቲ ነባሪ ኣየር ከመይ ኣብ ኣሰራርሓ ገዛ፣ ኣከዳድና፣ ግብርና፣ ንግድን ባህልን ፅዕንቶ ከምዘሕድር ምስ ካልኦት ከባብታት እናነፃፀሩ ከብርሁ ኣለዎም። |

**ፈተሻ**(Assessment)

መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ** (Students working at the minimum requirement level)

- መርክቦ ኢትዮጵያ ብመንፅር ጎረባብቲ ሃገራት ይገልፁ።
- ሓገራት ቀርኒ ኣፍሪካ ይዝርዝሩ።
- ኣመፃፅኣ ቀንዲ ሃይማኖታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይገልፁ።
- ሰዓብቲ ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ብሓባር ምንባሮም ይግንዘቡ።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያ ቀርኒ ኣፍሪካን ይርድኡ።
- ቀንዲ ታሪካውን ፖለቲካውን ዓወታት ጥንታዊ መንግስታት ይፈልዩ።
- ጥንታዊ መንግስታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይገልፁ።
- ረብሓ ሓድነት ኣብ ዓወት ኲናት ዓድዋ የብርሁ።
- ዕዕንቶ ዘመናውነት ኣብ ኢትዮጵያ ይገልፁ።
- ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካ ምኽንያታት ኣሰፋፍራ ምስ መናበሪ የዛምዱ።
- ምኽንያታት ኣፈላላይ ኣሰፋፍራ የለልዩ።
- ኩነታት መናበርን ባህልን ኣብ በረኽቲ ቦታታትን መታሕት ቦታታትን ኢትዮጵያ የነፃፅሩ።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ** (Students working above the requirement level)

- ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃሮ** (Student working below the requirement level)

- ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።
- <u>ል.ብ</u> መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

# ምዕራፍ ክልተ

## ምድርን ከባቢኣን (ክፍለ ግዘ 10)

### *ወፅኢታት ምዕራፍ*

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፦

- ቤት ትምህርቶምን ከባቢኡን ፈልዩ ዘርኢ ካርታ ደረጃ ብደረጃ ነዲፎም ይስእሉ።
- ሳዕቤናት ምንቅስቓስ ምድሪ የብርሁ።
- ቀዋምን ወቕታውን ሃፍትታት ማይ ኢትዮጵያ የለልዩ።

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| *ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ፦*<br>• ረብሓ ካርታ የብርሁ።<br>• ንድፊ ካርታ ከመይ ከምዝስኣል የብርሁ።<br>• መርከቦ ቤት ትምህርቶም ዘርኢ ንድፊ ካርታ የዳልዉ። | 2. **ምድርን ከባቢኣን**(10)<br>2.1. *መርከቦና (ክፍለ ግዘ 4)*<br>• *ረብሓ ንድፊ ካርታ ኣንፈትን መርከቦን ንምምልካት*<br>• ቀሊል ንድፊ ካርታ ምስራሕ | • ምስ ተምሃሮኹም ኮይኖም ፕላን መምሃሪ ክፍሎም የዳልዉ። ጎንታት እቲ ክፍሊ ብሚዛን (Scale) የቐምጡ። ካብኡ መሸኮት፣ በርን ወናብርን ኣብ ትኽክለኛ ቦተኦም ኣብቲ ፕላን ከቐምጡ ይሕተትዎም። ቀጺሉ ሓሳባዊ ቤት ትምህርቲ ዘርኢ ናሙና ካርታ (Sample map) ኣብ ሰሌዳ ስኢሎም ይመያየጡ። እቲ ካርታ ቀንዲ ነገራት ኣብነት መምሃሪ ክፍልታት፣ ኩዕሶ ማይዳ፣ ክልኒክ ኣንፈት ሓባሪ ቀስትን ክህልዎ ይግባእ። ብዛዕባ ኣብ ካርታ ክጥቀምሎም ዝግበኡ ገፅታት ይመያየጡ።<br>• ቀጺሉ ደፍተሮም ንኽገልፁ ይሕተትዎም። ሕዚ ቤት ትምህርቶም ዝውክል ቅርፂ ካርታ ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉሎም ካብኡ ብመሰረት ኣቀማመጣ ፀሓይ ኣብ ፍርቂ መዓልቲ ሰሜን/ደቡብ ኣበይ ከምዝኾነ ይመያየጡ። ካብኡ ተምሃሮ ናይ ባዕሎም ካርታ ይስኣሉ። ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት ከም መንገዲ፣ ሩባ፣ ቤት |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| | | ትምህርቲ፣ ክልኒክ ወዘተ ኣብቲ ካርታ ምስ ኣስማቶም ንኽመልክቱ ይሕተትዎም። |
| • ቅርፅን እንቅስቃሴታት ምድሪ የለልዩ።<br>• ሳዕቤናት እንቅስቃሴታት ምድሪ የብርሁ። | 2.2. ቅርፂ፣ እንቅስቓሰን ሳዕቤን እንቅስቃሰን ምድሪ *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ቅርፂ ምድሪ<br>• እንቅስቓሰ ምድርን ሳዕቤኑን<br>• ቀትርን ለይትን<br>• ወቕትታት<br>• ዝንባለ ምድርን ወቕትታትን | • ቅርፂ፣ እንቅስቃሰን ሳዕቤናት እንቅስቃሰን ከም ለውጥታት ቀትርን ለይትን፣ ወቕጥታትን (ክረምቲ፣ ቀውዒ፣ ሓጋይን ፅድያን) ምድሪ ንምርኣይ ሉልን ላምባዲናን ይሃብዎም።<br>• ስእሊ ወቕትታት ከባቢኦምን ካልኦት ከባብታት ዓለምን ንኽእክቡ ይሕተትዎም፣ ነዚ ከምንጥፈት ክፍሊ ኣብ ቀፃላይ ክፍለ ግዘ ይመያየጡ። |
| • ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን የዛምዱ | 2.3. ሳዕቤን ወቕትታት ኣብ ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን *(ክፍለ ግዘ 2)*<br>• ወቕትታት ኣብ ኢትዮጵያ<br>• ሳዕቤን ወቕትታት ኣብ ንጥፈታት ሕርሻን ምርባሕ እንስሳን | • ኣርኣያ (model) ምድሪ ንኽሰርሑ ይሕተትዎም። ቀጺሉ ምድሪ ብመንፅር ፀሓይ ኣበይ ከምዘላን ዘባል ምኻና ከመይ መንቀሊ ወቕትታት ከምዝኾነን ክርእዩ ኣለዎም። ኣቀማምጣኣ ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉ።<br>• ንጥፈታት ክረምትን ሓጋይን ኣብ ከባቢ በረኽ ቦታ ካብኡ ድማ ኣብ መታሕት ኣፅኒዖም የነፃፅሩ። ነዚ ኣብ ክፍሊ ኣቕሪቦም ይመያየጡ። |

| **ፈተሻ** | **ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ** |
|---|---|
| • መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ። | • ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ |

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ደረጃታት ምንዳፍ ካርታ ይገልፁ።
- ከባቢ ቤት ትምህርቶም ንምምልካት ንድፊ ካርታ ይስእሉ።
- ቅርፅን እንቅስቃሰን ምድሪ የለልዩ።
- ሳዕቤን እንቅስቃሰታት ምድሪ የብርሁ።
- ሳዕቤናት ወቕትታት ኣብ ንጥፈታት ቁጠባ ሓረስቶትን ኣርባሕቲ እንስሳን የዛምዱ።

ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃር**

- ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ል.በ</u> መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ከባቢና *(ክፍለ ግዘ 19)*

***ወዕኢታት ምዕራፍ፦***

*ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፦*

- *ቀንዲ ዓይነታት እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ምስ ሚላታት ዕቀባን ይርድኡ።*
- *ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ይግንዘቡ።*

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • *ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የለልዩ።*<br><br>• *ቀንዲ ዓይነታት እንስሳ ዘገዳም ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይዝርዝሩ* | 3. **ከባቢና**<br>**(ክፍለ ግዘ 19 )**<br>3.1. *ቀንዲ ዓይነታትን ረብሓን እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን*<br>3.1.1. *ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ*<br>*(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• *ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን ምድረ በዳን*<br>• *እፅዋት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን*<br>• *ዓይነታት እንስሳ ዘገዳም* (*ልሙዳት፣ ብርቂ እንስሳትን ኣብ ሓደጋ ዘለውን፣ እንስሳት ኢትዮጵያን መንበሪኦምን*) | • *ባዶ ካርታ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣብ ሰሌዳ ይስኣሉ። ዱር፣ ሳዕሪ መሬትን ምድረ በዳን እንታይ ማለት ከምዝኾነ ይመያየጡን ኣብነታት ይሕተቱን። እዞም ዓይነት እፅዋት ዘለዎም ከባብታት ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ኣብ ካርታ ንኽመልክቱ ይሕተትዎም። ነቲ ካርታ ምስቲ ክፍሊ ይምልእዎ። ካብኡ ናብ ደፍተሮም ይገልብጥዎ።*<br>• *ብርቂ እንስሳት ንኽዝርዝሩን ኣበይ ከምዝርከቡ ኣብ ደፍተሮም ሰደቓ ኣዳልዮም መዘክር ክወስዱን ይሕተትዎም። ዘርኦም ክጠፍእ ኣብ ሓደጋ ዘለው እንስሳት ፈልዮም ይዘርዝሩን ይመያየጡን። ካብኡ ብዛዕባ ብርቂ (ኣብ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዝርከቡ) እንስሳት ሓደ ዓንቀፅ* (paragraph) *ፅሒፎም ንኽፍሊ ከቅርቡ ይኽእሉ።* |
| • *ልሙድን ብርቂ እንስሳትን ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ይመምዩ።*<br><br>• *ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ* | 3.1.2. *ረብሓ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን (ክፍለ ግዘ 4)*<br>• *ኣብ መንጎ እንስሳት ዘገዳምን እፅዋትን ሚዛን ተፈጥሮን ምሕላው* | • *እንስሳት ዘገዳም መንበሪኦም በሪሱ ምግቢ እንትስእኑ እንታይ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይመያየጡ። ዝሰምዕዎም ኣብነታት እንተልዮም ይሕተትዎም። እንስሳት ዘገዳም ከም ሓደ ኣካል ሓድጊ ካብ ጥፍኣት ምሕላው ጠቓሚ እዩ ኢልኩምዶ ትሓስቡ? ኢሎም ይሕተትዎም።* |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ኣፍሪካን የረጋግፁ።<br>• ረብሓ ምሕላው መንበርን እንስሳት ዘገዳምን የረድኡ።<br>• እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ንምንታይ ከምዝሕለዉ የብርሁ። | • ሓረስቶትን እንስሳት ዘገዳምን ከመይ ተሳንዮም ክነብሩ ከምዝኽእሉ<br>• ቱሪዝምን ንማሕበረ ሰብ፣ እንስሳትን ሓረስቶትን ዘለዎ ረብሓን | • ምእንታን ብሓባር ክነብሩ ኣብ መንጎ ድልየት ደቂ ሰብን እንስሳት ዘገዳምን ዘሎ ሚዛን ከመይ ምሕላው ከምዝከኣል ብኣብነታት እናደገፉ ይመያየጡ።<br>• ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣበርክቶ (contribution) እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ኣብ ምስሓብ ዑደተኛታት ይመያየጡ።<br>• ቱሪዝም ንኢትዮጵያ ከመይ ክጠቕማ ከምዝኽእል ይመያየጡ። ናይ ሓደ መስሕብ ዑደተኛታት ዝኾነ ትኽክለኛ ቦታ መፅናዕቲ ይጠቐሙ። |
| • ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ይትንትኑ። | 3.1.3. ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን (ክፍለ ግዘ 4)<br>• ውድመት እፅዋት<br>• ምስዳድ እንስሳት<br>• ምፅንቃቕ ሃፍቲ ዱር | • ሰለስተ ርእስታት ማለት ውድመት እፅዋት፣ ምስዳድ እንስሳትን ምፅንቃቕ ዱርን ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፉ። ብዛዕባ ዝፈልጥዎም ኣብነታት ክህቡ ይሕተትዎም ንዕኡ ድማ ኣብ ትሕቲ እተን ርእስታት ይፅሓፍዎ።<br>• ካብኡ ተምሃሮ 1/ እዞም ነገራት ከይፍፀሙ ንምክልኻል 2/ እቲ ኩነታት ከመይን ክልወጥን ንክመሓየሽን እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ሓፂር ሓተታ ይፅሓፉ። |
| • ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ ከመይ ከምዝሳተፉ ይፈልጡ።<br>• ቀንዲ ሜላታት ኣተዓቓቕባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይገልፁ።<br>• ነዞም ንጥፈታት ምስ ከባቢኦም ወይ ፍሉጥ ከባብታት የዛምዱን ኣብ ዕቀባ | 3.1.4. ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ዳግመ ግረባን ባርዕ ሓዊ ምክልኻልን<br>• ሕጉ-ወጥ ሃደን ምውጋድ<br>• ብሄራዊ ፓርክታት | • እንስሳት ዘገዳምን እፅዋትን ንምዕቃብ እንታይ ከምዝገብሩ ይሕተትዎም። ኣብ ከባቢኦም ተጎዲኡ ዝነበረ እፅዋት ብዝግባእ ተዓቂቡ ዝለመዐ ወይ ብዳግመ ግረባ ሓዱሽ ዝለመዐ ቦታ ኣለልዮም ይመያየጡ። ኣብ ከባቢኦም ከመይ ኣብ ምትካል ፈልሲ፣ ሓለዋ ብሄራዊ ፓርክታትን ምክልኻል ባርዕ ሓውን ክሳተፉ ከምዝኽእሉ ይሕተትዎም።<br>• ዱር ብሄራዊ ፓርክ ዝመልከት መፅናዕቲ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ይሳተፉን።<br>➢ ንረብሓ ብርቂ እንስሳት ኢትዮጵያ ኣድናቖት የርእዩ። | ኢትዮጵያን ውድባት ዕቀባን *(ክፍለ ግ/ 3)* | • መሲልካ ምዕዋት፦ ዝሃድኑ ተምሃሮ ይምደቡ። ካልእ ጉጅለ ድማ ፀረ ሃደን ቅዋም ሒዙ ይካታዕ። እቶም ተምሃሮ ሃደን ጌጋ ምዃኑ ከእምንዎም ይፅዓሩ።<br>• ኣብ መወዳእታ ኣብ ጥቕምን ጉድኣትን እንስሳት ዘገዳም ይካትዑ።<br>• ተምሃሮ ኣብ ከባቢኦም ዝጥቃዕ (ዝልጠፍ) ፀረ ሕገወጥ ሃደን፣ ብርሰት ዱር ዘርኢ ፖስተር ይስኣሉ።<br>• ካርታ ኢትዮጵያ ኣብ ደፍተሮም ስኢሎም ቀንዲ ብሄራዊ ፓርክታት ሃገርና የመልክቱ። ምስኡ እፅዋት ንእንስሳት ከመይ ከምዝስማዕማዕ፣ እፅዋት እንተበሪሶም እንስሳት ነቲ ከባቢ ከምዝለቁ ወይ ምርባሕ ከምዘቋርፁ ይመያየጡ።<br>• [ብዛዕባ እንስሳትን ከባብን ዝከናኸኑ ውድባት ይጥቀሱሎም። ኣብነት ማሕበር ሓለዋ እንስሳት ዘገዳም ኢትዮጵያ (Ethiopian Wild Life Society)] ኣብ ከባቢኦም እንስሳት ዘገዳም ንምሕላው እንታይ ክገብሩ ከመዝኽእሉ ይመያየጡ። ክበብ (Club) ሓለዋ እንስሳት ዘገዳም ክምስርቱ ወይ ናብ ሓደ ውድብ ክኣትው ይኽእሉ። |

**ፈተሻ**

- *መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ*

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ

ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- ቀንዲ ዓይነታት እፅዋት ተፈጥሮ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን የለልዩ።
- ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍሪካን ዝርከቡ ቀንዲ ዓይነታት እንስሳት ዘገዳም ይዝርዝሩ።
- ብርቂ እንስሳት ኢትዮጵያ ይፈልዩ።
- ኣብ ኢትዮጵያን ቀርኒ ኣፍካን እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ዘለዎም ረብሓ የረጋግፁ።
- ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ኣብ እፅዋትን እንስሳት ዘገዳምን ይትንትኑ።
- ቀንዲ ሜላታት ኣተዓቓቕባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ይገልፁ።
- ኣብ ንጥፈታት ዕቀባ እፅዋት ተፈጥሮን እንስሳት ዘገዳምን ምስታፍ ይጅምሩ።

ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃር**

- ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።

<u>ል.በ</u> መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ውራይ ህዝቢ *(ክፍለ ግዘ 16)*

### *ውፅኢታት ምዕራፍ፦*

ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃሩ፦

- ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጐዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን ዘምፅኦ ፅዕንቶን ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ኩነታትን ይገልፁ፣
- ፅዕንቶ ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ይትንትኑ፣
- ቀንዲ መፍለይ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳርን መሰል ህፃናትን ይገልፁ፣
- ሓደጋታት ምስ ሚላ ኣሰራርሓ ደሕንነቶም የዛምዱ።

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ተምሃሮ ነዚ ምስተምሃሩ፦<br>• ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት የብርሁ።<br>• ሳዕቤን ባህላዊ ልምድታት ከም ዘረፋ፣ ምትልታል ብልዕቲ ኣዋልድን ምውቃጥን ይትንትኑ።<br>• ደኽታምነትን ጎዳና ተሓዳደርነትን ንምንታይ ሳዕቤናት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ከምዝኾኑ ይርድኡን ይገልፁን። | 4. ውራይ ህዝቢ(16)<br>4.1 ጉዳያት ህዝቢ *(ክፍለ ግዘ 4)*<br>• ኤች ኣይ ቪ/ኤድስን ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታትን<br>• ምስፍሕፋሕ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ምስ ጐዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ዘለዎ ዝምድና (ዘረፋ፣ ምትልታል ብልዕቲ ኣዋልድን ምውቃጥን)<br>• ሳዕቤን ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ፦ ደኽታምነት ጎደና ተሓዳደርቲ | • ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ይመያየጡ።<br>• ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት ከመይ ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ከምዘቃልዑ ይመያየጡ። ብዛዕባ እዚ ዝምልከት ዝተገበረ መፅናዕቲ የቕርብሎም። ካብኡ ብሰንኪ ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ወለዶም ስኢኖም ደኽታማትን ጎደና ተሓዳደርትን ናይ ዝኾኑ ዝፈልጥዎም ቆልዑ ኣብነታት ንኽህቡ ይሕተትዎም። |
| • ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዋሕዲ ማሕበራዊ | 4.2 ሳዕቤን ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ *(ክፍለ* | • ኣብቲ ዓመት ኣብ ሓደ ክፍሊ ዘሎ በዝሒ ተምሃሮን ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝነበረ በዝሒ |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| ግልጋሎትን ሕፅረት ዝሕረስ መሬትን ከም ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ህዝቢ ይገልፁ። | ግ// 4)<br>• ዋሕዲ ማሕበራዊ ግልጋሎት<br>• ሕፅረት ዝሕረስ መሬት | ተምሃሮን ንኽነፃፅሩ ይሃብዎም።<br>እዚ ከመይ ንኽይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከምዝፀልው ይመያየጡ።<br>• ተምሃሮ ንወለዶም ወይ ካልኦት ሰባት ቀንዲ መንቀልታት ዋሕዲ ማሕበራዊ ግልጋሎት ከባቢኦም እንታይ ከምዝኾኑ ሓቲቶም ዝረኸብዎም መልሲ ንክፍሊ ኣቕሪቦም ይመያየጡ።<br>• ወሰኽ በዝሒ ህዝቢ ከመይ ፅበት መግሃጫን ዝሕረስ መሬትን ከምዘስዕብ ይሕተትዎም። ዝሃብዎ መልሲ ኣብ ሰሌዳ ይፅሕፍዎ። ካብኡ ብዛዕብኡ ፀብፃብ ንኽፅሕፉ ይሕተትዎም። |
| • ሕግታትን ስሪት ቤት ትምህርትን ንኣገደስቲ ዕላማታት ከምእተቐመጠ የለልዩ።<br>• መግለፂ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር የብርሁ።<br>• ተሓታትነት፣ ልምዓት፣ ሓላፍነት፣ ግልፅነት፣ ንሕጊ ተገዛኢ ምዃን፣ ሙስና ኣልቦ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ይገልፁ። | ሰናይ ምምሕዳር መሰል ህፃናትን ደሕንነትን<br>4.3.1. ሰናይ ምምሕዳር (ክፍለ ግ// 2)<br>• መፍለይ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር (ተሓታትነት፣ ስምዒት ሓላፍነት ግልፅነት፣ ንሕጊ ተገዛኢ ምዃን፣ ሙስና ኣልቦ) | • ቤት ትምህርቲ ብርእሰ መምህር፣ መምህራንን ተምሃሮን ዝመሓደረሉ መንገዲ ይመያየጡ። መሓውር ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ንኽስእሉ ይሕተትዎም።<br>• ኣብ ሰሌዳ ክልተ ዓምድታት (Columns) የዳልዉ። ኣብቲ ሓደ መሰላት ኣብቲ ካልኣይ ሓላፍነታት ይፅሓፉ። ነቲ ዝርዝር እንትመልኡ ይሓግዝዎም።<br>• ቤት ትምህርቲ ክከላኸለሎም ዝደለይሉ እዋን እንተልዩ ኣብነታት ንኽህቡ ይሕተትዎም። ኣብነት ካብ ብጉልበቶም ተኣማሚኖም ዘጥቅዑ ስሪት ቤት ትምህርቲ ከምዝሓገዞም፤ ኣብ ቤት ትምህርቶም ዘሎ እዚ ዝምልከት ጉዳይ ኣፅኒዖም ንኽፍሊ የቕርቡ።<br>• ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ትካላት መንግስቲ ከመይ ከምእተወደቡ ይመያየጡ። ኣብነት ጣብያ፣ ወረዳን ፖሊስን። ፖሊስ በብመዓልቱ ዝፍፅሞምን ዘጋጥሞን ነገራት ኣፅኒዖም የቕርቡ። |

| ብቕዓታት | ትሕዝቶታት | መበገሲ ሓሳብ ንጥፈታት |
|---|---|---|
| • መሰላቶም ብዓለም ለኸ ሕጊ መሰል ህፃናት ሕልው ምዃኑ የረድኡ። <br> • መሰረታዊ መሰላቶም ይፈልጡ። | *መሰል ህፃናት (ክፍለ ግ// 3)* <br> ➢ መሰላት ህፃን (ሱምን መንነትን፣ ትምህርቲ ናይ ምርካብ፣ ካብ ሓደጋ ብሕጊ ናይ ምክልኻል) | • መሰላት ህፃን ዝምልከት ዓለምለኸ ስምምዕነት ከምዘሎ ይንገርዎምን እንታይ መሰላት ክህልዎም ከምዝግባእ ንኽዝርዝሩ ይሕተትዎም። ነዞም መሰላት ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎም። <br> • መሰረታዊ መሰላቶም ከም ኣብ ስምምዕነት ውድብ ትምህርቲ ሳይንስን ባህልን ሕቡራት መንግስታት (United Nations Educational Scientific and Cultural Organization (UNESCO)] ዝተቐመጠ መሰላት ህፃናት የብርህሎም። ቀፂሎም ኣብ ጎድኒ መሰላት ሓላፍነት ዝብል ይፅሓፉን ንኽመልእዎ ይሕተትዎምን። |
| • ኣብ ከባቢኦም ዘለዉ ሓደጋ ከስዕቡ ዝኽእሉ ነገራት የለልዩ። <br> • ደንብታት ደሕንነት ይገልፁን ይፅሕፉን። <br> • ንኻልኦት ዓርሶም ካብ ሓደጋ ከመይ ከምዝሕልው ይመኽሩ። | *ሓደጋን ደሕንነትን (ክፍለ ግ// 3)* <br> • ፅርግያ <br> • እንስሳት <br> • ውሕጅን ሓውን | • ኣብ ገዝኦም ወይ ከባቢኦም ዘጋጠምዎም ሓደጋታት ኽዝርዝሩን ፍታሕ ዝብልዎም ከቐምጡን የተባብዕዎም። <br> • ብዛዕባ ዝረኣይዎም ኣብ ፅርግያ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ይዛረቡ። ደንብታት ደሕንነት ፅርግያ እንታይ ከምዝኾኑ ይሕተትዎምን ዝሃብዎ መልሲ ኣብ ሰሌዳ ይፅሓፍዎን። ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝጥቃዕ ቻርት ደንቢ ደሕንነት ፅርግያ የዳልዉ። <br> • እንስሳት ሓደጋ ዘብፅሑ ኩነታት ይመያየጡ (ከም ምንካስ ተመን)። ካብኡ ብእንስሳ ጉድኣት እንተበፂሕዎም እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎምን ደንብታት ደሕንነትን ተመያይጦም የዳልዉ። <br> • ካብ ሓደጋታት ውሕጅን ሓውን መከላኸሊ ደንብታት ደሕንነት ተመያይጦም የዳልዉ። |

**ፈተሻ**

- *መምህር ስራሕ ሕድሕድ ተምሃራይ ኣብ መላእ እዚ ምዕራፍ ብተኸታታሊ ክፍትሽን ነቲ ስራሕ ምስ እዚ ዝስዕብ መግለፂ ብመሰረት ብቕዓታት እቲ ምዕራፍ ክነፃፀርን ኣለዎ። እዚ ዝግበር ዘሎ እቲ ተምሃራይ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ምርካቡን ዘይምርካቡን ንምውሳን እዩ።*

**ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

- *ንኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ዘቃልዑ ጎዳእቲ ባህላዊ ልምድታት የብርሁ።*
- *ደኸታምነትን ጎዳና ተሓዳደርነትን ከም ሳዕቤናት ኤች ኣይ ቪ/ኤድስ ይገልፁ።*
- *ኣብ ኢትዮጵያ ዋሕዲ ማሕበራዊ ግልጋሎትን ሕፅረት ዝሕረስ መሬትን ሳዕቤናት ቅልጡፍ ዕብየት በዝሒ ከምዝኾኑ ይገልፁ።*
- *መግለፂ ባህርያት ሰናይ ምምሕዳር የለልዩ።*
- *ኣብ ከባቢኦም ዘጋጥሙ ሓደጋታትን ክኽተሉ ዘለዎም ደንብታት ደሕንነት የለልዩ።*
- *ኣብ ከባቢኦም ንዘጋጥሙ ሓደጋታት ሜላታት ኣሰራርሓ ደሕንነት ይጭብጡ።*

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንላዕሊ ዝሰርሑ ተምሃሮ**

*ክነኣዱን ብፃዕሮም ዝረኸብዎ ውፅኢት ድማ ኣፍልጦን ክወሃቦ ኣለዎ። ንቐፃሊ እውን ብዝረኸብዎ ውፅኢት ከይዓገቡ ጠንኪሮም ንኽሰርሑ ክተባብዑ ኣለዎም።*

**ካብቲ ዘዕግብ ተደላዪ ደረጃ ንታሕቲ ዝሰርሑ ተምሃር**

*ንመማህርቶም ንምስዓብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ፍሉይ ጠመተን ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ወይ መወዳእታ ዕለታዊ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ።*

*__ል.ብ__ መምህር ኣብ ከይዲ ፈተሻ ፍሉይ ጠመተን ኣድላዪ ደገፍን ንፍሉይ ድሌት ዘለዎም ተምሃሮ ክህቡ ኣለዎም።*